ድርብ ሃብቲ



መጽሓፍ ጸሎት ውዳሴ ማርያም ብትግርኛ

ምስ

ሙሩጽ ጥቕስታትን ጠቓሚ ምኽርታትን

ካብ መጽሓፍ ቅዱስ

ብ 2006 ዓ.ም.ፈ (፲፱፻፺፮ ዓ.ም.ግ.) ተዳልያ።
ብናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስቲያን ጉባኤ ሊቃውንቲ ተራእያን ተኣሪማን

ብ 2010 ዓ.ም.ፈ. (፳፻፲ ዓ.ም.ግ.) ተሓትመት።

ኣሰናዳኢ፦ ቀሺ ዮሓንስ ነጋሚ

ቅድስት ማርያም ቤተ-ክርስቲያን ሽካጎ ኣመሪካ።
Chicago IL, U.S.A.

ጽሕፈት ፦ ዲ. ማትያስ ዮሓንስ

<u>ቀዳማይ ሕታም</u>

ናብ ፈተና ኽይትኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን።

ማቴ.26፡41

ትሕዝቶ **ገጽ**

1. ናይ ኩሉ ግዜ ጸሎት፡ ካብ በስመ ኣብ
ክሣብ ጸሎተ እግዝእትነ ማርያም።.....1

2. ውዳሴ ማርያም፡ ካብ ናይ ሰኑይ ክሣብ
ናይ ሰንበት።.....8

3. ኣንቀጸ ብርሃን።.....35

4. መጀመርታ ፍጥረት። ዘፍጥረት ካብ ምዕ.1-4።.....45

5. ዕድመ ቀዳሞት ኣበውን ወለዶ ጐይታና
ኢየሱስ ክርስቶስን።.....48

6. ዓሠርተ ትእዛዛትን ሙሩጽ ጥቕስታትን
ካብ ዘፀኣት 20 ክሣብ መጽሓፍ ኢዮብ።.....53

7. ጥቕስታት ካብ መዝሙር ዳዊት፡ ምሳሌ፡
መክብብ።.....59

8. ጥቕስታት ካብ ነቢያት።.....73

9. ጥቕስታት ካብ ካልኣይ ቀኖና ብሉይ ኪዳን.....83

10. ጥቕስታት ካብ ሓዲስ ኪዳን፦
ካብ ማቴዎስ ክሣብ ራእይ ዮሓንስ።.....95

ትሕዝቶ **ገጽ**

11. ሸውዓተ ኣጽዋማት።.....151

12. ሓሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢርን፡ ሸውዓተ ምሥጢራት ቤተ-ክርስቲያንን።.....152

13. ትሸዓተ ዓበይትን ትሸዓተ ናኣሽቱን በዓላተ ወልድ።.....153

14. ናይ ጸመ 40 ሰናብቲ።.....155

15. ሥርዓት ጸሎት 7 ጊዜ።.....156

16. ፊደላት ግዕዝ ሀ ሁ.... ኣ ቡ ጊ ዳ።.....159

17. ቀኖጽርታት ግዕዝ።.....165

መግለጺ፦

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ከምቲ ተሰዒማቶ ዘላ ስም ድርብ ሃብቲ ዘለዋ መጽሓፍ ኢያ። ሃብታ ድማ እቲ ቀዳማይ ናይ ነፍሲ ሃብቲ "መጀመርታ ጥበብ ፍርሃት እግዚኣብሔር" ስለ ዝኾነ፡ ምስ ኣምላኽና እንዘራረበሉን እነመስግነሉን ጸሎት ክኸውን ከለ፡ ካልኣይ ሃብቲ ድማ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ሙሩጽ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስን፡ ጠቓሚ ምኽርታትን ተመሪሕካ እንተ ተጠቒምካሉ ብሥጋኻ ብሰላምን ቅሳነትን ዘንብር ስለ ዝኾነ እቲ ድርብ ሃብቱ እዚ'ዩ።

ነዚኣ ከዳሉ ዘሕሰበኒ ብኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ናብ ሃገረ ኣመሪካ ተላኢኸ ኣብ ዝኣቶኹሉ፡ እቲ ኣብኡ ዝጸንሐ ምእመን ኩሉ፡ ብዙሕ ጽምኢ ቃለ እግዚኣብሔርን መንፈሳዊ ድሌትን ዝጸንሐ ስለ ዝኾነ፡ ጸሎት ክንደግም ንደሊ፡ እቲ መጽሓፍ ጸሎት ግን ግዕዝን ኣምሓርኛን እንዳኾነ ምርዳእ ይኣብየና ብምባል ይሓቱኒ እሞ፡ ኣነ ድማ ነቲ መንፈሳዊ ድሌቶም ንምዕጋብ ካብቲ ቅድም ተተርጕሙ ዝጸንሐ ጸሎት ዘዘወትር ካብ በስመ ኣብ ክሣብ ጸሎተ ሃይማኖት ጽሒፈ ንኹሎም ምስ ዓደልኩዎም፡ ገሊኦም ድማ እዚ ውዳሴ ማርያም ዝበሃል ጸሎትስ ብትግርኛ እንተ ዝህሉስ ምተጠቕምናሉ ኔርና ዝብል ሕቶ ኣቕረቡለይ። ኣነ ኸኣ መንፈሳዊ ቅንኣት ሒዙኒ፡ እግዚኣብሔር እንተ ፈቒዱዎስ እስከ ክፍትን ኢለ ካብ ግዕዝ ናብ ትግርኛ ክትርጉሞ ጀመርኩ'ሞ ከምዚ ጥዑም መግቢ

ክትበልየ ዝስሕበካ፡ ጽሕፍ ኣቢለ እንተ ኣንበብኩዎ ኣናጠዓመን እናመቀረን ከደ፡ ካብ ውዳሴ ማርያም ክሣብ ኣንቀጸ ብርሃን በጻሕኩ። እዚ ትርጉም እዚ ካብ ግዕዝ ናብ ትግርኛ ቃል ብቓሉ ለዊጠ ከም ኣዘራርባ ትግርኛ ኣመዓራርየ ጥራሕ ኢየ ኣቕሪበዮ ዘሎኹ እምበር ኣብ ምሥጢር ኣይኣቶኹን፣ ትርጉሙን ምሥጢሩንስ ቅድም ኢሉ ብመጋቤ ሥርዓት ሉቃስ ገ/ሚካኤል ካብ ኣምሓርኛ ናብ ትግርኛ ተተርጕሙ ዝተዳለወ ሰፊሕ ትሕዝቶ (ኣንድም) ዘለዎ መጽሓፍ ተሓቲሙ ከም ዝወጸ ይፍለጥ'ዩ።

ድሕሪ እዚ ጸሎት እዚውን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም መእተዊ ንኣፍልጦ ዝኾውን ብሕጽር ዝበለ፡ ፍጥረት ዓለምን፡ ወለዶ ቀዳሞት ኣበውን ዕድሚኦምን፡ ከምኡ'ውን ሙሩጽ ዝኾነ ጠቕሚ ምኽርታትን ፍሉይ ጥቕስታትን እንተ ወሰኽኩላ፡ እታ መጽሓፍ ዕብይ ትብል እቲ ኣንባቢ ድማ ይጥቀም፣ ኣብቲ ዓቢይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣትዩ ንኽንብብ ይህከ ስለ ዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ጊዜ ይስእን'ሞ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ትርኣሱ ከሎ ከይረኣዮ ይነብር። ስለዚ እዚ ንኽተንብቦ ዘየሃኪ ሕጽር ዝበለ ሙሩጽ ቃላትን ጠቕሚ ምኽርታትን ኣንቢቡ ድማ ኣብቲ ዓቢይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣትዩ፡ ብሰፊሑ ናይ ኩሉ ቃለ እግዚኣብሔር ተመጋቢ ይኽውን። ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሰባኺ ትምህርቲ ክህብ ኣብ ዝዳለወሉ ጊዜ፡ ብቕረባ ካብኡ ሓደ ጥቕሲ ብምውሳድ ክምህር ይሕግዞ ኢዩ ብምባል ኢየ።

ወድሰብ ኩሉ ዝተፈጥረ ቀዳማይ ተግባሩ ንኣምላኽ ንምምስጋንን ስሙ ክቕድስ መንግሥቱ ክወርስን ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ ሓላፊ ዓለም'ዚ ክነብር ከሎ ከኣ ናይዚ ዓለም'ዚ ሕልፊት ሞት፡ ድሕሪኡ'ውን ትንሣኤ ሙታን ምህላዉ ፈሊጡ ብሠናይ ግብሪ ኢዩ ክነብር ዝግብኦ። ስለዚ ዓበይትን ሊቃውንትን መምህራን ቤተ ክርስቲያንና ብሰፊሑ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ካልኣ ዘድሊ ሰፊሕ ትርጉም ቅዱሳት መጻሕፍትን ብትግርኛ ጽሒፎምን ኣብ ምጽሓፍ ይርከቡን ኣለዉ'ሞ፡ ኣነ ኸኣ ብትሑት ዓቕመይ ነዚኣ ከበርክት ከለኹ ኵሉኹም ዝረኣኹማን ዝረኸብኩማን ተጠቀምቲ ወለድን ኣጎዋትን፡ ንደቅኹም ካብ ፈደላት ሀ ሁ ጀሚርኩም ትግርኛ ክትምህሩላ ብጸሎት ምስ ኣምላኽ ክትራኸቡላን፡ ትእዛዛት ኣምላኽ ክትሕልዉላን ከተሓሳስብ ከለኹ ብዓቢይ ትሕትና ኢየ።

ሓውኹም ቀሺ ዮሓንስ ነጋሢ

(እዚ ተጻሒፉ ዘሎ ጥቕሳታት፡ ካብ ካልኣይ ቀኖና ብሉይ ኪዳን ዝሓዘ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ናይ 2000 ዓ.ም.ፈ. ሕታም፡ ብማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ኤርትራ ዝተዳለወ፡ ዝተወሰደ ጽሑፍ ኢዩ።)

ናይ ኩሉ ጊዜ ጸሎት

በስመ ኣብ፡ ወወልድ፡ ወመንፈስ ቅዱስ፡ ኣሓዱ ኣምላኽ፡ ኣሜን።

1. ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ፡ ብቐድስቲ ሥላሴ እናኣመንኩን እናተማሕጸንኩን፡ ኣብ ቅድሚ እዛ ኣደይ ዝኾነት ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ሰይጣን እኽሕደካ ኣሎኹ፡ ንሳ ኽኣ ንዘለዓለም ምስክረይን ጸግዐይን ማርያም ኢያ።

2. ኦ ጐይታ! ነመስግነካን ነኽብረካን ኣሎና። ኦ ጐይታ! ንባርኸካን ንእመነካን ኣሎና። ኦ ጐይታ! ንልምነካን ንማልደካን ኣሎና። ኦ ጐይታ! ንግዝኣካን ንቐዱስ ስምካውን ነገልግል ኣሎና። ኦ ጐይታ! ኩሉ ብርኪ ዝሰግደልካ ንሰግደልካ ኣሎና። ኩሉ ልሳንውን ንዓኻ ይግዛእ፡ ኣምላኽ ኣማልኽቲ፡ ጐይታ ጐይቶትን፡ ንጉሥ ነገሥታትን ንስኻ ኢኻ። ንኹሉ ሥጋን ንኹሉ ነፍስን ፈጣሪ ንስኻ ኢኻ። ቅዱስ ወድኻ ንስኻትኩምሲ ክትጽልዩ ከሎኹም ከምዚ በሉ፡ ኢሉ ከም ዝመሃረና ንጽውዓካ ኣሎና።

3. ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ፡ መንግሥትኻ ትምጻእ፡ ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። ናይ ዕለት ምግብና ሎሚ ሃበና። ንሕና

ንዝበደሉና በደሎም ከም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና። ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር ኣብ ፈተና ኣይተእትወና። መንግሥትን ሓይልን ክብርን ንዘለዓለም ናትካ ኢዮ'ሞ ኣሜን።

4. ኦ እግዝእትየ ማርያም! ብናይ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ሰላምታ ሰላም እብለኪ ኣሎኹ። ብሓሳብኪ ድንግል ኢኺ፡ ብሥጋኺ'ውን ድንግል ኢኺ። ናይ ጐይታ ሠራዊት ናይ እግዚኣብሔር ኣደ፡ ሰላምታ ንዓኺ ይኹን። ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ንስኺ ኢኺ፡ ናይ ከርሥኺ ፍረ'ውን ቡሩኽ'ዩ። ኦ ጸጋ ዝመልኣኪ ፍስሓ ተፈስሂ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ'ሞ፡ ካብ ፍቁር ወድኺ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምሕረት ለምንልና ሓጢኣትና ይቕረ ምእንቲ ኽብለልና ኣሜን።

5. ናይ ሃይማኖት ጸሎት፡ ኩሉ ብዝሓዘ ሰማያትን ምድርን ዝርኣን ዘይርኣን ዝፈጠረ፡ ብሓደ ኣምላኽ ብእግዚኣብሔር ኣብ ንኣምን። ብሓደ ጐይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ወልደ ኣብ ዋሕድ'ውን ንኣምን። ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ፡ ዝተወልደ እምበር ፍጡር ዘይኮነ፡ ብመለኮቱ ምስ ኣብ ማዕረ ዝኾነ፡ ኩሉ ብእኡ ዝተፈጥረ፡ ብዘይካኡ ግና ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ይኹን ወይስ ኣብ ሰማይ ዘሎ ምንም ዝተፈጥረ የልቦን። ምእንታና ምእንቲ ሰብ ምእንቲ ምድሓንና፡ ካብ ሰማያት ዝወረደ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ

ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሥጋ ለበሰ፡ ሰብ ኮነ፡ ሰብ ኮይኑ ድማ ብዘበን ጳንጠናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቐለ፡ መከራ መስቀል ተቐበለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ፡ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተጻሕፈ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታት ተፈልዩ ተንሥኡ፡ ብኽብሪ ናብ ሰማያት ዓረገ፡ ኣብ የማን ኣቡኡ ተቐመጠ፡ ከም ብሓድሽ ንሕያዋንን ንሙታንን ኪፈርድ ብኽብሪ ኪመጽእ ኢዩ፡ ንመንግሥቱ ድማ መወዳእታ የብሉን። ገይታን መሕወይን ብዝኾነ፡ ካብ ኣብ ዝሰረፀ መንፈስ ቅዱስ ንኣምን፡ ምስ ኣብን ወልድን ክንሰግደሉን ክነመስግኖን ብነቢያት ዝተነግረ ኢዩ። ልዕሊ ኹሉ ብዝኾነት ናይ ሓዋርያት ጉባኤ፡ ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን። ሓጢኣት ንምስትሥራይ ብሓንቲ ጥምቀት'ውን ንኣምን። ትንሣኤ ሙታንን ንዘለዓለም ዝመጽእ ሕይወትን ተስፋ ንገብር፡ ኣሜን።

6. ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ገይታ ሠራዊት፡ ፍጹም ክብሪ ምስጋና'ኻ ሰማያትን ምድርን ምሉእ'ዩ። ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ሓንቲ ስግደት እሰግድ። ሓደ ኽለዉ ሠለስተ፡ ሠለስተ ኽለዉ ሓደ ዝኾኑ፡ ብኣካላት ሠለስተ፡ ብመለኮት ከኣ ሓደ ኢዮም። ነዴና ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ እሰግድ። ንሳ ብሥጋን ብነፍስን ብውሽጥን ብደገን ኩሉ ሣዕ ንጽሕቲ ኢያ። ንመስቀል ገይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እሰግድ፡ ንሱ ብኽቡር ደም ገይታ ዝተቐደሰ ኢዩ።

መስቀል ሓይልና እዩ፡ መስቀል ጽንዓትና እዩ፡ መስቀል ቤዛና እዩ፡ መስቀል መድሓኒት ነፍስና እዩ። ኣይሁድ ከሓድዎ ንሕና ግና ኣመንና፡ እቶም ዝኣመንና ብሓይሊ መስቀሉ ደሓንና።

7. ምስጋና ንኣብ፡ ምስጋና ንወልድ፡ ምስጋና ንመንፈስ ቅዱስ ይኹን። (ሠለስተ ጊዜ በል)

ይበል ሕዝቢ፡- ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ምስጋና ይግብኣም። (ሠለስተ ጊዜ በል)

ምስጋና ንእግዝእትነ ማርያም ድንግል ወላዲት ኣምላኽ ይኹን።

ይ.ሕ.፡- ንእግዝእትነ ማርያም ድንግል ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና ይግባኣ።

ምስጋና ንመስቀል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይኹን።

ይ.ሕ.፡- ንመስቀል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስጋና ይግብኣ።

ክርስቶስ ብምሕረቱ ይዘከረና።

ይ.ሕ.፡- ኣሜን

ኣብ ዳግማይ ምጽኣቱ ኣየሕፍረና።

ይ.ሕ.፡- ኣሜን

ስሙ ንምምስጋን የንቅሓና።

ይ.ሕ.፦ ኣሜን

ኣብ ኣምልኾቱ የጽንዓና።

ይ.ሕ.፦ ኣሜን

እግዝእትነ ማርያም ጸሎትና ኣዕርግልና።

ይ.ሕ.፦ ኣሜን

ሓጢኣትና'ውን ኣስተሥርይልና።

ይ.ሕ.፦ ኣሜን

ኣብ ቅድሚ መንበሩ ንገሥይታና።

ይ.ሕ.፦ ኣሜን

ነዚ ጎብስቲ'ዚ ንዘብልዓና።

ይ.ሕ.፦ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር ኢዩ።

ነዚ መስተ'ዚ ውን ንዘስተየና።

ይ.ሕ.፦ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር ኢዩ።

መግብናን ክዳንናን ንዘዳለወልና።

ይ.ሕ.፦ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር ኢዩ።

ኩሉ ሓጢኣትና'ውን ንዝተዓገሰና።

ይ.ሕ፡- ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር ኢዩ።

ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን ንዝሃበና።

ይ.ሕ፡- ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር ኢዩ'ሞ፡

ክሣብ'ዛ ሰዓት እዚኣ'ውን ስለ ዘብጽሓና ምስጋና ይኹኖ።

<u>ይበል ሕዝቢ፡-</u> ንልዑል እግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ነቐርበሉ፣ ከምኡ ውን ንወላዲቱ ድንግል ንመስቀሉ ክቡር። ስም እግዚኣብሔር ኣምላኽና ብኹሉ ጊዜን ብኹሉ ሰዓትን ክምስገን ይንበር፡ ኣሜን።

8. እናሰገድና ሰላም ንብለኪ።

ማርያም ኣዴና ንልምነኪ።

ካብ ሃዳናይ ኣራዊት ንምሕጸን ብኣኺ።

ምእንቲ ሃና ኣዴኺ ኢያቄም'ውን ኣቦኺ።

ንማሕበርና ድንግል ሎሚ ባርኺ።

9. ጸሎት እግዝእትነ ማርያም ድንግል ወላዲት ኣምላኽ፦ ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ በቲ መድኃንየይ ባህ ይብላ። ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩ እሞ፡ እንሆ ካብ ሕጂ ኵሎም ወለዶ ብፅዕቲ ኪብሉኒ ኢዮም። እቲ ሸኾሉ ዝኽእል ዓበይቲ ነገራት ገይሩለይ ኢዩ እሞ ስሙ ቅዱስ ኢዩ። ምሕረቱ ውን ኣብቶም ዝፈርህዎ ንውሉድ ወለዶ ኢዩ። ብቐልጽሙ ኃይሊ ገበረ፡ ንዕቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም። ንኃያላት ካብ ዝፋናቶም ኣውረዶም። ንዝተዋረዱ ኸኣ ልዕል ኣበሎም፡ ንጥሙያት ብበረኸት ኣጽገቦም፡ ንሃብታማት ከኣ ጥራይ ኢዶም ሰደዶም። ከምቲ ነቦታትና ንኣብርሃምን ንዘርኡን ዝነገሮም ንዘለዓለም ምሕረቱ እናዘከረ ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ። ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ምስጋና ይኹን፡ ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።
ሉቃ.1፡46-55

ብዕለት ሰኑይ ዝንበብ (ዝጽለ) ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና።

1. ጐይታ፡ ነቲ ሕዙንን ጕሁይ ልብን ዝኾነ ኣዳም፡ ናጻ ከውጽኦን ናብቲ ናይ ቀደም ቦታኡ ክመልሶን ፈተወ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ጐይታ ብሥጋ ካብ ቅድስት ድንግል ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ተወሊዱ ኣድሓነና።

ንሔዋን ነታ ተመን ዘስሓታ፡ እግዚኣብሔር ንሕማምክን ጻዕርኽን ኣዝየ ከብዝሖ ኢየ ብምባል ኣብ ልዕሊኣ ዝፈረዶ፡ ልቡ ፍኾሪ ሰብ ስለ ዝሰሓቦ ናጻ ኣውጽኣ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ ሰብ ዝኾነ ቃል ኣባና ሓደረ፣ ንሕና'ውን ከምቲ ነቦኡ ሓደ ዝኾነ ወዲ ዝረኽቦ ክብሪ፡ ክብሩ ረኣና፡ ይቕረ ክብለልና ፈተወ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. ነቢይ ኢሳይያስ ብመንፈስ ትንቢት ናይ ኣማኑኤል ምሥጢር ረኣየ። ነዚ ምስ ረኣየ ድማ ሕፃን ተወሊዱልና ወዲ ተዋሂቡና፡ እናበለ ዓው ኢሉ ጨርሐ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. ኦ ወድሰብ ኩልኻ ተሓገሶስ ደስ'ውን ይበልካ፡ እግዚኣብሔር ንዓለም ኣፍቂርዎ ኢዩ'ሞ፡ ብእኡ ዝኣምን ኩሉ ምእንቲ ክድሕን፡ ነቲ ሓደ ወዱ በጃ ሃበ፡ ልዑል ቅልጽሙ'ውን ለኣኽልና፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

6. ቅድሚ ዓለም ዝነበረን፡ ዓለም ኣሕሊፉ ዝነብርን፡ ንድሕነት ዓለም ዝመጸን፡ ዓለም ከሕልፍ ዝመጽእን፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ቃል፡ ካባኺ ብዘይ ምልዋጥ ሥጋ ለበሰ፡ ፍጹም ሰብ ኮነ፡ ብኹሉ ግብሩ ካባና ኣይርሓቐን ኣይተፈልየን፡ ሓደ ወልድ ኢዩ፡ ንሱ ሓደ ራእይ፡ ሓደ ህላዌ፡ ሓደ መለኮት፡ ቃል እግዚኣብሔር ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

7. ኦ ንነቢያት ሃገሮም ዝኾንኪ ቤተ-ልሔም ተሓገሶሲ ደስ ይበልኪ፡ ምኽንያቱ እቲ ዳግማይ ኣዳም ዝኾነ ክርስቶስ ኣባኺ ስለ ዝተወልደ፡ ምውላዱ ኽኣ ነቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም፡ ካብ ምድሪ (ሲኦል) ናብ ገነት ክመልሶ፡ ናይ ሞኑኔ (ሞት) ፍርዲ ክስዕር ኢዩ። "ኦ ኣዳም መሬት ኢኻ'ሞ ናብ መሬት ከኣ ክትምለስ ኢኻ" ዝበሎ ኢዩ። ብዝሒ ኃጢኣት ኣብ ዘለዎ ጸጋ እግዚኣብሔር ይበዝሕ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

8. ነፍሳት ደቂ ሰብ ኩሎም ይተሓገሶ ደስ ይበሎም፡ ንንጉሥ ክርስቶስ ከኣ ምስ መላእኽቲ ኰይኖም ዓው ኢሎም የመስግንዎ፡ ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት ምስጋና ይኹን። ንደቂ ሰብ ከኣ ኣብ ምድሪ ሰላም ይኹን፡ እናበሉ። እቲ ናይ

ቀደም መርገምን ምኽሪ ጸላኢ ዲያብሎስን ኣፍሪሱ፡ ናይ ኣዳምን ሔዋንን መጽሓፍ ዕዳ ቾዲዱ፡ ናጻ ጌርዎም ኢዩ፡ ንሱ ከኣ እቲ ኣብ ሃገር ዳዊት ዝተወልደልና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

9. ኦ ገመይታ ኣብ ዓለም ንዝነብሩ ንኩሎም ደቂ ሰብ እተብርህ ናይ ብሓቂ ብርሃን፡ ምእንቲ ፍቐሪ ደቂ ሰብ ናብ ዓለም መጻእካ። ኩሉ ፍጥረት ከኣ ብምምጻእካ ተሓጎሰ፡ ንኣዳም ካብ ስሕተት (ፍዳ) ኣድኂንካዮ ኢኻ፡ ንሔዋን ካብ ጻዕረ ሞት ናጻ ጌርካያ ኢኻ፡ ንኹልና'ውን መንፈስ ውልድነት ሂብካና ኢኻ፡ ስለዚ ምስ መላእኽትኻ ኳንና ነመስግነካ ኣሎና፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ብዕለት ሠሉስ ዝንበብ ዝጽለ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና።

1. ኣኽሊል ትምክሕትና፡ ጀማሪት ድሕነትና፡ መሠረት ንጽሕናና ብድንግል ማርያም ኮነ። ምእንቲ ድሕነትና ሰብ ዝኾነ ኣካላዊ ቃል እግዚኣብሔር ወለደትልና። ብርግጽ ሰብ ኮይኑ እንተ ተወልደ'ውን ፍጹም ኣምላኽ ኢዩ፡ ንሳ ብድንግልናኣ ከላ ወሊዳቶ ኢያ'ሞ ናይ ምውላዳ ሓይሊ ክንገር ዘይክኣል ኣደናቒ ኢዩ፡ ስለዚ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ጐይታ ብፍቓዱን፡ ብሥምረት ኣቦኡን፡ መንፈስ ቅዱስን መጺኡ ኣድሓነና።

ኦ ፍጽምቲ ድንግል ማርያም ናይ ድንግልናኺ ክብሪ ዓቢይ ኢዩ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ ስለ ዝኾነ ኸኣ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ፡ ንስኺ እታ ያዕቆብ ካብ ምድሪ ክሣብ ሰማይ እትበጽሕ፡ መላእኽቲ እግዚኣብሔር ከኣ ብኣኣ ክድይቡን ክወርዱን ዝረኣያ መሳልል (ኣስካላ) ኢኺ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ሙሴ ብሃልሃልታ ሓዊ ተኸቢባ ኸላ እሞ ዘይተቓጸለት ዝረኣያ ገረብ (ዕፅ) ንስኺ ኢኺ፣ ንሱ ኸኣ ወዲ እግዚኣብሔር መጺኡ ኣብ ከርሥኺ ዝሓደረ፣ ናይ መለኮቱ እሳት ድማ ኣየቃጸለክን፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. ዘርኢ ከይተዘርኣ ፍረ ሕይወት ዘፍረኺ ግራት ንስኺ ኢኺ፡ ከምኡውን እታ ዮሴፍ ዝተሻየጣ እሞ ኣብኣ ከኣ ክቡር ዕንቁ ዝረኸበላ መዝገብ (ሳንዱቕ) ንስኺ ኢኺ፡ ንሱ ድማ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ኣብ ከርሥኺ ዖርክዮ ኣብዚ ዓለምውን ወለድክዮ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. ንመላእኽቲ ደስታኣም ዝኾነ ጐይታ ዝወለድኪ ድንግል ተሓጐሲ፡ ንነቢያት ዜና ትንቢቶም ዝኾንኪ ንጽሕቲ ድንግል ደስ ይበልኪ ተሓጐሲ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ ስለ ዝኾነ ሞገስ (ጸጋ) ረኺብኪ ኢኺ።ሞ ደስ ይበልኪ ተሓጐሲ፡

ንኹሉ ዓለም ደስ ዘብል ቃል መልኣኽ ተቐቢልኪ ኢኺ'ሞ ደስ ይበልኪ ተሓጐሲ፡ ንኹሉ ዓለም ዝፈጠረ ጐይታ ዝወለድኪ ኣደ ደስ ይበልኪ ተሓጐሲ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

6. ኣምላኽ ንምውላድ ብቕዕቲ ዝኾንኪ ኣደ ተሓጐሲ ደስ ይበልኪ፡ ኦ ንሔዋን መድሓኒታ ዝኾንኪ ኣደ ተሓጐሲ ደስ ይበልኪ፡ ኑቲ ንኹሉ ፍጥረት ዝምግብ ጐይታ ጸባ ዘጥበኽዮ ኣደ ኢኺ'ሞ ደስ ይበልኪ፡ ኦ ቅድስቲ ናይ ኩሎም ሕያዋን (ጻድቃን) ኣደ ኢኺ'ሞ ተሓጐሲ ደስ ይበልኪ፡ ክትልምንልና ናባኺ ነንቃዕርር ኣለና እሞ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

7. ኦ ድንግል! ኦ ቅድስቲ! ኦ ወላዲት ጐይታ! ንድሕነትና ብዘደንቕ ምሥጢር ኣባኺ ምስ ሓደረ፡ ንጉሥ ወሊድክልና ኢኺ፡ ኑቲ ገባር ሠናያት ብዛዕባ ዕቤቱ ብጥንቃቐ ከነዘንቱ፡ ጀሚርና ክንፍጽምን ኣይንኽእልን ኢና'ሞ፡ ነርምም ስቕ ንበል፡ ዕቤቱ ኣዝዩ ብዙሕ ኣደናቒ ትርኢት ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

8. ኣብ ደብረ ሲና ዝወረደ ሕያው ናይ ኣብ ቃል፡ ንሙሴ ሕጊ ዝሃበ ብግመን ብትክን ብጸልማትን ብንፋስን ርእሲ'ቲ ደብሪ ዝሸፈነ፡ ከምኡ'ውን ብድምፂ መለኸት ነዮም ብፍርሃት (ብጥርጥር) ዝቐሙ ዝገንሕ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

9. ንሱ ድማ (እቲ ኣብ ደብረ ሲና ዝወረደ) ፡ ናባኺ ዝወረደ ‘ውን ንሱ ኢዩ፡ ኦ ብትሕትና እትዛረብ ደብሪ፡ መፍቀር ሰብ ዝኾነ ጐይታ ብዘይ ምልዋጥ ካባኺ ሰብ ኮነ (ሥጋ ለበሰ) ፡ ከማና ዝዛረብ ፍጹም ሰብ ኮነ፡ እዚ ድማ ብመንፈሳዊ ጥበብ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኣ ሓደረ፡ ፍጹም ሰብ ኮነ፣ ንኣዳም ከድሕኖን ኃጢኣቱ ክሓድግሉን ብብዝሒ ይቕሬታኡን ምሕረቱን ናብ ናይ ቀደም ቦታኡ ዝመልሶን ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

10. ንድንግል ዕብየታ ክንገር ኣይከኣልን ኢዩ፡ ምኽንያቱ ጐይታ ሓርዩዋስ መጺኡ ኣብኣ ሓዲሩ ኢዩ፡ ማንም ክቕርቦ (ክምርምሮ) ዘይክእል እቲ ኣብ ብርሃን ዝሓድር ኣምላኽ ትሽዓተ ወርሒ ኣብ ከርሣ ተፀውረ፡ ኑቲ ዘይርኢን ዘይምርመርን ማርያም ግና ብድንግልና ወለደቶ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

11. እቲ ነቢይ ዳንኤል ዝረኣዮ እምኒ፡ ኢድ ከይተንከፎ ካብ ነዊሕ እምባ ዝተፈንቀለ፡ ንሱ ካብ ኣብ ዝወጸ ቃል ኢዩ፡ ንሱ መጺኡ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ካብ ድንግል ሰብ ኮይኑ ኣድሓነና፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

12. ንስኺ ንጽሕቲ ጨንፈር ናይ እምኑት መቕመጢ (ሙዳይ) ኾንኪ፡ ኦ ንጽህቲ ወላዲት ኣምላኽ ንቕዱሳን ኣቦታትና ቅንዕቲ ሃይማኖቶም ኢኺ፣ ብድንግልና ሥጋን

ነፍስን ሕትምቲ ኢኺ፣ ንቃለ-ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ወለድክልና ንሱ'ውን መጺኡ ኣድሓነና፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

13. ንስኺ ኣደ ብርሃን ክብርቲ ወላዲት ጐይታ ኢኺ፣ ነቲ ዘይርአ ቃል ዝፆርክዮ፣ ንዕኡ ምስ ወለድኪ ድማ ብድንግልና ዝነበርኪ ብምስጋናን ብባርኾትን የኽብሩኺ ኢዮም፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

14. ብዛዕባ ክብርኺ ከዘንቱ ዝኽእል ኣየናይ ልሳን ኢዩ፣ ኦ ንጽህቲ ድንግል ኣዲኡ ንቃለ-ኣብ ነቲ ኪሩቤል ዝስከምዎ ንጉሥ መንበሩ ኮንኪ፣ ኦ ብርኹቲ ብፅዕቲ ንብለኪ፣ ኣብ ኩሉ ውሉድ ወለዶ ስምኪ ንዝክር፣ ኦ መልክዐኛ ርግቢ ኣደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

15. ኣደን ገረድን ዝኾንኪ ቅድስት ድንግል ማርያም ተሓገሰ ደስ ይበልኪ፡ ነቲ ኣብ ሕቑፍኺ ዘሎ ጐይታ መላእኽቲ የመስግንዎ ኢዮም፡ ኪሩቤል'ውን ብፍርሃት ይሰግዱሉ፡ ሱራፌል ድማ ብዘይ ምቁራጽ ክንፎም ዘርጊሖም እዚ እቲ ናይ ምስጋና ንጉሥ ኢዩ ይብሉ፡ ንሱ ብብዝሒ ምሕረቱ ኃጢኣት ዓለም ክድምስስ መጸ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ብዕለት ረቡዕ ዝንበብ ዝጽለ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና።

1. ናይ ሰማያት ሠራዊት ኩሎም ንስኺ ብፅዕቲ ኢኺ ይብሉ፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘላ ካልኣይቲ ሰማይ ምብራቕዊት ኣፍ ደገ ድንግል ማርያም ኢያ፡ ፍሉይ መርዓዊ ዘለዋ ንጽህቲ ቤተ ክብካብ ኢኺ፡ እግዚኣብሔር ኣብ፡ ኣብ ሰማይ ኮይኑ ጠመተ'ሞ ከማኺ ዝበለት ኣይረኸበን፡ ስለዚ ንሓደ ወዱ ለኣኽ'ሞ ካባኺ ሰብ ኮነ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ኦ እግዝእትነ ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ፡ ኩሎም ወለዶ ንዓኺ ንበይንኺ የመስግኑኺ።

ኦ ሃገረ እግዚኣብሔር ነብያት ዓቢይን ዘደንቕን ትንቢት ተነበዩልኪ፡ ንስኺ ነቶም ሕጉሳት ጻድቃን መሕደሪት ኾንክዮም ኢኺ፡ ኩሎም ነገሥታት ምድሪ ከኣ ብብርሃንኪ ይመላለሱ፡ ኣሕዛብ'ውን ብብርሃንኪ ይኸዱ፡ ኦ ማርያም ኩሉ ትውልዲ የመስግኑኺ ነቲ ካባኺ ዝተወልደ ድማ ይሰግዱሉን የኽብርዎን ኢዮም፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ዝናም ዘለዎ ማይ ሒዝኪ ዝተረኣኺ ናይ ብሓቂ ደበና ንስኺ ኢኺ፡ እግዚኣብሔር ኣብ፡ ናይ ሓደ ወዱ ምልክት ገበረኪ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣባኺ ሓደረ፡ ሓይሊ ልዑል ከኣ ኣጽለለኪ፡ ኦ ማርያም ንዘለዓለም ነባሪ ዝኾነ ቃል፡ ወልደ ኣብ ብሓቂ ወለድኪ፡ ንሱ ከኣ መጺኡ ካብ ኃጢኣት ዘድሓነና ኢዩ፡ ኦ ገብርኤል መልኣኽ ኣብሣሪ ሓጐስ ብሩህ ገጽ፡ ንዓኻ ዝተዋህበ ክብሪ ዓቢይ ኢዩ፡ ናባና ዝመጸ ልደት ጐይታ ነገርካና፡ ንቕድስት ድንግል ማርያም ድማ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ'ሞ ደስ ይበልኪ እናበልካ ብንጽህና ከም እትጠንስ ኣብሠርካያ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. ጸጋ ረኺብኪ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣባኺ ሓደረ፡ ሓይሊ ልዑል ከኣ ኣጽለለኪ፡ ኦ ማርያም ብሓቂ ንኹሉ ዓለም መድኃኒኡ ዝኾነ ቅዱስ ወለድክልና፡ መጺኡ ከኣ ኣድሒኑና ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. ኣፍና (ልሳንና) ንናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ግብሪ የመስግን፡ ሎሚ ንማርያም ወላዲተ ኣምላኽ ንወድሳ፡ ምኽንያቱ ኣብ ከተማ ዳዊት ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብኣ ስለ ዝተወልደ፡ ኣቱም ኣሕዛብ ንማርያም ከነመስግና ንዑ፡ ንሳ ምስ ድንግልናኣ ኣደ ኰይና ኢያ፡ ኦ ንጽህቲ ድንግል ርኽሰት ዘይብልኪ፡ ቃለ-ኣብ መጺኡ ካባኺ ሰብ ዝኾነ፡ ተፈሥሒ ደስ ይበልኪ፡ ኦ ርስሓት ዘይብልኪ ጽርይቲ፡ ነውሪ ዘይብልኪ ፍጽምቲ ሙዳይ፡ ተሓጐሲ ደስ

ይበልኪ፡ ምእንቲ እቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም፡ ካልኣይ ኣዳም ዝኾነ ክርስቶስ መሕደሪኡ ዝኾንኪ ነባቢት ገኒት ተሓገሰ ደስ ይበልኪ፡ ነቲ ካብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘይተፈልየ፡ ወልድ-ዋሕድ ፀዋሪቱ ዝኾንኪ ተሓገሰ ደስ ይበልኪ፡ ኦ ብኹሉ ናይ ምስጋና ስልማት ዝተሸለመት ንጽህቲ ቤት መርዓ ተሓገሰ ደስ ይበልኪ፡ ኦ እሳተ መለኮት ዘየቃጸላ ዕፀ ጳጦስ (ኪለዓው) ተሓገሰ ደስ ይበልኪ፡ ኦ ኣደን ገረድን ድንግል፡ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ዝነብር ሰማያዊ ብሥጋ ዝፃርኪ ሰማይ ተሓገሰ ደስ ይበልኪ፡ ስለዚ ብሓገስን ብደስታን ምስ ቅዱሳን መላእኽቲ ንተሓገስን ንዘምርን፡ ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት ምስጋና ይኹን፡ ኣብ ምድሪ ኽኣ ሰላም ይኹን ንበል፡ ክብርን ምስጋናን ናቱ ዝኾነ ኣምላኽ ንዓኺ ሓርዩ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

6. ካብ ናይ ኩሎም ቅዱሳን ክብሪ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ክብሪ ይዓቢ፡ ከመይ ንሳ ንናይ ኣብ ቃል ንምቕባል በቒዓ ተረኺባ ኢያ፡ ነቲ መላእኽቲ ዝፈርህዎ፡ ትጉሃን ኣብ ሰማያት ዘመስግንዎ፡ ድንግል ማርያም ኣብ ከርሣ ፆረቶ፡ ስለዚ ካብ ኪሩቤል ንሳ ትዓቢ፡ ካብ ሱራፌል'ውን ትበልጽ፡ ንሳ ካብ ቅድስት ሥላሴ ንሓደ ኣካል መሕደሪት (ታቦት) ኮይና ኢያ፡ ንነቢያት ሃገሮም ኢየሩሳሌም ንሳ ኢያ፡ ንኹሎም ቅዱሳን ደስ ኢልዎም ዝነብሩላ መሕደሪቶም ኢያ፡ ኣብ ጸልማትን ድነ ሞትን ዝነብር ሕዝቢ ዓቢይ ብርሃን

በረቐሎም፡ ኣብ ቅዱሳኑ ዝዓርፍ እግዚኣብሔር ንድሕነትና ካብ ቅድስት ድንግል ሰብ ኮነ፡ ስለዚ ነዚ መንክር ዝኾነ ነገር ክትርእዩ ንዑ፡ ምእንቲ እቲ ዝተገልጸልና ምሥጢር ከኣ መዝሙር ዘምሩ (ምስጋና ኣቕርቡ)፡ ቅድሚ ሎሚ ሰብ ዘይኮነ ሰብ ስለ ዝኾነ፡ ቃል እግዚኣብሔር ምስ ሥጋና ተዋሃሂዱ ኢዩ፡ መጀመርታኡ ዘይፍለጥ ቀዳማይ ንሱ ኢዩ፡ ዓመታቱ ዘይፍለጥ መለኮታዊ ኣምላኽ ብሥጋ ዓመታት ተቒጽረሉ፡ ዘይፍለጥ ዝነበረ ተገልጸ፡ ዘይርኢ ዝነበረ ተራእየ፡ ወዲ እግዚኣብሔር ሕያው ብርዱእ ነገር ሰብ ኮነ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለዓለም'ውን ንሱ ኢዩ፡ ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ህላዌ ኢዩ፡ ስለዚ ንዕኡ ንሰግደሉን ነመስግኖን፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

7. ነቢይ ሕዝቅኤል ብሸነኽ ምብራቕ ብዘደንቕ መፍትሕ ዝተቐለፈት ኣፍ ደገ ረኣኹ ኢሉ ብዛዕባኣ መስከረ፡ ብዘይካ እቲ ናይ ኃያላን ጐይታ ናብኣ ዝኣተወ፡ ናብኣ ኣትዩ'ውን ዝወጸ የልቦን ዝበለኪ ንስኺ ኢኺ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

8. ኣፍ ደገ ዝተባህለት ከኣ ንመድሓኒና ዝወለደት ድንግል ኢያ፡ ንዕኡ ድሕሪ ምውላዳ'ውን ከም ቀደማ ብድንግልና ነበረት፡ ፍረ ከርሥኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ቡሩኽ ኢዩ፡ ካብቲ ምሕረት ዘይብሉ ኢድ ጸላኢ መጺኡ ዘድሓነና ጐይታ ዝወለድኪ ኣደ፡ ንስኺ ፍጽምትን ብርኽትን ኢኺ፡ በቲ

ገይታ ኽብሪ ናይ ብሓቂ ኣምላኽ፡ ሞገስ ረኺብኪ ኢኺ፡ ስለዚ ኣብዚ ምድሪ ካብ ዝነብሩ ኩሎም ንዓኺ ዕቤትን ክብርን ይግባእ፡ ቃለ-ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ መጺኡ ካባኺ ሰብ ኮነ፡ (ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍስኺ ነፍሲ ተወሃደ)፡ ምስ ሰባት ከኣ ነበረ (ተመላለሰ)፡ ንሱ መሓርን መፍቀር ሰብን ኢዩ፡ ብፍሉይ ኣመጻጽኣኡ ከኣ ነፍሳትና ኣድሓነ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ብዕለት ሓሙስ ዝንበብ ዝጽለ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና።

1. እታ ሙሴ ብሃልሃልታ ሓዊ ተኸቢባ ከላ፡ ጨናፍራ ከኣ ዘይትቃጸል ኣብ በረኻ ዝረኣያ ኦም (ኪለዓው) ንድንግል ማርያም ትመስል፡ ካብኣ ብዘይ ርኽሰት ቃለ-ኣብ ሰብ ኮነ፡ ናይ መለኮቱ ሃልሃልታ ድማ ንድንግል ኣየቃጸላን፡ ምስ ወለደቶ ብድንግልናኣ ተረኽበት፡ ብመለኮቱ ምሉእ ከሎ ከኣ ፍጹም ሰብ ኮነ፡ ንሱ እቲ ሓቀኛ ኣምላኽ መጺኡ ኣድሓነና፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ኦ እግዝእትነ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ነዕብየክን ነኽብረክን ኣሎና እሞ በረኽትኪ ኣብ ልዕሊ ኩልና ይኹን።

ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ናይ ኵልና መመኽሒት (ሓበን) ኢያ፡ እቲ ቀደም ኣብ ባህርይና (ወለድና) ተፈሪዱ ዝነበረ መርገም ብኣኣ ተሚሂሩ ኢዩ፡ እታ ሰበይቲ ብዝገበረቶ ዓመጽ፡ ካብ ዝተኸልከለት ፍረ ኦም በልዐት፡ በዚ ምኽንያትነዚ ድማ ብሔዋን ኣፍ ደገ ገነት ተዓጽው፡ ብድንግል ማርያም ግና ከም ብሓድሽ ተኸፍተልና፡ ካብ ዕፀ-ሕይወት ከኣ ክንበልዕ ዓደለና፡ ንሱ ኸኣ ናይ ገይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን ኢዩ፡ ምእንቲ ፍቕርና ከኣ መጺኡ

ኣድሓነና፡ ነዚ ዝንገረና ዘደንቕ ምሥጢር ክፈልጥ ዝኽእል ኣእምሮስ ኣየናይ ኢዩ! ኣየናይ ልቢ፡ ኣየናይ ልሳን፡ ወይ ኣየናይ እዝኒኽ ኢዩ፡ እግዚኣብሔር መፍቀር ሰብ ኢዩ፡ ንሱ ሓደ በይኑ ናይ ኣብ ቃል፡ ብመለኮቱ ብዘይ ጉድለት ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ኣምላኽ ኢዩ፡ ንሱ እቲ ነቦኡ ሓደ ወዱ ዝኾነ፡ ካብ ሓደ ኣቦኡ መጺኡ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሰብ ኮነ፡ ምስ ወለደቶ ድማ ማሕተም ድንግልናኣ ኣይተለወጠን፡ ስለዚ ንሳ ወላዲት ኣምላኽ ከም ዝኾነት ተረጋገጸ (ጋህዲ ኮነ)፡ ናይ እግዚኣብሔር ሃብቲ ጥበቡስ ክንደይ ይረቅቕን ክንደይ የደንቕን ኢዩ! እታ ብጻዕርን ብሕማምን ብሓዘን ልብን ክትወልድ ዝተፈርዳ ከርሣ ምንጪ ማይ ሕይወት እምበር ኮነት! ካብ ወገናት ደቂ ኣዳም ከኣ መርገም ዝሥዕር ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ወለደት፡ ስለዚ ኦ መፍቀር ሰብ ምስጋና ንዓኻ ይኹን እናበልና ነመስግኖ፡ ንሱ ሕያዋይን መድሓን ነፍሳትናን ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ብዘይ ዘርኢ፡ ኣምላኽ ዝወለደት ድንግል ሓይሊ ከርሣ ከመይ ዝበለ ዘደንቕን ዕፁብን ኢዩ፡ እቲ ንዮሴፍ ዝተገልጸሉ መልኣኽ ከምዚ እናበለ መስከረ፦ እቲ ካብኣ ዝውለድ ቃለ እግዚኣብሔር፡ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ፡ ብዘይ ምልዋጥ ከኣ ሰብ ኮነ፡ ድርብ ሓጐስ ንዝኾነ ገይታ ድንግል ማርያም ወለደቶ፡ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ፡ ስሙ ኽኣ ኣማኑኤል ክበሃል ኢዩ፡ ትርጉሙ እግዚኣብሔር ምሳና ኢዩ፡

በላ፡ መሊሱ'ውን ንሕዝቡ ካብ ሓጢኣቶም ከድሕኖም ኢዩ'ሞ ኢየሱስ ክበሃል ኢዩ በላ፡ ብሓይሉ ከድሕነና ኃጢኣትና ክሓድገልና ኢዩ፡ ንሱ እቲ ሰብ ዝኾነ ብርግጽ ኣምላኽ ከም ዝኾነ'ውን ፈሊጥናዮ ኢና'ሞ ንዘለዓለም ምስጋና ንዕኡ ይኹን። ኣብየት! እዚ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ናይ ኣምላኽ ልደት ከመይ ዝበለ ኣደናቒ ነገር ኢዩ! ነቲ ቃል ክትፆሮ ከኣለት፡ ንልደቱ ዘርኢ ምኽንያት ኣይኮነን፡ ብምላዱ ከኣ ማሕተም ድንግልናኣ ኣይተለወጠን፡ ካብ ኣብ ብዘይ ድኻም ቃል ወጸ፡ ካብ ድንግል ከኣ ብዘይ ሕማም ተወልደ፡ ንዕኡ ሰብኣ ሰገል ሰገዱሉ፡ ኣምላኽ ሰለ ዝኾነ ዕጣን ኣምጽኡሉ፡ ንጉሥ ስለ ዝኾነ ኽኣ ወርቂ ኣምጽኡሉ፡ ንዕለተ ሞቱ ዝወሃቦ'ውን ከርበ ኣምጽኡሉ፡ መሕወዪ ዝኾነ ጐይታ ምእንታና እዚ ኽሉ ተቐበለ፡ ንሱ ሓደ በይኑ ሕያዋይ መፍቀር ሰብ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. እግዚኣብሔር ካብ ገዲኒ ኣዳም ሓደ ዓጽሚ ምውሳዱ ዘደንቕ ነገር ኢዩ፡ ካብኡ በቲ ዝወሰዶ ዓጽሚ ንሔዋን ፈጠረ፡ ካብኣቶም ከኣ ኩሎም ደቂ ሰባት ገበረ፡ ቃለ ኣብ ገዐይታ እውን ካብ ቅድስት ድንግል ሥጋ ለበሰ ሰብ ኮነ፡ ኣማኑኤል ከኣ ተባህለ፡ ምእንትዚ ናብ ፍቐር ወዳ ከተማልደልና ኩሉ ግዜ ናብኣ ንለምን፡ ንሳ ብኽሎም ቅዱሳንን ሊቃነ ጳጳሳትን ሕያወይቲ ኢያ ነቲ ክጽበዩዎ ዝጸንሑ ገዐይታ ኣምጺኣትሎም ኢያ፡ ነቶም ምእንታኡ ዝተነበዩ ነቢያት'ውን

ኣምጺኣትሎም ኢያ፡ ነቶም ኣብ ኩሉ ዓለም ብስሙ ዝሰበኽ ሓዋርያት'ውን ወሊዳትሎም ኢያ፡ ምእንታኡ ንዝተጋደሉ ሰማዕታትን ምእመናንን እውን ካብኣ ተረኺቡሎም ኢዩ፡ ንኢየሱስ ክርስቶስ ሃብቱ፡ ጸጋ ጥበቡ ኣይፍለጥን ኣይምርመርን ኢዩ'ሞ ካብ ሕያውነቱ ይቐረታ ንድለ ንለምን፡ መጺኡ ከኣ ኣድሒኑና ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. እግዚኣብሔር ንዳዊት ካብ ፍረ ከርሥኻ ኣብ ዙፋንካ ከቕምጠልካ ኢያ ኢሉ ብሓቂ መሓለሉ፡ ኣይጠዓስን ከኣ ኢዩ፡ ዳዊት እቲ ጻድቕ ከኣ ክርስቶስ ብሥጋ ካብ ዘርኡ ከም ዝውለድ ኣሚኑ ምስ ተቐበሎ ንቓል እግዚኣብሔር መሕደሪ (መመስገኒ) ዝኸውን ቦታ ክደሊ ጀመረ፡ ነዚ ኸኣ ብዓቢይ ትግሃት ፈጸሞ፡ ብድሕርዚ ብመንፈስ ተገሊጹሉ "እነሆ ኣብ ኤፍራታ ኣብ ማሕደር ኣምላኽ ያዕቆብ (ክበኪ) ሰማዕናዮ" ኢሉ ጨርሐ፡ ንሳ ኸኣ ኣማኑኤል ንድሕነትና ብሥጋ ኣብኣ ክውለድ ዝመረጻ ቦታ ቤተ-ልሔም ኢያ፡ ካልእ ሓደ ካብ ነቢያት ሚክያስ ከኣ፦ "ኣንቲ ቤተ-ልሔም ምድሪ ኤፍራታ ካብ ነገሥታት ይሁዳ ኣይትንእስን ኢኺ፡ ንሕዝበይ እስራኤል ዝገስዮም ንጉሥ ካባኺ ክወጽእ እዩ" በላ፡ እዚ ናይ ክልቲኦም ትንቢት ብሓደ መንፈስ ከምዚ ኢሎም ብዛዕባ ክርስቶስ ምንባዮም ከመይ ዝበለ ኣደናቒ ነገር እዩ! ንዕኡ ምስ ሕያዋይ ኣቡኡን መንፈስ ቅዱስን ካብ ሕጂ ክሣዕ ንዘለዓለም ምስጋና ይኹኖ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

6. ንእስራኤል ዝነገሠ ንጉሥ ዳዊት ጸላእቱ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ተንሥኡ ካብ ዒላ ቤተ-ልሔም ማይ ክሰቲ ደለየ፡ ካብቶም ሠራዊቱ ኣሕሊቐ ዝኾኑ ድማ ቀልጢፎም ተንሢኦም ኣብቲ ከተማ ጸላእቶም ተዋጊኦም ካብቲ ክሰትዮ ዝደለየ ማይ ኣምጽኡሉ፡ ንሱ እቲ ጻድቐ ዳዊት ግና ነቶም ሠራዊቱ ምእንታኡ ክብሉ ጨኪኖም ነፍሶም ንሞት ኣሕሊፎም ከም ዝሃቡሉ ምስ ረኣየ ነቲ ማይ ከዓዎ፡ ካብኡ'ውን ኣይሰተየን፡ እዚ ኾኣ ንዘለዓለም ጽድቂ ኮይኑ ተቐጽረሉ፡ ሰማዕታት'ውን ናይዛ ዓለም ጣዕሚ ብሓቂ ነዓቐዎ ምእንቲ እግዚኣብሔር ኢሎም ከኣ ደሞም ኣፍሰሱ፡ መንግሥተ ሰማያት ክረኽቡ ኢሎም ድማ “ኦ ጐይታ ከም ምሕረትካ ይቐረ በለልና” እናበሉ መሪር ሞት ተዓገሡ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

7. ካብ ቅድስት ሥላሴ ሓደ ኣካል ውርደትና ርእዩን ጠሚቱን ካብ ሰማየ ሰማያት መጺኡ ኣብ ከርሢ ድንግል ሓደረ፡ ብዘይካ ሓንቲ ኃጢኣት ንበይና ኾኣ ከማና ፍጹም ሰብ ኮነ፡ ከምቲ ነቢያት ክውለድ ኢዩ እናበሉ ዝተነበይዎ ኣብ ቤተ-ልሔም ተወልደ፡ ተወሊዱ ድማ ኣድሓነና ተበጀወና ሕዝቡ ድማ ገበረና፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ዕለት ዓርቢ ዝንበብ ዝጽለ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና።

1. ኦ ማርያም ድንግል ወላዲተ ኣምላኽ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ፡ ፍረ ከርሥኺ'ውን ቡሩኽ ኢዩ፡ ምኽንያቱ ብዘይ ገለ ርኽሰት ፀሓይ ጽድቂ ጐይታ ካባኺ ተወሊዱልና ኢዩ፡ ፈጣሪና ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብ ትሕቲ ክንፊ ረድኤቱ ኣቕሪቡና ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ኦ እግዝእትነ ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ ንስኺ ኣደ ብርሃን ስለ ዝኾንኪ ንዓኺ ንበይንኺ ብውዳሴን ብምስጋናን ነዕብየክን ነኽብረክን ኣሎና።

ንስኺ ካብ ሰማይ እትዓብዪ ካብ ምድሪ'ውን እትኽብሪ ብርኽቲ ኣደ ኢኺ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ ኹሉ ሕሊና ኢኺ፡ ንዓኺ ዝመሳሰል ብዛዕባ ዕቤትክን ክብርኽን ከዘንቱ ዝኽእልከ መን ኢዩ! ኦ ማርያም መላእኽት የኽብሩኺ ሱራፌል ከኣ ይውድሱኺ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሱራፌልን ኪሩቤልን ዝነብር ጐይታ መጺኡ ኣብ ከርሥኺ ሓዲሩ ኢዩ፡ ንሱ መፍቀር ሰብ ስለ ዝኾነ ናብኡ ኣቕረበና ናትና ሞት (ኃጢኣት) ኣብ ነብሱ ጽዒኑ ናቱ ሕይወት ሃበና፡ ስለዚ ክብርን ምስጋናን ናቱ ኢዩ'ሞ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ኦ ማርያም ንስኺ ብርኽቲ ኢኺ፡ ፍረ ከርሥኺ ከኣ ቡሩኽ ኢዩ፡ ኦ ድንግል ወላዲት ኣምላኽ ሓበን መመኽሒት ናይ ደናግል፡ እቲ ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ኣባኺ ሓደረ፡ ዘመኑ ዘይቑጸር ኣምላኽ ካባኺ ተወልደ፡ ሥጋና ተዋሃደ ቅዱስ መንፈሱ ኽኣ ሃበና፡ ብብዝሒ ምሕረቱ ኽኣ ምስኡ ማዕረ ገበረና፡ ኦ ማርያም ንስኺ ካብተን ብዙሕ ክብርን ጸጋን ዝተዋህበን ብዙሓት ኣንስቲ ትበልጺ፡ ኣንቲ ወላዲት ኣምላኽ መንፈሳዊት ሃገር ልዑል እግዚኣብሔር ኣባኺ ዝሓደረ፡ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤልን ሱራፌልን ዝቕመጥ ጐይታ ኣብ ሕቑፍኺ ሓቒፍክዮ፡ እቲ ንኹሉ ፍጥረት ብብዝሒ ምሕረቱ ዝምግብ ኣምላኽ ኣጥባትኪ ሒዙ ጸባ ጠበወ፡ ንሱ ኣምላኽናን ናይ ኩሉ መድሓንን ኢዩ፡ ንዘለዓለም ከኣ ሓላዊና ኢዩ፡ ንሱ ዝፈጠረና ክንሰግደሉን ከነመስግኖን ኢዩ'ሞ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. ድንግል ማርያም ናይ ጥዑም ሽታ መቕመጢት መፈልፈሊት ማይ ሕይወት'ያ፡ ፍረ ኽርሣ ንኹሉ ዓለም ኣድሓነ፡ ካባና ኽኣ መርገም ኣጥፍኣልና፡ ብመስቀሉን ብቕድስቲ ትንሣኤኡን ኣብ ማእከልና ሰላም ገበረ፡ ንኣዳም ድማ ከም ብሓድሽ ናብ ገነት መለሶ፡ ስለዚ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. ድንግል ማርያም ንጽሕትን እምንትን ወላዲት ኣምላኽ ኢያ፡ ንደቂ ሰብ ለማኒት ምሕረት ሓጢኣትና ይቕረ ክብለልና ናብ ክርስቶስ ወድኺ ቅድስቲ ድንግል ለምንልና።

6. ድንግል ማርያም ኣብ ቤተ መቕደስ ኮይና ብዘይካብቲ ብኽብሪ ኦ ቕድስቲ ድንግል ሰላም ንዓኺ ይኹን እናበለ ዘብሥረኒ መልኣኽ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ዋላ ሓንቲ ዝፈልጦ ከም ዘይብለይ እግዚኣብሔር ይፈልጥ ኢዩ እናበለት ጨርሐት፡ ዘይፅወር ፆርኪ፡ ዘይውሰን ወሰንኪ ኑቲ ዋላ ሓደ'ኳ ክውሰኖ ዘይኽእል ኣምላኽ፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ኦ ምልእተ ጸጋ ብብዙሕ ክብሪ ውዳሴኺ ይበዝሕ፡ ንስኺ ንቃል-ኣብ መሕደሪ ኴንኪ ኢኺ፡ ንስኺ ንምእመናን ሕዝበ ክርስቲያን እትእክቢ መጋረጃ ኢኺ፡ ንሥሉስ ቅዱስ ስግደት እተስተምህርሎም ኢኺ፡ እታ ሙሴ ዝረኣያ ዓንዲ ሓዊ ዝተሸከምኪ ንስኺ ኢኺ፡ እቲ ዓንዲ ሓዊ ዝተባህለ ድማ ወዲ እግዚኣብሔር ኢየሱስ ክርስቶስ መጺኡ ኣብ ከርሥኺ ዝሓደረ ኢዩ፡ ንፈጣሪ ሰማያትን ምድርን ታቦት (መሕደሪት) ኮንኪ፡ ኣብ ከርሥኺ ትሸዓተ ወርሒ ተሸኸምኸዮ፡ ንስኺ ኑቲ ሰማያትን ምድርን ዘይኽእልዎ ንምውሳኑ እምንቲ ኾንኪ ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ መደያይቦ መሳልል ኮንኪ፡ ብርሃንኪ ካብ ብርሃን ፀሓይ ይበልጽ፡ ንስኺ እቶም ቅዱሳን ሰባት ብሓጐስን ብደስታን ዝረኣይዎ ብሩህ ኮኾብ ካባኺ ዝወጸ ምብራቕ ኢኺ፡ ኣብ ሔዋን ብሕማምን ብጻዕርን ክትወልድ ፈሪዱ ዝነበረ፡ ንስኺ ማርያም ግና ኦ ምልእተ ጸጋ ተሓጐሲ ዝብል ቃል ሰማዕኪ፡ በዚ ቓል እዚ ኽኣ ናይ ኩሉ ፍጥረት ገዛኢ ዝኾነ ንጉሥ ወለድክልና፡ መሓርን መፍቀር ሰብን ስለ ዝኾነ ኽኣ መጺኡ ኣድሓነና፡ ምእንትዚ ከም ገብርኤል መልኣኽ ኮይንና

“ማርያም ብርኽቲ ኢኺ፡ ፍረ ከርሥኺ'ውን ቡሩኽ'ዩ” እናበልና ንውድሰኪ፡ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ፡ ተሓጉሲ ደስ ይበልኪ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ብዕለት ቀዳመይቲ ሰንበት ዝንበብ ዝጽለ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና።

1. ንጽህትን ብርህትን፡ ብኹሉ ቅድስትን ዝኾነት ድንግል ማርያም፡ ንገሪታ ኣብ ግናዕ ኣእዳዋ ዝሓቔፈቶ፡ ኩሉ ፍጥረት ከኣ ምስኣ ይሕጐሱ፡ ብዓቢይ ድምፂ ቅድስት ድንግል ለምንልና እናበሉ ዝልምኑኺ ኢኺ'ሞ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ኦ ምልእተ ጸጋ ተሓጉሲ፡ ካብ እግዚኣብሔር ሞገስ ዝረኸብኪ ተሓጉሲ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ'ሞ ተሓጉሲ።

ኦ ግርምት ድንግል ዕቤትኪ ዕፁብ ኢዩ እናበልና ነመስግን፡ ምስ ገብርኤል መልኣኽ ኰይንና ፍስሓ ነቕርበልኪ፡ ምኽንያቱ ድሕነት ወገንና ካብ ከርሥኺ ብዝተረኽበ ፍረ ኰይኑ ኢዩ፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣቡኡ ኽኣ ኣቕሪቡና ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ርኽሰት ዘይብሉ ንጹሕ ቤተ ክብካብ ስለ እትመስሊ መንፈስ ቅዱስ ኣባኺ ሓደረ፡ ሓይሊ ልዑል'ውን ኣጽለለኪ፡ ኦ ማርያም ብሓቂ ንዘለዓለም ዝነብር ቃል፡ ወልደ ኣብ ወለድክልና፡ ንሱ ድማ መጺኡ ካብ ሓጢኣት ኣድሒኑና ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. ንስኺ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝተረኽብኪ ዘመድ ኢኺ፡ ብሥጋ ኽኣ ንመድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ወለድክልና፡ ንሱ ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ሓደ በይኑ ናይ ኣብ ቃል'ዩ፡ ሥልጣኑ ሰዊሩ ካባኺ መልክዕ ባርያ ወሰደ ስለዚ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. ኦ ወላዲት ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘላ ካልኣይቲ ሰማይ ኮንኪ፡ ፀሓይ ጽድቂ ጐይታ ብዘይ ርኽሰት ካባኺ ተወልደልና፡ ከምቲ ትንቢት ነቢያት ከኣ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይን ብዘይ ጉድለትን ወሊድክዮ ኢኺ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

6. ቅድስተ ቅዱሳን ዝተሰመኺ ማሕደር ንስኺ ኢኺ፡ ኣብ ውሽጣ ኸለንትናኡ ብወርቂ ዝተለበጠ ታቦት ዘሎኪ፡ ከምኡ'ውን ናይ ኪዳን ጽላትን ሕቡእ መና ዝሓዘት መሶብ ወርቅን ዘሎኪ ኢኺ፡ ንሱ ኽኣ መጺኡ ኣብ ድንግል ማርያም ዝሓደረ ወዲ እግዚኣብሔር ኢዩ፡ ቃለ-ኣብ ብዘይ ርኽሰት ካብኣ ሰብ ኮነ፡ ነቲ ምስጋና ዝመልኦ ንጉሥ ኣብዚ ዓለም

ወለደቶ፡ መጺኡ ከኣ ኣድሓነና፡ ኣደ ነባቢ በጊዕ ዝተሰመኸ ማርያም ክትሕጐሲ ንበራ፡ ንዘለዓለም ነባሪ ዝኾነ ወዲ ኣብ መጺኡ ካብ ኃጢኣትና ኣድሒኑና ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

7. ኣደ ንጉሥ ክርስቶስ ተሰመኸ፡ ንዕኡ ምስ ወለድኪ ኸኣ ብድንግልና ነበርኪ፡ ብኽንገር ዘይክኣል ምሥጢር ንኣማኑኤል ወለድክዮ፡ ስለዚ ንሱ ውን ብዘይ ጉድለት (ጥፍኣት) ሓልዩኪ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

8. እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊኡ ተቐሚጡ ከሎ ያዕቆብ ዝረኣያ መሳልል ንስኺ ኢኺ፡ ብኹሉ ክፍለጥ ወይ ክምርመር ዘይከኣል ኣምላኽ ኣብ ከርሥኺ ብድንግልና ፀዊርክዮ ኢኺ፡ ስለዚ ምእንቲ ድሕነትና ክብል ካባኺ ንዝተወልደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ማላዲት ኴንክልና ኢኺ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

9. ኦ ብርኽቲ ንጽህቲ ኣዳራሽ፡ እንሆ ጐይታ ብብዝሒ ምሕረቱ ንዝፈጠሮ ኩሉ ዓለም ንኽድሕን ካባኺ ተወልደ፡ ንዕኡ ድማ ነመስግኖን ንወድሶን፡ ንሱ ሕያዋይን መፍቀር ሰብን ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

10. ኦ ምልእተ ጸጋ ርኽሰት ዘይብልኪ ድንግል ተሓጕሲ ደስ ይበልኪ፡ ክብረት ኩሉ ዓለም ዝኾንኪ ጽርይቲ ብርለ፡ ዘይትጠፍእ ብርሃን፡ ዘይትፈርስ መቕደስ፡ ዘይትቑንን በትሪ ሃይማኖት፡ ምርኩስ ቅዱሳን ኢኺ፡ ናብቲ መድሓኒና ዝኾነ ሕያዋይ ወድኺ ለምንልና፡ ምእንቲ ክምሕረናን ይቕረ ክብለልናን ሓጢኣትና ውን ክሥርየልና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ብዕለት ቅድስቲ ሰንበት ክርስቲያን ዝንበብ ዝጽለ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ምስጋና።

1. ኦ ካብ ኵለን ኣንስቲ ብርኽቲ ዝኾንኪ ማርያም ፍቕርቲ ተሰመኺ፡ ንስኺ እታ ቅድስተ ቅዱሳን እትበሃል ካልኣይቲ ቀመር (ክፍሊ) ኢኺ፡ ኣብ ውሽጣ ኽኣ ብኢድ እግዚኣብሔር ዝተጻሕፋ ዓሠርተ ቃላት (ትእዛዛት) ናይ ኪዳን ጽላት ዘለዋ፡ ኣቕዲሙ ብየውጣ ዓሠርተ ትእዛዛት ነገረና፡ ንሳ ኽኣ ንመድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ቀዳመይቲ ስሙ ኢያ፡ ብዘይ ምልዋጥ ካባኺ ሰብ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓድሽ ኪዳን መተዓረቒ ኮነ፡ ንሱ ብምፍሳስ ቅዱስ ደሙ ንምእመናን ኣንጺሕዎም፡ ንኣሕዛብውን ቀዲስዎም ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ኦ ኣዶና ንጽህቲ ወላዲት ኣምላኽ ምእንትዚ ኩልና ነዕብየኪ ነኽብረኪ ኣሎና፡ ኵሉ ጊዜ ካብቲ ፈታው ሰብ ወድኺ ምሕረት ምእንቲ ክንረክብ ናባኺ ንልምንን ነንቃዕርርን ኣሎና።

ካብ ዘይነቅዝ (ዘይቀንቀን) ዕንፀይቲ ዝተሠርሐ፡ ኵለንትናኡ ብወርቂ ዝተለበጠ ታቦት፡ ንቓል እግዚኣብሔር ይመስል፡ ንሱ ብዘይ ምፍላይን ብዘይ ምልዋጥን ሰብ ዝኾነ፡ ጥፍኣት ዘይብሉ ንጹሕ መለኮት፡ ምስ ኣብ ማዕርነት ዘለዎ ኢዩ፡ ብእኡ ንንጽሕቲ ድንግል ኣብሠራ፡ ብቅዱስ ኪነ-ጥበቡ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ከማና ሰብ ኮነ፡ መለኮቱ ኣዋሂዱ ብዘይ ርኽሰት ካባኺ ሰብ ኮይኑ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ዝተሳእሉ ኪሩቤል ዝጋርዱኺ መቐደስ ኢኺ፡ ኦ ንጽሕቲ ቃል ካባኺ ብዘይ ምልዋጥ ሰብ ዝኾነ፡ ኃጢኣትና ዝሠርየልናን ኣበሳና ዝድምስልናን ኮይኑ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. ኣብ ውሽጣ ሕቡእ ሕብስቲ ዘለዋ ንጽህቲ መሶብ ወርቂ ንስኺ ኢኺ፡ ንሱ ድማ ንኹሉ ዓለም ሕይወት ዝህብ ካብ ሰማያት ዝወረደ ሕብስቲ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. ድሙቕ ብርሃን ዝተሸከምኪ ናይ ወርቂ ቀዋሚ ቀንዲል ንስኺ ኢኺ፡ ንሱ ኸኣ ኮሉ ግዜ ንዓለም መብራህቲ ኢዩ፡ መጀመርያ ዘይብሉ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ፡ ብዘይ ምልዋጥ ካባኺ ሰብ ዝኾነ፡ ነዞም ኣብ ጸልማትን ኣብ ድኑ-ሞትን እንነብር ብምምጽኡ ኣብርሃልና፡ ኣእጋርና ኸኣ ናብ መገዲ ሰላም (ድሕነት) ኣቕነዐ፡ ብፍሉይ ምሥጢር ጥበቡ ኣድሒኑና ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

6. ፍሕሚ ሓዊ ዝተሸከምኪ ቡሩኽ ኣሮን ካብ መቕደስ ዝወሰዳ ናይ ወርቂ ማዕጠንቲ ንስኺ ኢኺ፡ ኃጢኣት ዝሓድግ፡ ጌጋ ዝድምስስ፡ ንሱ እቲ ካባኺ ሰብ ዝኾነ ቃል እግዚኣብሔር ኢዩ፡ ነብሱ ነቦኡ ሥሙር መስዋዕትን ዕጣንን ጌሩ ዘቕረበ ወድኺ ኢዩ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

7. ኦ ማርያም ቃል እግዚኣብሔር ዝወለድክልና መልክዐኛ ርግቢ ተሓጐሲ፡ ንስኺ እታ ካብ ሱር እሴይ ዝበቐለት ጥዑም መኣዛ ዘለዋ ዕምባባ ኢኺ፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

8. ከይተኸልዋን ማይ ከየስተይዋን ዝለምለመት በትሪ ኣሮን ነበረት፡ ኦ ወላዲት ክርስቶስ ሓቀኛ ኣምላኽና፡ ንስኺ'ውን ከምኣ ኢኺ፡ ንሱ እቲ ዝወለድክዮ ብዘይ ዘርኢ፡ መጺኡ ኣድሓነና፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

9. ኦ ምልእቲ ጸጋ ሓለፋ ኵሎም ቅዱሳን ንስኺ ክትልምንልና ይግባኣኪ ኢዩ ምኽንያቱ ንስኺ ካብ ሊቃነ ጳጳሳት ትዓብዪ፡ ካብ ነቢያት'ውን ኣጸቢቕኪ ትኽብሪ ኢኺ፡ ካብ ግርማ ሱራፌልን ኪሩቤልን ዝበልጽ ተፈታዊ ግርማ ሞገስ'ውን ኣሎኪ፡ ንስኺ ናይ ብሓቂ ትምክሕቲ ወገንና ኢኺ፡ ንነፍስና'ውን ሕይወት እትልምኒ ኢኺ፡ ስለዚ ናብ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ለምንልና፡ ብቕንዕቲ ሃይማኖት ኣብ እምነቱ ኽጽንዓና፡ ይቕሬታኡን ምሕረቱን ክህበናን ብብዝሒ ምሕረቱ ሓጢኣትና ክሓድግልናን፡ ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ኣንቀጸ ብርሃን

ምስጋናን ውዳሴን ነደ ኣዶናይ።

1. ቅድስትን ብፅዕትን፡ ምስግንትን ብርኽትን፡ ክብርትን ልዕልትን፡ ኣፍ ደገ ብርሃን፡ መዓርግ ሕይወት፡ መሕደሪ መለኮት፡ ቅድስቲ ካብ ቅዱሳን፡ ኣምላኽ ዝወለድኪ ድንግል ማርያም ኣዴና ንስኺ ኢኺ፡ ሥምረት ናይ ኣብ፡ መሕደሪት ወልድ፡ ምጽላል ናይ መንፈስ ቅዱስ ብምባል ተሰመኺ፡ ካብ ኵሉ ፍጥረት ብርኽቲ ኢኺ፡ ንስኺ ኣብ ክንድቲ ናይ ሰማያት ኣርያም ናይ ምድሪ ኣርያም ዝኾንኪ ኢኺ፡ ቅዱሳን ነቢያትን ካህናትን ነገሥታትን ብኣኺ ጌሮም መሰሉ (ተነበዩ)፡ ኣብ ውሽጣ ናይ ኪዳን ጽላት (ታቦት) ዘለዋ ቅድስተ ቅዱሳን ገበሩ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

2. ወዲ ኣምላኽ ካባኺ ብምላዱ፡ ካብ ምድሪ ኣብ ኣርያም ንምሕዳር ብኣኺ ቀረባ ኮንና፡ ብኣኽን ብስም ወድኽን ቀረባ ኴንና ኢና።

ዓሠርተ ቃላት ብኣጻብዑ ዝተጻሕፋ ጐይታ ኵሉ ፍጥረት፡ ወዲ ኣምላኽ ኣባኺ ሓደረ፡ ኣብ ብየማኑ ኾደነኪ፡ መንፈስ ቅዱስ

ኣጽለለኪ፡ ሓይሊ ልዑል ኣጽንዓኪ፡ ኢየሱስ ከኣ ሥጋኺ ለበሰ፡ መጽሓፍ፦ "ኣፍላግ ማይ ሕይወት ካብ ከርሡ ክውሕዝ ኢዩ" ከም ዝበለ፡ እቲ ዝጸምአ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ ኢሉ ጨደረ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

3. ኣቐዲሙ ኣብ፡ ብየውጣ ማለት በጻብዕ እግዚኣብሔር ዝተጻሕፉ ዓሠርተ ቃላት ነገረና፡ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ወድኻ፡ ንስኻ በይንኻ ንዕኡ ኣቦኡ ከም ዝኾንካ፡ ንሱ'ውን በይኑ ወድኻ ከም ዝኾነ ምሂሩና ኢዩ፡ ኣብ ሰማያት ኣደ፡ ኣብ ምድሪ'ውን ኣቦ ከም ዘይብሉ ንኣምን፡ እቲ ካብ ሰማያት ዝወረደ፡ ብዘይካ ኣቦኡ በይኑን፡ ጸራቅሊጦስ መንፈስ ሓቅን፡ እንተ ዘይኮይኑ፡ ምምጽኡ ዝፈልጥ የልቦን፡ ኣብ ከርሥኺ ሓደረ ትሸዓተ ወርሒ ድማ ፆርክዮ፡ ብልደት ወድኺ ሰማያት ተሓንሱ፡ ምድሪ ኸኣ ደስ በላ፡ መልኣኽ ሓንሶስ ኣበሠረ፡ መላእኽቲ ሰማይ ድማ ከምዚ እናበሉ ኣመስገኑ፦ "ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት ምስጋና ይኹን፡ ኣብ ምድሪ ከኣ ሰላምን ሥምረትን ንደቂ ሰብ ይኹን፡" ንሶት'ውን ኣብ ቤተ-ልሔም በቲ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ኣደነቐ፡ ሰብ ጥበብ ኮኾብ ርእዮም ንወድኺ ክሰግዱ ንዓኺ'ውን ከመስግኑ ካብ ርሑቕ ሃገር መጹ፡ እቲ ካብ ምብራቕ ዝመርሖም ኮኾብ ከኣ ክሣብ ቤተ-ልሔም ኣብጽሖም፡ ኣብ ልዕልቲ ንስኺ ምስ ወድኺ ዘሎኽዮ ቦታ ኸኣ ቆመ፡ እቶም ሰብ

ጥበብ ነዚ ርእዮም ከኣ ዓቢይ ሓጐስ ተሓጐሱ፡ ናብኡ ኣተዉ ኣብ ቅድሚኡ'ውን ቆሙ፡ ናብ ምድሪ ወዲቖም ድማ ሰገዱሉ፡ ሣንዱቖም ከፊቱ፡ ወርቅን ከርበን ዕጣንን ከኣ ገጸ በረኽት ኣቕረቡሉ፡ ገጸ በረኽት ኣቕሪብናልካ ኣሎና ዕጣን'ውን ኣቕሪብናልካ ኣሎና፡ ካባኻ ኢዩ ንኽቡር ስምካ ከኣ ኢዩ፡ ኦ ኣምላኽና ምእንቲ ኃጢኣት ሕዝብኻ ልማኖኡምን መስዋዕቶምን ክትቅበል፡ ከምኡውን ሓጢኣቶም ክትሓድገሎም ዝመጻእካ ኢኻ፡ ብምባል ዘመስገኑዎ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

4. ካብ ንጹሓን ንጽሕቲ ንስኺ ኢኺ፡ ሕርይቲ ድንግል ኣብ ቤት መቕደስ ዝተቐመጥኪ፡ ከምቲ ካብ ዘይቀሩንቀሩን ዕንፀይቲ ዝተገብረ ታቦት፡ ብጽሩይ ወርቂ ዝተለበጠን ዝተሸለመን ብዙሕ ዝዋግኡ ዘብርህ ዕንቁ-ባሕሪ፡ ከምኡ ድማ ንስኺ ኣብ ቤተ መቕደስ ነበርኪ፡ መላእኽቲ ከኣ ኩሉ ጊዜ መግብኺ የምጽኡልኪ ነበሩ፡ ብኽምዚ ዝመሰለ ናብራ ብመላእኽቲ እናተጸናናዕኪ ዓሠርተ ክልተ ዓመት ነበርኪ፡ መስተኺ መስተ ሕይወት ኢዩ፡ መግብኺ ድማ ሰማያዊ መግቢ ኢዩ፡ ኣቦኺ ዳዊት ብመሰንቆ ዘመረ፡ ብመንፈስ ትንቢት ድማ ከምዚ እናበለ ቃነየልኪ፦ "ንለየ ስምዒ፡ ርኣዪ፡ እዝንኺ ጽን በሊ፡ ስድራ ቤትክን ኣዝማድክን ረስዒ፡ ከመይ ንጉሥ መልክዕኪ፡ ትሕትናኺ ፈትዩ ኢዩ፡ ንሱ ጐይታኺ ኢዩ፡ ንዕኡ

ከኣ ትሰግዲ፡” ኢሉኪ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

5. ገብርኤል መልኣኽ ካብ ንጹሓን መላእኽቲ ጐድለት ዘይብሉ፡ ካብ ቀዳሞት መላእኽቲ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ገይታ ኸሉ ዝቐውም፡ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ'ሞ ኣንቲ ሕጉስቲ ተፈሥሂ ደስ ይበልኪ እናበለ ኣብሠረኪ፡ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ፡ ካብቲ ገይታ ኩሉ ከኣ ሞገስ (ጸጋ) ረኺብኪ ኢኺ'ሞ እንሆ ክትጠንሲ ወዲ ኸኣ ክትወልዲ ኢኺ፡ ስሙ ኸኣ ኢየሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ፡ ንሱ ዓቢይን ወዲ ልዑልን ክስመ ኢዩ፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ መንበር ኣቦኡ ዳዊት ክህቦ ኢዩ፡ ንቤት ያዕቆብ ከኣ ንዘለዓለም ክነግሥ ኢዩ፡ ንመንግሥቱ'ውን መወዳእታ የብሉን፡ መንፈስ ቅዱስ ናባኺ ክመጽእ ኢዩ፡ ሓይሊ ልዑል ከኣ ከጽልለኪ ኢዩ፡ እቲ ካባኺ ዝውለድ ድማ ቅዱስ ኢዩ፡ ወዲ እቲ ገይታ-ኸሉ ድማ ክስመ ኢዩ ኢሉኪ ኢዩ'ሞ፡ እቲ ካባኺ ዝተወልደ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

6. ንስኺ ቅድስቲ ኣዳራሽ ዝኾንኪ ናይ ቅድስተ ቅዱሳን መቐደስ፡ ናይ ብርሃን መጋረጃ፡ ዘይምርመር መንበር ምስጋና ኢኺ፡ ኦ ቐድስቲ ማርያም ብመቐደስ ቅድስተ ቅዱሳን ንምስለኪ፡ ከምዚ ኢልና ምምሳልና ድማ ስለቲ ናባኺ ዝመጸ ቅዱስ መንፈስን፡ ዘጽለለኪ ሓይሊ ልዑልን ኢና፡ መጋረጃ ብርሃን ምባልና ድማ ቃል-ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ

ከርሥኺ ስለ ዝሓደረ ኢና፡ ናይ ልዑላን ጐይታ፡ መላእኽትን ሊቃነ መላእኽትን፡ መናብርትን ሥልጣናትን፡ ኣጋእዝትን ሓይላትን፡ ሊቃናትን መኳንንትን ዘመስግንዎ ኢዩ፡ ወድኺ ኣብ ምድሪ ኣብ መብልዕ ማል ምስ ወለድኪ ብዙሕ ኣዕይንቲ ዘለዎም ኪሩቤልን፡ ሹዱሽተ ክንፊ ዘለዎም ሱራፌልን ኣኽበቡኺ፡ ናይ ብርሃን ደመና ኽኣ ኣጽለለኪ፡ ሊቃነ መላእኽትን፡ ሠራዊት መላእኽትን፡ ሠራዊት ሰማይን ብፍርሃትን ብምርዓድን ኣብ ቅድሜኺ ደው በሉ፡ ኣብኡ ኽኣ ብኻልእ (ብሓድሽ) ምስጋና ወደሱኺ፡ ኪሩቤልን ሱራፌልን ካብቲ ናይ ሰማያት ምስጋናኣም ዘይኮነ፡ ናይ ቅድም ምስጋናኣም'ውን ዘይኮነ ምስጋና ኣመስገኑኺ፡ እቲ ንኹሉ ፍጥረት ዝምግብ ጐይታኣም ኣብ ሕቑፍኺ ተሓቑፉ ምስ ረኣዩ ንኹሉ ፍጥረት'ውን ዝምግብ ከም ሕፃን ጡብኪ ኪጠቡ ምስ ረኣዩ ኣብ ኣርያም ደለይዎ፡ ኣብኡ ኽኣ ምስ ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ከም ቅድሙ ረኽብዎ፡ ትሕትና ጐይትኣም ምስ ረኣዩ ኣዕይንቶም ናብ ኣርያም ኣልዓሉ (ጠመቱ)፡ ኣኽናፎም ዘርጊሖም ከኣ ንፈጣሪኣም ኣመስገኑ፡ "ጐይታ ኹሉ ንዝኾንካ ኣምላኽ ኣብ ሰማያት ምስጋና ንዓኻ ይኹን" እናበሉ፡ መሊሶም ንዓኺ ንበይንኺ ምስ ወድኺ ኣብ በዓቲ ረኣዩኺ'ሞ "ኣብ ምድሪ ሰላም ይኹን" በሉ፡ ካባኺ ዝወሰዶ ሥጋና ክለብስ ምስ ረኣዩዎ ሥምረቱ ንደቂ ሰብ ይኹን እናበሉ ሰገዱ፡ ነቢይ ዳዊት ብመዝሙር ከምዚ እናበለ ተነበየ፦ "ጐይታ ኹሉ ካብ ሰማይ ካብ ድልው ኣዳራሽ መኾደሱ

ተመልከተ፡ ንኹሉ ደቂ ሰብ ከኣ ረኣየ፡ ንጉሥ ጽባቐኺ መረጸ፡ ናይ ዘለዓለም መዕረፊተይ እዚኣ ኢያ፡ ሓርየያ ኽኣ ኣለኹ ስለዚ ኣብኣ ክሓድር ኢየ።" በለ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

7. ቅድስትን ብፅዕትን፡ ምስግንትን ብርኽትን፡ ክብርትን ልዕልትን፡ ብመሶብ ወርቂ ንምስለኺ፡ ኣብ ውሽጣ ካብ ሰማያት ዝወረደ ሕብስተ-ሕይወት ዘሎኺ ኢኺ፡ ንሱ ንኹሉ ወሃቢ ሕይወት ኢዩ፡ ብእኡ ንዝኣምን፡ ብእምነትን ብቕኑዕ ልብን ካብኡ ንዝበልዕ፡ ምስቶም ብየማኑ ዝቕሙ ዘቕውም ኢዩ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

8. ንስኺ ኢድ ጥበበኛ ሰብ ዘይሠርሓ ናይ ወርቂ ተቕዋም (ቀዋሚ-ቀንዴል) ኢኺ፡ ኣብኣ ኣብታ ተቕዋም መብራህቲ ኣየብርሁን ኢዮም፡ እንታይ ደኣ ናይ ኣብ ብርሃን ባዕሉ ኢዩ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ናባኺ መጸ፡ ኣባኺ ኸኣ ተቕመጠ፡ ብመለኮቱ ድማ ናብ ኩሉ መኣዝናት ዓለም ኣብርሀ፡ ካብ ደቂ ሰብ ጸልማት ኣርሓቕ፡ ብመሕወዪ ቃሉ ኸኣ ኣድሓነና፡ ኣነ ናይ ዓለም ብርሃንየ ብብርሃን እመኑ ብርሃን ከሎኩም ድማ ተመላለሱ ኢሉ ኢዩ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

9. ካብቲ ገይታ ኽሉ ዝተረኽበ (ዝተወልደ) ናይ ኩሉ ገይታ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብቲ ናይ ብሓቂ ገይታ ዝተረኽበ ሓቀኛ ገይታ፡ ዝተወልደ እምበር ፍጡር ዘይኮነ፡ ህልውናኡ ምስ ኣቦኡ ማዕረ ዝኾነ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኾነ ኣብ ምድሪ፡ ኩሉ ብእኡ ዝተፈጥረ፡ ምእንታና ምእንቲ ሰብ ምእንቲ ድሕነትና ካብ ሰማያት ወሪዱ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ለበሰ፡ ሰብ ኮነ፡ ብምምጻኡ ኣብርሃልና፡ ሓጐስን ፍሥሓን ከኣ ነገረና፡ ናብ ኣቦኡ ኣቕረበና፡ መንገዲ ሕይወት መርሓና፡ ንዕኡ ብምእማን ድማ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ሃበና፡ ነቢይ ኢሳይያስ ንትእዛዝ ኢየሱስ ብትንቢቱ ኣደነቐ፡ “ትእዛዝካ ኣብ ምድሪ ብርሃን ኢዩ ድማ በለ፡” ዘካርያስ ካህን ሽማግለ ጻድቕን ንጹሕን፡ ናይቲ ገይታ ኩሉ ትእዛዝ ዝፍጽም ብምድናቕ ተገረመ፡ ኣፉ ከፊቱ ድማ፦ “ብለውሃቱን ብምሕረቱን ንኣምላኽና ካብ ኣርያም ንዝበጽሓና፡ ነቶም ኣብ ጸልማትን ኣብ ጽላሎት ሞትን ዝነበሩ ብርሃኑ (ድሕነቱ) ከርእዮም፡ ነእጋርና ኽኣ ናብ መንገዲ ሰላም ከቕንዕ (ኪመርሕ) ተወልደ፡” በለ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

10. ኦ እግዝእትነ ማርያም በቲ ሰማያውያን ሊቃነ ካህናት በእዳዎም ዝሕዝዎ ማዕጠንተ ወርቂ ንምስለኪ፡ ንሳቶም በቲ ማዕጠንቶም ኣብ ምድሪ ናይ ዘለዉ ጸሎት ኩሎም ቅዱሳን ምእመናን ዘዕርጉ ኢዮም፡ ከምኡ ድማ ብኣማላድነትኪ ናይ

ደቂ ሰብ ልማኖ ኣብ ቅድሚ ሥሉስ ቅዱስ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን የዕርጉ፡ ሓጢኣት ሕዝብኺ ከተስተሥርዩ ካብ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተፈቒዱልኪ ኢዩ፡ ንደቂ ሰብ ናብ ሕይወት ዘለዓለም ከተሲጋግሪ፡ ንምእመናን ሕዝብኺ መድሓኒቶም ክትኮኒ ዝግባኣኪ ኢኺ፡ ኦ መድሓኒት ኩሉ ዓለም ቅድስት ድንግል ማርያም ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ለምንልና።

11. ንስኺ ብርኹቲ ዕንፀይቲ ኢኺ፡ ዕፀ ሕይወትን ዕፀ መድሓኒትን፡ ኣብ ክንዲ እታ ናይ ገነት ዕፀ ሕይወት፡ ኣብ ምድሪ ዕፀ ሕይወት ዝኾንኪ ኢኺ፡ ፍረኺ ፍረ-ሕይወት ኢዩ፡ እቲ ካብኡ ዝበልዐ ድማ ንዘለዓለም ሕይወት ዘለዎ ኢዩ፡ ካባኺ ዕምባባ ተራእየ፡ መኣዛኡ (ሽታኡ) ኸኣ ጥዑም ኢዩ ኣብቶም ዝፈልጥዎ ኣብ ኩሉ ዓለም፡ ዳዊት ብመዝሙር ብዛዕባኡ ተነበየ፦ “መኣዛ ከርበን ዝባድን ሰሊሆትን ካብ ኣልባስኪ ኢዩ፡” እናበለ፡ ሰሎሞን ኣቦኺ'ውን ተነበየ ከምዚ ኸኣ በለ፦ “መኣዛ ኣፍንጫኺ ከም መኣዛ ዕጣን፡ ዝተሓጽረት ናይ ኣታኽልቲ ቦታ፡ ሓውተይ መርዓት፡ ዝተሓጽረት ገነት፡ ዝተኸድነት ዒላ መገድኺ፡ ገነት ምስ ፍረ ኣቅማሕ፡ ቆዕ ምስ ናርዶስ፡ ናርዶስ ምስ መጽርይ፡ ቀጺመታትን ቀናንሞስን፡ ምስ ኩሉ ዕንፀይቲ ሊባኖስ፡ ከርበን ዓልወን፡ ምስ ኩሉ ዝበለጸ ጨናታት፡ ዛራ ገነት ዒላ ማይ ሕይወት ካብ ሊባኖስ ዝውሕዝ፡” በለኪ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

12. ናይ ኣሮን በትሪ ከይተኸልዋን ማይ ከየስተይዋን ኣብ ቤተ መቕደስ ጸዲቓ ዝተረኽበት እሞ ድልውቲ ዝኾነት ዋናኣ ንክህነት ከም ዝተመርጸ ዘርኣየት፡ ንስኺ ድማ ከምኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ብቕድስናን ብንጽህናን ነበርኪ፡ ብኽብርን ብዓቢይ ፍሥሓን ከኣ ካብ ቤተ መቕደስ ወጻእኪ፡ ካባኺ ድማ ናይ ብሓቂ ፍረ ሕይወት ዝኾነ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ተወልደ፡ ኦ ቕድስቲ ከምቲ ካብ መልኣኽ ዝተረዳእክዮ ብዘይ ሩካቤ ወዲ ረኸብኪ፡ “መንፈስ ቅዱስ ናባኺ ክመጽእ ኢዩ፡ ሓይሊ ልዑል'ውን ከጽልለኪ ኢዩ፡” በለኪ፡ ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

13. ንሰብኡትን ኣንስትን ኣገልገልትኺ ብስም ወድኺ ንዝኣመንና፡ ናብ ወድኺ ከተማልድና ይግባኣኪ ኢዩ፡ ኦ ምልእተ ጸጋ፡ ኦ ምውሓዝ ፍስሓ፡ ካብ ኪሩቤል ብዙሕ ዘሚንቶም፡ ካብ ሱራፌል ሹዱሸት ዘኽናፎም ኣጸቢቕ ዝዓበየ ግርማ መልክዕ (ትርኢት) ኣሎኺ፡ ንሳቶም ካብ መለኮት ወድኺ ዝወጽእ እሳት ምእንቲ ክድሕኑ፡ ገጾምን እግሮምን ብኣርኣያ ትእምርተ መስቀል ይሸፍኑ፡ ንስኺ ግና ንመለኮት መሕደሪት ኮንኪ፡ እሳተ መለኮት ከኣ ኣየቃጸለክን፡ ነበልባል ሓዊ ተሰከምኪ ነበልባል መለኮት ከኣ ኣየንደደክን፡ በታ ሙሴ ብነበልባል ሓዊ ተኸቢባ እሞ ቁጽላ ኸኣ ዘይተቓጸለ ዝረኣያ ዕፀ- ጳጦስ (ኪለዓው) ተመሰልኪ፡ ከምኡ ድማ ጐይታ ሓያላን፡ ኮለንትናኡ ፍጹም እሳት ዝኾነ ንዓኺ ኣየቃጸለክን፡ ንስኺ ናይ

ብሓቂ ንኹሉ ወገን ክርስቲያን መመክሒት ኢኺ፡ ብኣኺ ድማ ካብ ምድሪ ናብ ኣርያም ቀረባ ኮንና፡ እዚ ኽኣ ወዲ ኣምላኽ ካባኺ ብምውላዱ ኢዩ፡ ንነፍሳትና ሕይወት እትልምኒ፡ ነቶም ብጸሎትኪ ዝኣምኑ ጸጋዊት ምሕረት ኢኺ፡ ናብ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ለምንልና፡ ንዕኡን ነቦኡን ንመንፈስ ቅዱስን ብምእማን፡ ብቕንዕቲ ሃይማኖት ከጽንዓና፡ ምሕረቱን ይቕሬታኡን ክህበና፡ ብብዝሒ ምሕረቱ ሓጢኣትና ክሓድገልና ለምንልና፡ ኦ ወላዲት ጐይታ-ኹሉ ምስጋና ይኹንኪ፡ ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ክብርን ምስጋናን፡ ሎምን ኩሉ ሣዕን ንዘለዓለመ ዓለም ይኹን፡ ኣሜን! ወድኺ ምሕረቱ ክኸፍለና ቅድስት ድንግል ለምንልና።

ጠቓሚ ጥቕስታትን ምኽርታትን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ

መጀመርታ ፍጥረት፡ ዘፍጥረት፦ ካብ ምዕራፍ 1 ክሣብ ምዕራፍ 4።

ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማያትን ምድርን ፈጠረ፡ ብርሃን ይኹን በለ ብርሃን ድማ ኮነ፡ ነቲ ብርሃን መዓልቲ ኢሉ ሰመዮ፡ ነቲ ጸልማት ድማ ለይቲ ኢሉ ሰመዮ፡ እዚ ብቐዳመይቲ መዓልቲ ኮነ፡ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘሎ ማያት ካብ ጠፈር ፈለዮ፡ ሣልሳይ መዓልቲ ንማያት ናብ ቦታኡ ኣትሓዩ፡ ምድሪ ብቑልን በብዓይነቱ ዝፈሪ ዘርኢ ሣዕርን ኣእዋምን ተውጽኢ በለ፡ ራብዓይ መዓልቲ ንዘመናትን መዓልታትን ዓመታትን ንመፈለጥታ ዝኾኑ ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃናት ፀሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ገበረ፡ ሓሙሻይ መዓልቲ ኣብ ባሕርን ኣብ ምድርን ዝነብሩ ሕይወት ዘለዎም ፍጥረት እንስሳታት ፈጠረ፡ ሻዱሻይ መዓልቲ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንፍጠር በለ፡ ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ፡ ኣምላኽ ካብ ምድሪ ሓመድ ወሲዱ ንሰብ ገበሮ ኣብ ኣፍንጫኡ ሕይወት ዝህብ ትንፋስ ኡፍ በለሉ‘ሞ ሰብ ከኣ ሕይወት ዘለዎ ኮነ፡ ሻብዓይ መዓልቲ ኣምላኽ ካብቲ ዝገብሮ ዝነበረ ኩሉ ግብሩ ኣዕረፈ፡ በታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ስለ ዘዕረፈ ባረኻን ቀደሳን።

እግዚኣብሔር ኣብ ኤደን፡ ገነት ተኸለ ሕይወት እትህብን እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦምን ከኣ ኣብ ማእከል ገነት ነበራ፡ ንኣዳም ከኣ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ብላዕ ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ኣይትብላዕ፡ እንተ በሊዕካ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ በሎ፡ እግዚኣብሔር ሰብኣይ በይኑ ክነብር ጽቡቕ ኣይኮነን ንዕኡ እትሰማማዕ ደጋፊት ክገብረሉ ኢሉ ከቢድ ድቃስ ኣውደቐሉሞ ካብ ገድኑ ሓንቲ መሰንገለ ወሲዱ ነታ መሰንገለ ሰበይቲ ጌሩ ሰርሓ፡ ናብ ኣዳም ኣምጽኣ፡ ኣዳም ከኣ ዓጽሚ ካብ ዓጽመይ፡ ሥጋ ካብ ሥጋይ ኢያ'ሞ ሰበይቲ ትበሃል በለ፡ ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ይወሃድ፡ ሓደ ኣካል ድማ ይኾኑ፡ ኣዳም ከኣ ንሰበይቱ ሔዋን ኢሉ ሰመያ።

እግዚኣብሔር ካብ ዝፈጠሮ ኩሉ ኣራዊት መሮር ተመን ኣዝዩ ገሮሓ ነበረ፡ ነታ ሰበይቲ ኸኣ ካብታ እግዚኣብሔር ካብኣ ኣይትብልዎ ኢሉ ዝኣዘዞም ኦም ገነት ከም ዝበልዉ ጌሩ ኣስሓታ፡ ንሳ ድማ ንርእሳ በሊዓ ንሰብኣያ ኸኣ ሃበቶ'ሞ በልዐ፡ ሽዑ ጥራዮም ምኻኖም ፈለጡ ቄጽሊ በለስ ከኣ ተዓጥቁ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ትእዛዙ ስለ ዝጠሓሱ ንተመን ካብ ኩሉ እንስሳ ርጉም ኩን፡ ብኸብድኻ ኪድ፡ ሓመድ ብላዕ፡ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን፡ ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ መንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣለኹ፡ ንሱ ርእስኻ ክጭፍልቕ ኢዩ፡ ንስኻ ድማ ሸኾናኡ ክትነክስ ኢኻ፡

ኢሉ ረገሞ። ነታ ሰበይቲ ከኣ ኣብ ወርሓት ጥንስኺ መከራ ከብዝሕ ኢየ፡ ደቂ ውን ብጻዕሪ ክትወልዲ ኢኺ፡ ድሌትኪ ናብ ሰብኣይኪ ክኸውን ኢዩ፡ ንሱ ውን ክመልከኪ ኢዩ፡ በላ። ንኣዳም ከኣ ቃል ሰበይትኻ ስለ ዝሰማዕካ ካብታ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦም ስለ ዝበላዕካ ምድሪ ብሰንክኻ ርግምቲ ትኹን፡ ኩሉ ዘመን ሕይወትካ እንጌራኻ ካብኣ ብጻዕሪ ብላዕ፡ እሾኾን ተኹርባን ተብቑለልካ፡ ካብኣ ኢኻ ተፈጢርካሞ ናብታ ዝተፈጠርካላ ምድሪ ክሳዕ እትምለስ እንጌራኻ ብረሃጽካ ብላዕ፡ ከመይ መሬት ኢኻሞ ናብ መሬት ከኣ ክትምለስ ኢኻ፡ በሎ። እግዚኣብሔር ከኣ ንኣዳም ነታ ዝተፈጥረላ ምድሪ ምእንቲ ኪዓያ ካብ ገነት ኤደን ኣውጽኦ፡ ነታ ናብ ኦም ሕይወት እትወስድ መገዲ ዚሕልዉ ኪሩቤልን ሃልሃል እትብል እተንበልብል ሰይፍን ብሸነኽ ምብራቕ ገነት ኤደን ኣቐመጠ።

ኣዳምን ሔዋንን ብመጀመርታ ንቃየል ወለዱ ድሕሪኡ ኸኣ ንኣቤል፡ ቃየል ከኣ ንኣቤል ሓዉ ቀተሎ፡ መተካእታ ኣቤል ከኣ ንሴት ወለዱ፡ ብድሕሪኡ ድማ ኣወዳትን ኣዋልድን ወለዱ፡ ኣዳም ክመውት ከሎ ዕድሚኡ 930 ዓመት ነበረ።

<u>ዕድመ ቀዳሞት ኣቦታትን፡ ወለዶ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን።</u>

1. ኣዳም ንሴት ወለደ፡ 930 ዓመት ገበረ፡

2. ሴት ንሄኖስ ወለደ፡ 913 ዓመት ገበረ፡

3. ሄኖስ ንቃይናን ወለደ፡ 905 ዓመት ገበረ፡

4. ቃይናን ንመላልኤል ወለደ፡ 910 ዓመት ገበረ፡

5. መላልኤል ንያሬድ ወለደ፡ 895 ዓመት ገበረ፡

6. ያሬድ ንሄኖክ ወለደ፡ 962 ዓመት ገበረ፡

7. ሄኖክ ንማቱሳላ ወለደ፡ 365 ዓመት ምስ ገበረ ተሠወረ፡

8. ማቱሳላ ንላሜክ ወለደ፡ 969 ዓመት ገበረ፡

9. ላሜክ ንኖኅ ወለደ፡ 777 ዓመት ገበረ፡

10. ኖኅ ንሴም ወለደ፡ 950 ዓመት ገበረ፡

11. ሴም ንኣርፋክስድ ወለደ፡ 600 ዓመት ገበረ፡

12. ኣርፋክስድ ንሸላሕ ወለደ፡ 438 ዓመት ገበረ፡

13. ሸላሕ ንዔበር ወለደ፡ 433 ዓመት ገበረ፡

14. ዔበር ንፈሌግ ወለደ፡ 464 ዓመት ገበረ፡

15. ፈሌግ ንረጉ ወለደ፡ 239 ዓመት ገበረ፡

16. ረጉ ንሴሩግ ወለደ፡ 239 ዓመት ገበረ፡

17. ሴሩግ ንናሆር ወለደ፡ 230 ዓመት ገበረ፡

18. ናሆር ንታራ ወለደ፡ 148 ዓመት ገበረ፡

19. ታራ ንኣብርሃም ወለደ፡ 205 ዓመት ገበረ፡

20. ኣብርሃም ንይስሓቅ ወለደ፡ 175 ዓመት ገበረ፡

21. ይስሓቅ ንያዕቆብ ወለደ፡ 180 ዓመት ገበረ፡

22. ያዕቆብ ንይሁዳ ወለደ፡ 147 ዓመት ገበረ፡

23. ይሁዳ ንፋሬስ ወለደ፡

24. ፋሬስ ንኤስሮም ወለደ፡

25. ኤስሮም ንኣራም ወለደ፡

26. ኣራም ንኣሚናዳብ ወለደ፣

27. ኣሚናዳብ ንነኣሶን ወለደ፡

28. ነኣሶን ንሰልሞን ወለደ፡

29. ሰልሞን ንቦኤዝ ወለደ፡

30. ቦኤዝ ንኢዮቤድ ወለደ፡

31. ኢዮቤድ ንእሴይ ወለደ፡

32. እሴይ ንዳዊት ወለደ፡

33. ዳዊት ንሰሎሞን ወለደ፡

34. ሰሎሞን ንሮብዓም ወለደ፡

35. ሮብዓም ንኣብያ ወለደ፡

36. ኣብያ ንኣሳፍ ወለደ፡

37. ኣሳፍ ንኢዮሳፍጥ ወለደ፡

38. ኢዮሳፍጥ ንኢዮራም ወለደ፡

39. ኢዮራም ንያዝያ ወለደ፡

40. ያዝያ ንኢዮኣታም ወለደ፡

41. ኢዮኣታም ንኣካዝ ወለደ፡

42. ኣካዝ ንሕዝቅያስ ወለደ፡

43. ሕዝቅያስ ንምናሴ ወለደ፡

44. ምናሴ ንኣሞጽ ወለደ፡

45. ኣሞጽ ንኢዮስያስ ወለደ፡

46. ኢዮስያስ ንኢኮንያን ወለደ፡

47. ኢኮንያን ንሰላትኤል ወለደ፡

48. ሰላትኤል ንዘሩባቤል ወለደ፡

49. ዘሩባቤል ንኣብዩድ ወለደ፡

50. ኣብዩድ ንኤልያቄም ወለደ፡

51. ኤልያቄም ንኣዛር ወለደ፡

52. ኣዛር ንሳዶቅ ወለደ፡

53. ሳዶቅ ንኣኪም ወለደ፡

54. ኣኪም ንኤልዩድ ወለደ፡

55. ኤልዩድ ንኣልኣዛር ወለደ፡

56. ኣልኣዛር ንማታንን <u>*ቅስራን ወለደ፡</u>

57. ማታን ንያዕቆብ ወለደ፡

58. ያዕቆብ ንዮሴፍ ወለደ፡

59. ዮሴፍ ከኣ ሓላዊ ቅ/ማርያም ኢዩ።

<u>*ቅስራ ንኢ.ያቄም ወለደ፡</u> ኢ.ያቄም ከኣ

ነዴና ቅ/ድ/ማርያም ወለደ፡ ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣ

ንገሠይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ወለደት። ዘፍ.5፡1-32። ዘፍ.11፡10-32። ማቴ.1፡1-17።

***ዮሴፍን ቅድስት ማርያምን ደቂ ሓወቦታት ኢዮም፡ ብልማድ ዕብራውያን ወለዶ ብወዲ ተባዕታይ ስለ ዝቑጸር፡ ወንጌላዊ ማቴዎስ ብእንዳ ወዲ ከይዱ ንዮሴፍ ቆጸረ፡**

ዓሠርተ ትእዛዛት

1. ብዘይካ እግዚኣብሔር ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይተምልኽ።

2. ስም እግዚኣብሔር ብኽንቱ ኣይትጸውዕ።

3. መዓልቲ ሰንበት ኣኽብር።

4. ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር።

5. ኣይትቕተል።

6. ኣይትዘሙ።

7. ኣይትስረቕ።

8. ብሓሶት ኣይትመስክር።

9. ዘይገንዘብካ ኣይትመነ። ዘጸ.20፡1-17

10. ብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅር። ዘሌ.19፡18

❖ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ቅዱስ ኢየ'ሞ ቅዱሳን ኩኑ። *ዘሌ.19፣2*

❖ ብሕግጋተይ እንተ ኸድኩም፡ ትእዛዛተይ ከኣ ኣጸቢቕኩም እንተ ሓሎኹም፡ ኣነ ዝናም ብጊዚኡ እህበኩም፡ ምድሪ ድማ እኽላ ኽትህብ ኢያ። ኣእዋም መሮር ከኣ ፍሪአን ክህባ ኢየን። መኼዳኹም ክሳዕ ምቕንጣብ ወይኒ ይጸንሕ፡ ምቕንጣብ ወይኒ ኸኣ ክሳዕ ዘርኢ ይጸንሕ። እንጌራኽም በሊዕኩም ትጸግቡ፡ ኣብ ምድርኽም ከኣ ሃዲእኩም ትቕመጡ። ኣብ ምድርኽም ሰላም ክህብ ኢየ፡ ንስኻትኩም ከኣ በጥ ክትብሉ ኢኹም፡ ዘፍርሓኩም እውን ኣይክህሉን ኢዩ። ንሕሉማት ኣራዊት ካብታ ምድሪ ኸጥፍኦም ኢየ። ኩናት ድማ ኣብ ሃገርኩም ኣይክኸውንን ኢዩ።... *ዘሌ.26፡1-13*

❖ ኦ እስራኤል ስማዕ! እግዚኣብሔር ኣምላኽና በይኑ እግዚኣብሔር ኢዩ፡ ንስኻ ድማ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን፡ ብኹሉ ነፍስኻን፡ ብኹሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ፡ ነዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ቃላት ኣብ ልብኻ ዕቕሮ፡ ንደቅኻ መሃሮም፡ ኣብ ቤትካ ኮፍ ምስ በልካን፡ ኣብ መገዲ ክትከይድ ከሎኻን፡ ኣብ ምድቃስካን ኣብ ምትንሳእካን ብእኡ ተዛረብ። ንምልክት ኪኾነካ ኣብ ኢድካ እሰሮ፡ ኣብ ልዳት ቤትካን ኣብ ማዕጸ ኣፍ ደጌኻን ድማ ጽሓፎ። *ዘዳ.6፣4-9*

❖ ሰብ ካብ ኣፍ እግዚኣብሔር ብዚወጽእ ኩሉ ቓል ደኣ እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን ኢዩ። *ዘዳ.8፣3*

❖ ደድሕሪ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ሰዓቡ፡ ንዕኡ ፍርሁ፡ ትእዛዛቱ ሓልዉ፡ ቃሉ ስምዑ፣ ንዕኡ ኣገልግሉ፡ ምስኡ'ውን ልገቡ፡ *ዘዳ.13፣4*

❖ ሕይወትን ሞትን፡ በረኸትን መርገምን ኣብ ቅድሚኹም ኣንቢረልኩም ከም ዘሎኹ ሎሚ ሰማይን ምድርን ምስክረይ ኢዮም። እምበኣርሲ ንስኻትኩምን ዘርእኹምን ብሕይወት ምእንቲ ኽትነብሩ፡ ሕይወት ሕረዩ። *ዘዳ.30፡19*

❖ እተን ጥንታውያን መዓልታት ዘክር፡ ነቲ ቐደም ዝሓለፈ ወለዶታት ዘክር። ኣስተብህል፡ ነቦኻ ሕተቶ ንሱ ኽነግረካ ኢዩ፡ ዓበይትኻ'ውን ኬግህዱልካ ኢዮም። *ዘዳ.32፡7*

❖ ነቲ ኣብኡ ዝተጻሕፈ (ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ) ምእንቲ ተጠንቂቕካ ክትገብሮስ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር ነዚ መጽሓፍ ሕጊ'ዚ ካብ ኣፍካ ኣይትፍለዮ፡ ሽዑ መገድኻ ክቕንዓካን ክሰልጠካን ኢዩ፡ *ኢያሱ.1፣8*

❖ ንመን ከም እተገልግሉ .....ሎሚ ሕረዩ፡ ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሔር ኢና እነገልግል፡ *ኢያሱ.24፣15*

❖ ኣነ እግዚኣብሔር ከም ኣረኣእያ ሰብ ኣይርእን ኢየ፡ ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ ኢዩ ዝርኢ፡ ኣነ እግዚኣብሔር ግና ልቢ ኢየ ዝርኢ፡ በሎ ንሳሙኤል። *1ሳሙ.16፣7*

❖ እትገብሮ ዘበለ ኽሉን ኣብ እትኽዶ ዘበለ ኽሉን ምእንቲ ክቕንዓካስ፡ ከምቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ ተጻሒፉ ዘሎ፡ ንትእዛዛት እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሓሉ። ከም ፍቓዱ ንበር፡ ሕግጋቱን ትእዛዛቱን ሥርዓቱን ድማ ሓሉ። *1ነገ.2፡3*

❖ እግዚኣብሔር ንሰሎሞን እንታይ ከም ዝህበካ ለምን በሎ'ሞ፡ ሰሎሞን ከኣ "ንኣይ ንባርያኻ ኣብ ክንዲ ኣቦይ ዳዊት ኣንገሥካኒ፡ ምምሕዳር ዘይፈልጥ ንእሽቶይ ገመበዝ ኢየ፡ ኣብ ማእከል እዚ ንስኻ ዝሓረኻዮ ሕዝቢ ካብ ምብዛሑ ዝተላዕለ ዘይቑጸርን ዘይጽብጸብን ብዙሕ ሕዝቢ ኢየ ዝነብር ዘሎኹ፡ እምበኣርሲ ኣብ መንጎ ጽቡቕን ክፉእን ፈልየ፡ ንሕዝብኻ ብቕንዕና ምእንቲ ከመሓድርሲ ንዓይ ንባርያኻ ዜስተውዕል ልቢ ሃበኒ"፡ ኢሉ ለመነ። እዚ ልመና'ዚ ነገሩ ንገይታ ባህ ኣበሎ፡ ኣምላኽ ከኣ "ብቕንዕና ከተመሓድር ምስትውዓል እምበር ነዊሕ ዕድመ ወይ ሃብቲ ወይ ሞት ጸላእትካ ኣይለመንካን፡ እነሆ ከምቲ ዝለመንካኒ ገይረልካ ኣለኹ፡ ብልሀን ዜስተውዕል ልብን ሂበካ ኣለኹ፡ እዚ ህያብ'ዚ ቅድሚኻ ንዝነበረ ኣይሃብኩን ብድሕሬኻ ውን ከማኻ ዝበለ ኣይኪህሉን ኢዩ፡ ምስኡ ድማ ብኽሉ ዘመንካ ካብ ነገሥታት ከማኻ ዝበለ ዘይረኸቦ ዘይለመንካኒ ሃብትን ክብረትን ሂበካ ኣለኹ፡ ከም ኣቦኻ ዳዊት ሕግጋተይን ትእዛዛተይን እንተ ሓሎኻ ብመገደይ ድማ እንተ ኽድካ ዕድሜኻ ከንውሕ ኢየ" በሎ። *1ነገ.3፣5-15.*

❖ እግዚኣብሔር ድማ ንሰሎሞን ከምዚ በሎ፡- “እቲ ኣብ ቅድመይ ዝተማህለልካዮ ጸሎትካን ምህለላኻን ሰሚዐዮ ኣሎኹ። ነዛ ዝሠራሕካያ ቤት መቕደስ ስመይ ክሣዕ ዘለዓለም ኣብኣ ብምንባር ቀዲሰያ ኣለኹ። ዓይነይን ልበይን ከኣ ንሓዋሩ ኣብኣ ኽነብራ ኢየን። *1ነገ.9፡3*

❖ ንስኻትኩም ምስ እግዚኣብሔር እንተ ኾንኩም ንሱ ኽኣ ምሳኻትኩም ክኸውን ኢዩ። እንተ ደሌኹምዎ ድማ ክርከበልኩም ኢዩ። ንስኻትኩም እንተ ሓደግኩምዎ ግና ንሱ ኽኣ ኪሓድገኩም ኢዩ። *2ዜና.15፡2*

❖ ኣምላኽ ምእንቲ ክሕልወና ኽኣ ጸምናን ጸሌናን፡ ንሱ ድማ ሰምዓና። *እዝራ.8፡23*

❖ ኣምላኽ ሰማይ ኬቕንዓልና ኢዩ እሞ ንሕና ባሮቱ ተንሢእና ኽንዓዱ ኢና። *ነህ.2፡20*

❖ ኢዮብ ኣብ ግዜ ሽግሩ "ጥራየይ ኢየ ካብ ከርሢ ወላዲተይ ዝወጻእኩ፡ ጥራየይ ከኣ ናብ መቓብር ክኣቱ ኢየ፡ እግዚኣብሔር ሃበ እግዚኣብሔር ድማ ወሰደ፡ ስም እግዚኣብሔር ይባረኽ" ኢሉ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ሰገደ፡ *ኢዮብ.1፣20-21*

❖ ሽዑ ሰበይቱ "ገናዶ ከም ቀደምካ ፍጹም ኺንካ ትነብር ኣሎኻ፡ ንኣምላኽ ግዳ ክሒድካ ዘይትመውት" በለቶ። ኢዮብ ግና "ንስኺ ከም ኣዘራርባ ዓሻ ሰበይቲ ትዛረቢ ኣለኺ፡ ካብ ኣምላኽ ሠናይ ነገር ካብ ተቐበልና፡ ኑቲ እኩይ ነገርከ ኽንቅበሎዶ ኣይግብኣናን ኢዩ" በላ፡ ኢዮብ ቡቲ ዝበጽሖ ዅሉ

ነገር ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሔር ክፉእ ብምዝራብ ኣይሓጥኣን። *ኢዮብ.2፣10*

❖ እቲ ኣምላኽ ዝግሥጾ ሰብሲ ብዑዕ ኢዩ፡ ስለዚ ንመኾቓዕቲ እቲ ኩሉ ዚኽእል ኣይትንዓቆ፡ እግዚኣብሔር ነቲ ንሱ ዘቑሰሎ ይዝንኖ፡ ኢዱ የቑስለካ፡ ኢዱ የሕውየካ። *ኢዮብ.5፣17-18*

❖ መኾቓዕቲ ኃጢኣትሲ ሰይፊ ኢዩ'ሞ ንሰይፊ ፍርህዎ። *ኢዮብ.19፡29*

❖ ...ንምድሪ ኣብ ሃዋህው የንጠልጥላ። ንማያት ኣብ ደመና ይዓቑሮ፡ እቲ ደመና'ውን ብብዝሒ ማያት ኣይቅደድን። ...እዚ ኻብቲ ዓቢይ ሥልጣኑ ሓደ ጫፍ ጥራይ ኢዩ። እቲ እንሰምየ ኽኣ ሕሹኹሹኹ ጥራይ ኢዩ። ነቲ ዓቢይ ሥልጣኑ ደኣ መን ከስተውዕሎ ይኽእል፧ *ኢዮብ.26፡7-14*

❖ ንእግዚኣብሔር ምምላኽ ጥበብ ኢዩ፡ ካብ ክፉእ ምርሓቕ ከኣ ምስትውዓል ኢዩ። *ኢዮብ.28፣28*

❖ ሰብ ደኣ ኣየቕልብን ኢዩ እምበር፡ ኣምላኽሲ ብብዙሕ መገዲ ደጋጊሙ ይዛረብ ኢዩ። *ኢዮብ.33፣14*

❖ እግዚኣብሔር ንዝናማቱ ወይ ንመኾቓዕቲ ምድሪ ወይ ንምሕረት የውርዶም። *ኢዮብ.37፡13*

<u>ካብ መዝሙር ዳዊት፦</u>

❖ **ምኽሪ ክፉኣት ሰባት ዘይሰምዕ፡ ብመገዲ ኃጥኣን ከኣ ዘይከይድ፡ ኣብ ኣኼባ መላገጽቲ ድማ ዘይጽምበር፡ እኳ ደኣ ንሕጊ እግዚኣብሔር ብምእዛዝ ዝሕጐስ፡ ነቲ ሕጉ'ውን ለይትን መዓልትን ዜስተንትኖ ሰብ ብፁዕ (ዕዉት) ኢዩ።** *መዝ.1፣1-2*

እግዚኣብሔር ኣብ ቅድስቲ መቕደሱ ኣሎ። ንዝፋኑ ኣብ ሰማያት ገበሮ፡ ብቁላሕታኡ ንደቂ ሰብ ይዕዘቦም። ዚገብርዎ ኹሉ ኽኣ ይፈልጥ። እግዚኣብሔር ንጻድቕን ንኃጥእን ማዕረ ገይሩ ይምርምሮም። ንኽፉእ ሰብን ንፈታው ግፍዕን ከኣ ይጽየፎም። *መዝ.11፡4-5*

❖ **ሕጊ እግዚኣብሔር ፍጹም ኢዩ፡ ሓድሽ ሕይወት ይህብ። ትእዛዝ እግዚኣብሔር እሙን ኢዩ፡ ንገርህታት ጥበብ ይህቦም። ሕጊ እግዚኣብሔር ቅኑዕ ኢዩ፡ ነቶም ዚእዘዝዎ የሓጕሶም። ትእዛዝ እግዚኣብሔር ንጹህ ኢዩ፡ ንኣእምሮ ምስትውዓል ይህብ። ንእግዚኣብሔር ምፍራህ ጽቡቕ ኢዩ፡ ንዘለዓለም የንብር። ፍርድታት እግዚኣብሔር ሓቂ ኢዩ፡ ኵሉ ግዜ ውን ቅኑዕ ኢዩ።** *መዝ.19፣7-9*

❖ **እግዚኣብሔር ጓሳይየይ ኢዩ፡ ዚጐድለኒ የብለይን... ...ኣብ ቤትካ ኽኣ ንዘለዓለም ክነብር ኢየ።** *መዝ.23፡1*-6

❖ **እግዚኣብሔር ነቲ ንዕኡ ዚፈርህ ሰብ፡ በታ ንሱ ዝኃረያ መገዲ ኪኸይድ ይመርሖ።** *መዝ.25፣12*

❖ ኮራኡ ንቐጽበት ዓይኒ ኢዩ። ጸጋኡ ግና ንምሉእ ዕድመ ይጸንሕ። ምሸት እኳ ብኽያት እንተኾነ ንግሆ ግና እልልታ ይኸውን። *መዝ.30፡5*

❖ መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ንእግዚኣብሔር ዚፈርሕዎ ይሰፍር፡ ካብ ድንገት ከኣ የናግፎም። እግዚኣብሔር ሠናይ ምኻኑ ርኣዩን ጥዓሙን፡ ኣብኡ ዚውከል ሰብ ብፁዕ ኢዩ። *መዝ.34፣7-8*

❖ ጽቡቐ ክነብር ዝደሊ መን ኢዩ፧ ሓጕስ ዝመልኦ ነዊሕ ዕድመ ክረክብ ዝደሊኽ መን ኢዩ፧ እምበኣር ክፉእ ካብ ምዝራብ ተኸልከል፡ ሓሶትኦውን ካብ ኣፍካ ኣይውጻእ። ካብ እከይ ርሓቐ ሠናይ ከኣ ግበር። ንሰላም ድለያ ሰዓቦውን። *መዝ.34፡12-14*

❖ ቅሩብ እግዚኣብሔር ለየዋሃን ልብ። (እግዚኣብሔር ነቶም ለዋህ ልቢ ዘለዎም ቀረባኦም ኢዩ።) *መዝ.፴፫ (34፣18)*

❖ ወኢይኔስሑ ኵሎሙ እለ ይትዌከሉ ቦቱ፣ (ካብቶም ኣብኡ ዝዕቄቡ ኽኣ ሓደ እኳ ኣይኪሓፍርን ኢዩ) *መዝ.፴፫ (34፣22)*

❖ ኦ ኣምላኽ ምሕረትካ ኽንደይ ክቡር ኢዩ፡ ደቂ ሰብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፍካ የጽልሉ። ብሃብቲ ቤትካ ተጽግቦም፡ ብወሓዚ ለውሃትካ ተርውዮም። መበቈል ሕይወት ንስኻ ኢኻ፡ ብብርሃንካ ብርሃን ንርኢ ኣሎና። *መዝ.36፡7-9*

❖ ንኽፉእ ሰብ፡ ኣብ ቦታኣ ጥዒምዋ ኸም ዝለምዐት ኣም ኮይኑ ረኣኽዎ። ምልስ እንተ በልኩ ግና ሰኣንክዎ፡ እንተ ደሌኽዎ ድማ ኣይረኽብክዎንን። *መዝ.37፡35-36.*

❖ ንድኻ ዚሓልየሉ ሰብ ብፁዕ ኢዩ፣ እግዚኣብሔር ከኣ ብመዓልቲ መከራ ኬናግፎ ኢዩ። *መዝ. 41፣1*

❖ እታ ንግሥቲ ጽሩይ ወርቂ ተሰሊማ ኣብ የማንካ ትቕውም። *መዝ.45፡9*

❖ ኣምላኽ ብዕልልታ፡ እግዚኣብሔር ብደሃይ መለኸት ዓረገ። ዘምሩ፡ ምስጋና ንኣምላኽ ዘምሩ። ዘምሩ፡ ምስጋና ንንጉሥ ዘምሩ። *መዝ.47፡5-6*

❖ ...ሽሕ እኳ ናትና ዚብልዎ መሬት እንተ ነበሮም፡ ናይ ዘለዓለም ኣባይቶም መቓብሮም ኢዩ፡ ንሓዋሩ ድማ ኣብኡ ይነብሩ። ንሰብ ሃብቱ ካብ ሞት ኣየድሕኖን ኢዩ፡ ከም እንስሳ ኽመውት ኢዩ። *መዝ.49፡1-12*

❖ ኣምላኽና ክመጽእ ኢዩ፡ ግናኽ ሰላሕ ኢሉ ኣይኮነን ዝመጽእ ኣብ ቅድሚኡ ዝባላዕ ሓዊ ኣሎ፡ ህቡብላ ንፋስ'ውን ይኸቦ። *መዝ.50፡3*

❖ ...ኦ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ፡ ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ። ካብ ገጽካ ኣይትደርብየኒ፡ ቅዱስ መንፈስካ ውን ኣይተግድፈኒ። ሓጐስ ምድሓንካ ምለሰለይ፡ ፈትየ ኽእዘዘካ ደግፈኒ።... *መዝ.51፡1-19*

❖ ያርካ ናብ እግዚኣብሔር ደርብዮ፡ ንሱ ኪድግፈካ ኢዩ። *መዝ. 55፣22.*

❖ ካብ ፍላጻ ጸላኢ ምእንቲ ኽድሕኑ ነቶም ዝፈርሁኻ ሰንደቕ ዕላማ ሃብካዮም። *መዝ.60፡4*

❖ ንዓመት ብሣህልኻ ትኽልላ፡ ንስኻ ኣብ ዘለኻዮ ጽጋብ ኣሎ። *መዝ.64፡11*

❖ እመሰ ዓመፃ ይሬኢ ውስተ ልብየ፡ ኢይሰምዓኒ እግዚኣብሔር። (ኃጢኣተይ ከይተነሳሕኩ ኣብ ልበይ እንተ ዝሕዞ፡ እግዚኣብሔር ኣይምሰምዓንን ኔሩ።) *መዝ.፷፮ (66፣18)*

❖ እቶም ኩሉ ጊዜ እናወደሱኻ ኣብ ቤትካ ዝነብሩ፡ ኣየ ኽንደይ ተዓዊቶም። *መዝ.84፡4*

❖ ዕድሜና ሰብዓ ዓመት፡ እንተ በዝሐ ኽኣ ሰማንያ ዓመት ኢዩ፡ እዚ ኽኣ ጻዕርን መከራን ኢዩ ዜምጽኣልና።... ጥበበኛታት ምእንቲ ኽንከውንሲ እቲ ዕድሜና ሓጺር ምኻኑ ምሃረና። *መዝ.90፡10-12*

❖ ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ዚሓድር፡ ኣብ ጽላል እቲ ኹሉ ዚኽእል ይነብር፡ *መዝ.91፣1*

❖ እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ "ንቲ ብልቢ ዘፍቅረኒ ከናግፎ ኢየ፡ ኣምላኽ ምኻነይ ስለ ዝፈለጠ ክሕልዎ ኢየ፡ ክጽውዓኒ ከሎ ክመልሰሉ ኢየ፡ ብጸበባ ምስኡ ክኸውን ኢየ፡ ከናግፎን ከኽብሮን ኢየ፡ ነዊሕ ዕድመ ከጽግቦ ኢየ፡ ምድሓነይ'ውን ከርእዮ ኢየ። *መዝ.91፣14-16*

❖ ጻድቃን ከም ስየ ይልምልሙ፡ ከም ጽሕዲ ሊባኖስ ይዓብዩ። *መዝ.92፡12*

❖ ኣቱም ዓያሹ መኣስ ኢኹም እትልብሙ፡ እቲ እዝኒ ዝፈጠረ ኣምላኽሲ ዘይሰምዕዶ ይመስለኩም፧ እቲ ዓይኒ ዝፈጠረ ኣምላኽሲ ዘይርኢዶ ይመስለኩም፧ እቲ ነሕዛብ ዚግሥጽ ዘይቀጽዕዶ ይመስለኩም፧ እቲ ንሰብ ዚምህር ፍልጠት ዘይብሉዶ ይመስለኩም፧ እግዚኣብሔር ንሓሳባት ሰብ ከንቱ ምኻኑ ይፈልጦ ኢዩ። *መዝ.94፣8-11*

❖ ...እግዚኣብሔር ርኅሩኅን መሓርን ኢዩ፡ ንኹራ ደንጓዩ ብምሕረት ድማ ምሉእ ኢዩ፡ መግናሕቱ ንግዚኡ ኢዩ፡ ንዘለዓለም ከኣ ኣይቅየምን ኢዩ። ከም መጠን ኃጢኣትና ኣይቀጽዓናን ኢዩ፡ ከም መጠን ኣበሳና ድማ ኣይፈድየናን ኢዩ። ...ከምቲ ወላዲ ንውሉዱ ዚርኅሮኃሎም ከምኡ እግዚኣብሔር ንዝፈርህዎ ይርኅርኃሎም ኢዩ። ካብ ምንታይ ከም ዝተፈጠርና ይፈልጥ ኢዩ፡ ሓመድ ምኻንና ይዝክር ኢዩ። ሕይወት ወድ ሰብ ከም ሣዕሪ ኢዩ፡... *መዝ.103፡1-22*

❖ ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኵሉስ ንእግዚኣብሔር እንታይ ውሬታ ክመልሰሉ ኢየ፧ *መዝ.116፣12*

❖ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞት ቅዱሳኑ ክቡር ኢዩ። *መዝ.116፣15*

❖ እታ እግዚኣብሔር ዝገበራ መዓልቲ ዓወት እዚኣ ኢያ፡ ብኣኣ ንተሓጐስን ባህ ይበለናን። *መዝ.118፡24*

❖ እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ቡሩኽ ኢዩ። *መዝ.118፡26*

❖ ሓደ መንእሰይ ንሕይወቱ ኽመይ ጌሩ ብንጽሕና ኽሕልዋ ይኽእል፧ ትእዛዝካ ብምሕላው ጥራይ ኢዩ። *መዝ.119፡9*

❖ ካብ ኣእላፋት ወርቅን ብሩርንሲ ሕግኻ ይሕሸኒ። *መዝ.119፣72*

❖ ቃላትካ እምብዛ ጥዑም ኢዩ፡ ንኣፈይ ካብ መዓር ዝበለጸ ይምቅራ። *መዝ.119፣103*

❖ ቃልካ ንስጉምተይ መብራህቲ፡ ንመገደይ ብርሃን ኢዩ። *መዝ.119፣105*

❖ ፍርድኻ ቅኑዕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መዓልቲ ሾብዓተ ሚዕ ኣመስግነካ ኣለኹ። *መዝ.119፣164*

❖ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጐስኩ። *መዝ.122፣1*

❖ እግዚኣብሔር ዓቢይ ግብሪ ገበረልና፡ ንሕና ውን ተሓጐስና። *መዝ.126፡3*

❖ እመሰ ኃጢኣተኑ ትትዐቀብ፡ እግዚኦ እግዚኦ መኑ ይቀውም፡ (ኦ እግዚኣብሔር በደልና እንተ ጸብጸብካስ ኦ ጐይታ ካብ ኵነኔስ መን ኪመልጾ ይኽእል፡) *መዝ.፻፳፱ (130፣3)*

❖ እግዚኣብሔር ንጽዮን ሓረያ፡ መሕደሪኡ ክትከውን ድማ በሃጋ፦ "እዚኣ ንሓዋሩ መዕረፊተይ ኢያ፡ ብሂገያ ኢየ'ሞ ኣብዚኣ ክነብር ኢየ፡" በለ። *መዝ.132፣13-14*

❖ እንሆ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩስ ኣዝዩ ሠናይን ጥዑምን ኢዩ። *መዝ.133፣1*

❖ ...ኦ እግዚኣብሔር፡ ቅድሚ ምዝራበይ ነቲ ኽሉ ኽብሎ ዝደለኽ ኣቑዲምካ ትፈልጦ ኢኻ፡ ... ካብ ገጽካስ ናበይ ክሃድም ኢየ፡ ንሰማይ እንተ ዓረግኩ ንስኻ ኣብኡ ኣለኻ፡ ኣብ ዓዲ ምዉታት እንተ ደቀስኩ እንሆ ንስኻ ኣብኡ ኣለኻ፡ ነፊረ ኽንየው ምብራኾ እንተ ተሓባእኩ ወይ ከኣ ኣብቲ ዝረሓቑ ወገን ምዕራብ እንተ ተቐመጥኩ፡ ንስኻ ኽትመርሓንን ኽትድግፈንን ኣብኡ ኣለኻ። “ጸልማት ይኸውለኒ፡ ኣብ ዙርያይ ዘሎ ብርሃን ከኣ ለይቲ ይኹን” እንተ በልኩ ንዓኻስ ጸልማት እኳ ኣይጽልምተካን። ለይቲ ኸኣ ንዓኻ ኸም መዓልቲ ኢዩ፡ ጸልማትን ብርሃንን ንዓኻ ሓደ ኢዩ። ንኹለንትናይ ንስኻ ፈጠርካዮ፡ ኣብ ማኅፀን ወላዲተይ ኣለምካኒ፡... መገዲ ዓመጻ እንተ ኣልዩኒ ርኣ፡ ኣብቲ ናይ ዘለዓለም መገዲ ምርሓኒ። *መዝ.139፡1-24*

❖ እግዚኣብሔር ዝኣምላኹ ሕዝቢ ብፁዕ ኢዩ። *መዝ.144፣15*

❖ ሕያው ዘበለ ፍጥረት ኩሉ ንእግዚኣብሔር የመስግኖ። *መዝ.150፣6*

<u>ካብ ምሳሌ ሰሎሞን፦</u>

❖ ንስኻ ኣብነት ናይቶም ሠናይ ዚገብሩ ሰባት ተኸተል፡ ንመገዲ ጻድቃን'ውን ሓልዋ። *ምሳ.2፡20*

❖ ብሙሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሔር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ። *ምሳ.3፣5*

❖ ንዕዮኻ መደብ ግበረሉ፡ እትገብሮ ዘበለ ኹሉ ኽኣ ክቕንዓካ ኢዩ። *ምሳ.4፡26*

❖ እግዚኣብሔር ዚጸልአን፡ አረ እምብዛ ዝፍንፍነን ሾብዓተ ነገራት ኣለዋ፡- ዕቡይ ዓይኒ፡ ሓሳዊት መልሓስ፡ ንጹሕ ደም ዜፍስሳ ኣእዳው፡ እኩይ ምኽሪ ዝፍሕስ ኣእምሮ፡ እኩይ ነገር ንምግባር ዝቕልጥፋ ኣእጋር፡ ሓሶት ዝዛረብ ሓሳዊ ምስክር፡ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ባእሲ ዝዘርእ ሰብ ኢየን። *ምሳ.6፡16-19*

❖ ትእዛዝ ወለዲ መብራህቲ ኢዩ፡ ተግሣጸም ከኣ ብርሃን ኢዩ፡ እቲ ዚህብዎ መኣረምታ ድማ መገዲ ሕይወት ኢዩ። *ምሳ.6፡23*

❖ መጀመርታ ፍልጠት ንእግዚኣብሔር ምፍራህ ኢዩ፡ ነቲ ቕዱስ ምፍላጥ ከኣ ምስትውዓል ኢዩ። *ምሳ.9፣10*

❖ ክፉእ ሰብ ክመውት ከሎ ተስፋኡ ምስኡ ይመውት፡ እቲ ኣብ ሃብቱ ዝነበሮ ተስፋ ድማ ኸንቱ ይኸውን። *ምሳ.11፡7*

❖ ገለ ሰባት ገንዘቦም ለጊሶም ይህቡ፡ መሊሶም ከኣ ይህብትሙ። ገለ ኸኣ ብዘይግባእ ይቕጥቡ ኣዝዮም ከኣ ይነድዩ። ለጋስ ሰብ ይህብትም፡ እቲ ንኻልኦት ዚረድእ ከኣ ንርእሱ ይረድእ። *ምሳ.11፡24፡25*

❖ ለባም ሰብ ፈላጥ እኳ እንተኾነ ስቕ ይብል፡ ዓያሹ ግና ዕሽነቶም ይገልጹ። ትግሃት ሥልጣን የልብሰካ፡ ትህኪት ባርያ ይገብረካ። *ምሳ.12፡23-24*

❖ ምስ ለባም ዚመላለስ ለባም ይኸውን፡ ምስ ዓያሹ ዚተዓራረኽ ግና ይጠፍእ። *ምሳ.13፣20*

❖ ንውሉዱ ዘይቀጽዕ ንውሉዱ ይጸልእ፡ እቲ ንውሉዱ ዜፍቅሮ ግና ይቐጽዖ። *ምሳ.13፣24*

❖ ንለባም ለባም ዚገብሮ፡ እቲ ዚገብሮ ስለ ዚፈልጥ ኢዩ፡ ንዓሻ ዓሻ ዚገብሮ ከኣ ዚፈልጥ ስለ ዚመስሎ ኢዩ። ዓያሹ ብኃጢኣት ይዋዘዩ፡ ቅኑዓት ግና ኃጢኣቶም ክሕደገሎም ጽቡቕ ፍቓድ ኣለዎም። *ምሳ.14፣8-9*

❖ ንሰብ ቅንዕቲ እትመስሎ መገዲ ኣላ፡ መወዳእታኣ ግና መገዲ ሞት ኢዩ። *ምሳ.14፣12*

❖ ካብ ብዙሕ ሃብቲ ምስ ህውከት፡ ንእግዚኣብሔር እናፈራሕካ ሒደት ይሓይሽ። ስቡሕ ሥጋ ምስ ጽልኢ ካብ ምብላዕ፡ ሓምሊ ምስ ፍቕሪ ምብላዕ ይሓይሽ። *ምሳ.15፣16-17*

❖ ኰራዪ ሰብ ቁየኛ የልዕል፡ ዓቃል ግና ባእሲ የህድእ። *ምሳ.15፣18*

❖ ክብረት ምእንቲ ክትቅበል ትሕትና ልመድ። *ምሳ.15፣33*

❖ ሰብ ብልቡ ሓሳባት የዳሉ ዚፍጽም ግና እግዚኣብሔር ኢዩ፡ እትገብሮ ዘበለ ኩሉ ቅኑዕ ኢዩ ዚመስለካ፡ እግዚኣብሔር ግና በየናይ ሓሳብ ከም ዝገበርካዮ ርእዩ ይፈርደካ። *ምሳ.16፣1-2*

❖ ኑቲ ዝተመሃርካዮ ቓል ኣድህበሉ'ሞ ክትዕወት ኢኻ። *ምሳ.16፣20*

❖ ንኹራ ደንጓዪ ዝኾነ ሰብ፡ ካብ ጅግና ይበልጽ። *ምሳ.16፣32*

❖ ካብቲ ሚእቲ ግዜ ዚግረፍ ዓሻስ፡ እቲ ሓንቲ ግዜ ዚግሠጽ ለባም ቀልጢፉ ይርድኦ። *ምሳ.17፣10*

❖ ፈተውቲ ኩሉ ግዜ የፍቅሩ፡ ኣሕዋት ብእዋን ጸገም ካብ ዘይተሓጋገዙ፡ ሕውነቶም ደኣ እንታይ ይጠቅም። *ምሳ.17፣17*

❖ ዓሻ ነቲ ኣብ ልቡ ዘሎ ደኣ ኪገልጽ ይፈቱ እምበር፡ ኪርዳእ ኢሉ ኣይጽዕርን ኢዩ። *ምሳ.18፣2*

❖ ዘረባ ሓማዪ ኸም ጥዑም ኩላሶ ኢዩ፡ ሰብ ከኣ ተሓጉሱ ይውሕጦ። *ምሳ፣18፣8*

❖ ትዕቢት ንውድቀት ትቕድማ፡ ትሕትና ንኽብረት ትቕድማ። *ምሳ.18፣12*

❖ እቲ እትዛረቦ ሞት ወይ ሕይወት ኬስዕብ ይኽእል ኢዩ፡ ስለዚ ሳዕቤን ዘረባኻ ኽትቅበል ይግብኣካ። *ምሳ.18፡21*

❖ ትግሃት ብዘይ ፍልጠት ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ታህዋኽ ድማ የጋጊ፡ ሰብ ብዕሽነቱ ሕይወት የበላሹ፡ ተመሊሱ ድማ ንእግዚኣብሔር የማርር። *ምሳ.19፡2-3*

❖ እቲ ንድኻ ዚህብ ንእግዚኣብሔር የለቅሑ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ኪፈድዮ ኢዩ። *ምሳ.19፣17*

❖ ንሰብ መልክዑ እሙን ምኻን ኢዩ፡ ንእግዚኣብሔር ምፍራህ ነዊሕ ዕድመ ይህበካ፡ ጸጊብካ ትሓድር፡ ክፉእ ከኣ ኣይረኽበካን ኢዩ። *ምሳ.19፣22-23*

❖ እቲ ገርሂ ምእንቲ ኽመሃር፡ ንመላገጺ ሰብ ቅጽዓዮ። ፍልጠት ምእንቲ ኽውስክ ንለባም ገሥጾ። *ምሳ.19፡25*

❖ ዜስክር መስተ ለፍላፍን ዓሻን ይገብረካ፡ ዚሰክር ዘበለ ኽሉ ዓሻ ኢዩ፡ *ምሳ.20፣1*

❖ እግዚኣብሔር እንተ ተቓዊሙካ፡ ዘሎካ ጥበብ ወይ ኣእምሮ ወይ ምኽሪ ከንቱ ይኸውን። *ምሳ.21፣30*

❖ መስተውዓሊ ሰብ እከይ ይርኢ እሞ ይሕባእ፡ ገርህታት ግና ህሩግ ኢሎም ይኣትዉ እሞ ብእኡ ይጉድኡ። *ምሳ.22፣3*

❖ ንቐልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኦ መገዲ ኣላምዶ እሞ ምሉእ ሕይወቱ፡ ካብኣ ኣይኪልግስን ኢዩ። *ምሳ.22፣6*

❖ ኣቦታትካ ዘቐምዎ ናይ ቀደም ደረት ኣይተፍርስ። *ምሳ.22፣28*

❖ ንቐልዓ ቕጽዓዮ፡ ከመይ መቕጻፅቲ ሻቦጥ ኣይቀትሎን ኢዩ። እወ፡ ብሻቦጥ ቕጽዓዮ፡ ምናልባሽ ንነፍሱ ካብ ሲኦል ተድሕና ትኸውን። *ምሳ.23፡13-14*

❖ ኵሉ መዓልቲ ደኣ ፍርሃት እግዚኣብሔር ይሃሉኻ እምበር፡ ብኃጢኣተኛታት ሰባት ኣይትቕናእ። *ምሳ.23፣17*

❖ ጻድቕ ሰብ ሾብዓተ ሚዕ ይወድቕ እሞ ይትንስእ፡ ንክፉኣት ሰባት ግና መከራ የርክቦም። *ምሳ.24፣16*

❖ ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ኣይትጅሃር፡ ኣብ ቦታ ዓበይቲ ኽኣ ኣይትቀመጥ። ኣብ ክንዲ "ነዚ ካባኻ ዝዓቢ ስፍራ ሃቦ" ተባሂልካ እትዋረድሲ "ናብዚ ልዕል ዝበለ ስፍራ ክብ በል" ክትበሃል ይሕሸካ። *ምሳ.25፡6-7*

❖ ብጻይካ ኽይመንወካ እሞ ኽይጸልኣካስ፡ ናብ ቤቱ ኣዘውቲርካ ኣይትመላለስ። *ምሳ.25፡17*

❖ ጸላኢኻ እንተ ጠመየ እንጌራ ኣብልዓዮ፡ እንተ ጸምአ ውን ማይ ኣስትዮ፡ ከምዚ እንተ ደኣ ጌርካ ኽም ብጓህሪ ብሕፍረት ኽተንድዶ ኢኻ። *ምሳ.25፣21-22*

❖ እቲ ንብጻዩ ጠቢርዎስ “ክጻወተካ ኢየ ዝገበርክዎ” ዚብሎ ሰብ፡ ከምቲ ናብ ሞት ዜብጽሕ እያድን ፍላጻን እናወርወረ ዚጻወት ዕቡድ ሰብ ኢዩ። *ምሳ.26፡19*

❖ ዕንጨይቲ እንተ ተወድአ ሓዊ ይጠፍእ፡ ሕሜት እንተ ዘየለሎ ኽኣ ባእሲ የለን። *ምሳ.26፣20*

❖ እቶም ንኻልኦት ጉድጓድ ዚኾዕቱ፡ ንርእሶም ኣብኣ ይወድቁ። *ምሳ.26፣27*

❖ መዓልቲ እትወልዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ እሞ ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትመካሕ። *ምሳ.27፣1*

❖ ሓጺን ንሓጺን ይስሕሎ፡ ሰብ ከኣ ንሰብ ይምህሮ....ከምቲ ንገጽካ ኣብ መስትያት እትርእዮ፡ ንልብኻ ድማ ባዕልኻ ኢኻ እትርእዮ፡ ሞትን መቓብርን ከም ዘይጸግቡ፡ ትምኒት ወዲ ሰብ ከኣ ኣይጸግብን ኢዩ። *ምሳ.27፣17-20*

❖ እቲ ንሕጊ ዘይእዘዝ ሰብ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ጸሎቱ ጽሉእ ኢዩ። *ምሳ.28፣9*

❖ ንሰብ ትዕቢቱ የዋርዶ፡ ትሕትናኡ ኽኣ የኽብሮ። *ምሳ.29፣23*

❖ ከንቱነትን ሓሶትን ኣርሕቐለይ። ጸጊበ ኽይክሕደካ እሞ እግዚኣብሔር መን ኢዩ ኽይብል፡ ወይ ደኽየስ ከይሰርቐ

እሞ ስምካ ስም ኣምላኽይ ከየቃልልሲ። ድኽነትን ሃብትን ኣይትሃበኒ፡ ግና ኽ በቲ ዜድልየኒ እንጌራ መግበኒ። *ምሳ.30፡8-9*

❖ ዓይኒ ብምርኣይ ኣይትጸግብን፡ እዝኒ ኽኣ ብምስማዕ ኣይትመልእን። *መክ.1፡8*

❖ ቦ ጊዜ ለኵሉ፡ (ንኹሉ ገፃዚኡ ኣለዎ።) *መክ.3፣1*

❖ ገንዘብ ዚፈቱ ገንዘብ ኣይጸግብን... እቲ ዓያዪ ሰብ፡ ብዙሕ ወይ ሒደት በሊዑ ጥዑም ድቃስ ይድቅስ፡ ሃብታም ግና በቲ ብዝሒ ሃብቱ ተጨኒቑ ኽይደቀሰ ይሓድር። *መክ.5፡10-12*

❖ ወድሰብ ከምቲ ካብ ማኀፀን ወላዲቱ ጥራዩ ዚውለድ፡ ከምኡ ኽኣ ጥራይ ኢዱ ይመውት፡ ካብቲ ዝጸዓረሉ ሓንቲ እኳ ኣይማላእን፡ ዜሕዝን ነገር ኢዩ፡ ኣመጻጽኣናን ኣከያይዳናን ሓደ ኢዩ። *መክ.5፣15*

❖ ናብ ቤት መርዓ ኸብ ምኻድ፡ ናብ ቤት ሓዘን ምኻድ ይሓይሽ፡ ከመይ እቶም ብሕይወት ዘለዉ ሞት ከም ዘለዎም ኩሉ ጊዜ ኽሓስቡ ኣለዎም። *መክ.7፡2*

❖ ካብ ውዳሴ ኽንቱ ዓያሹ ምስማዕሲ፡ መግናሕቲ ለባማት ምስማዕ ይበልጽ። *መክ.7፣5*

❖ ኣምላኽ ኪፈጥረና ኽሎ ቅኑዓት ጌሩ ፈጠረና፡ ንሕና ግና ብልሓት ኣብዚሕና ንሕይወትና ሕልኽልኽ ኣእቶናላ። *መክ.7፣29*

❖ በተን ብሕይወት ዝነበርካለን ዓመታት ባህ ይበልካ፡ ሽሕ እኳ ብሕይወት ነዊሕ ዘመን እንተ ነበርካ፡ እቲ ብድሕሪ ሞት ዘሎ ዘመን ከም ዝነውሕ ዘክር። *መክ.11፡8*

❖ ኣታ ወድሰብ ኣብ ገዛ ንእስነትካ ባህ ይበልካ፡ በዘን መዓልታት ንእስነትካ ተሓንሶ፡ እትደልዮ ግበር፡ ልብኻ ዚብህነ ኸኣ ሰዓብ፡ ግናኸ ኣምላኽ ብዛዕባዚ ኹሉ ከም ዚፈርደካ ዘክር። ንእስነትን ብጽሕነትን ቀልጢፉ ይሓልፍ ኢዩ እሞ፡ ስለዚ ንሂ ኻብ ልብኻ፡ ሕሰም ካብ ሰብነትካ ኣርሕቕ። *መክ.11፣ 9-10*

❖ ክፉእ ዓመታት ከይመጸ፡ ባህ ኣይበለንን እትብሉ ዓመታት ከኣ ከይቀረበ፡ ብመዓልታት ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ። *መክ.12፣1*

❖ ሰብ ነዚ ኢዩ ተፈጢሩ እሞ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ፍርሃዮ፡ ንትእዛዛቱ ውን ሓልዎ። ኣምላኽ ብሹሉ ተግባራትና ሠናይ ኮነ እኩይ፡ ተሓቢእና ብዝገበርናዮ ውን ከይተረፈ ኺፈርደና ኢዩ። *መክ.12፣13-14*

ካብ ነቢያት ፦

❖ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ገለ ሒደት ትርፊ እንተ ዘይሓድገልናስ፡ ከም ሰዶም ምኾንና፡ ንገሞራ ምመሰልና ኔርና። *ኢሳ.1፣9*

❖ ተነስሑ፡ ካብ ኃጢኣትኩም'ውን ተሓጸቡ፡ ገዛእ ርእስኹም ኣንጽሑ፡ ኣብ ቅድመይ ክፋእ ምግባር ሕደጉ፡ ሠናይ ምግባር ተምሃሩ፡ ብቕንዕና ፍረዱ፡ ንጥቑዓት ርድእዎም፡ ንዘኽታማት ፍትሒ ኣውጽኡሎም፡ ንመበለታት ተጣበቑለን። *ኢሳ.1፣16*

❖ ንዑ ብብርሃን እግዚኣብሔር ንመላለስ። *ኢሳ.2፣5*

❖ ኣቱም ኑቲ እከይሲ ሠናይ፡ ንሠናይ ክኣ እከይ እትብሉ ...ኣቱም መማለዲ ተቐቢልኩም ኑቲ በደል ዝገበረ ትፈትሕዎ፡ ኑቲ ንጹሕ ድማ ፍትሒ እትኽልእዎ፡ ወይለኽኹም። *ኢሳ.5፡20-23*

❖ በታ ንጉሥ ኦዝያን ዝሞተላ ዓመት፡ ኣነ ንእግዚኣብሔር ኣብ በሪኽን ልዕል ዝበለን ዝፋን ተቐሚጡ ኽሎ ረኣኽዎ፡ ዘፈራት ልብሱ ኽኣ ኑቲ መቕደስ መሊእዎ ነበረ፡ ኣብ ዙርያኡ ድማ ሱራፌል ቆይሞም ነበሩ። ነፍስ ወከፎም ሽዱሽተ ኽንፊ ኣለዎም፡ ነፍስ ወከፍ ከኣ ብኽልተ ኽንፊ ገጹ ይኽድን፡ ብኽልተ ኽንፊ ድማ ኣእጋሩ ይኽድን፡ ብኽልተ ኽንፊ ውን ይበርር ነበረ። ንሳቶም ከኣ ንሓድሕዶም "እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ኢዩ። ኩላ ምድሪ ኽኣ ብኽብሩ መሊኣ ኣላ" እናበሉ ይቀባበሉ ነበሩ። *ኢሳ.6፡1-3*

❖ እንሆ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ከኣ ክትወልድ ኢያ፡ ስሙ'ውን ኣማኑኤል ኪበሃል ኢዩ። *ኢሳ.7፣14*

❖ ንሱ ግዳማዊ መልክዕ ብምርኣይ፡ ኪብሉ ሰሚዐ ብምባልን ኣይፈርድን ኢዩ። *ኢሳ.11፣3*

❖ እዚ ሕዝቢ'ዚ ብኣፉ የምል'ኽኒ፡ ብ'ኽናፍሩ የ'ክብረኒ፡ ልቡ ግና ካባይ ርሑ'ቕ ኢዩ፡ ንኣይ ከኣ ቡቲ ዝተማህርዎ ባህሊ ሰብ ጌሮም ኢዮም ዜ'ክብሩኒ ዘለዉ። *ኢሳ.29፣13*

❖ እቶም ንም'ክሮም ካብ እግዚኣብሔር ኣዕሚቖም ዚሓብኡ፡ ተግባሮም ከኣ ብጸልማት ዚገብሩ፡ እሞ "ዚርእየና የልቦን፡ ዚፈልጠና የልቦን" ዚብሉ ወይለኦም። ኣየ! ኣቱም ቁናናት! ኣየናይ ይበልጽ፧ መሬትዶ ሠራሒኡ፧ ሥሩሕዶ ንሠራሒኡ "ንስኻ ኣይሠራሕካንን ከምኡ'ውን ኣይተስተውዕልን ኢ'ኻ" ይብሎ ኢዩ፧ *ኢሳ.29፣15-16*

❖ ክቡር ሰብ ክቡር ሓሳብ ይሓስብ፧ ኣብ ክቡር ነገር ከኣ ይጸንዕ፧ *ኢሳ.32፣8*

❖ ኣታ ዝዘመተካ ዘይብልካ እትዘምት፡ ኣታ ዝጠለመካ ዘይብልካ እትጠልም፡ ወይለ'ካ። *ኢሳ.33፣1*

❖ ...ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ፆሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ...ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕና ውን ብስምብራቱ ሓዊና፡ ... ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቖ.....። *ኢሳ.53፣4-9*

❖ ተመለሱ ናብ እግዚኣብሔር ጸልዩ ቀረባ ከሎ'ውን ጸውዕዎ። *ኢሳ.55፡6*

❖ እቶም ንእግዚኣብሔር ዚፈርሁ ኽኣ ሃንደበት ይሞቱ እሞ እግዚኣብሔር ክፉእ ከይርእዩ ኢሉ ኸም ዝወሰዶም ዜስተውዕሎ የልቦን፡ እቶም ብቕንዕና ዚነብሩ ምስ ሞቱ ሰላምን ዕረፍትን ይረኽቡ። *ኢሳ.57፣1-2*

❖ ...."እቲ ኣነ ዚፈትዎ ጾምሲ እዚ ዚስዕብ ኢዩ፦ ንማእሰር እከይ ምፍታሕ፡ ነርዑት ባርነት ምዝላቕ፡ ንጥቑዓት ሓራ ምውጻእ፡ ኣርዑት ባርነት ዘበለ ኩሉ ምስባር፡ እንጌራኹም ንጥሙይ ምምቃል፡ ነቶም ዝተሰዱ ድኻታት ኣብ ቤትኩም ምቕባል፡ ዕሩቕ እንተ ርኤኹም ምኽዳን፡ ንዘመድኩም ካብ ምሕጋዝ ዘይምሕባእ፡" ይብል እግዚኣብሔር። *ኢሳ.58፣3-7*

❖ እንሆ ኢድ እግዚኣብሔር ንምድሓን ሓጻር ኣይኮነትን፡ ከይሰምዕ ከኣ እዝኑ ኣይጻንየን ኢዩ፡ ኣይፋልን፡ ንኣኻትኩምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጐኹም ኮይኑ ዚፈላልየኩምሲ ኣበሳኹም ኢዩ። ከይሰምዓኩም ከኣ ኣብ ቅድሚኹም ኮይኑ ገጽ እግዚኣብሔር ዚሓብኣልኩም ዘሎ ኃጢኣትኩም ኢዩ። ኣእዳውኩም ብደም፡ ኣጻብዕኩም ብበደል ረኺሰን ኣለዋ። ከናፍርኩም ሓሶት ይዛረብ፡ ልሳንኩም ከኣ ኽፍኣት ይዛረብ ኣሎ፡..... እከይ ትጠንሱ፡ ኃጢኣት'ውን ትወልዱ ኣሎኹም። እንቋቑሑ ገበል ትሓቕፉ፡ ዓለባ ሳሬት ከኣ ትኣልሙ። *ኢሳ.59፣1-5*

❖ እግዚኣብሔር ከምዚ በለ፦ "ጸሎት ሕዝበይ ክምልስ ድልዊ ኔረ፡ ንሳቶም ግና ኣይጸለዩን፡ ክርከበሎም ድልዊ ኔረ፡ ንሳቶም ግና ኣይደለዩንን...."። *ኢሳ.65፣1*

❖ ኣነ ቡቲ ትሑትን፡ ዝተጣዕሰ መንፈስ ዘለዎን፡ ብቓለይ ዚርዕድን ዚፍጽሞን ሰብ ኢየ ዝሕገሶ። ይብል እግዚኣብሔር። *ኢሳ.66፣2*

❖ እግዚኣብሔር ንሕዝቡ "ኣብ ቀራናታት ገደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ፡ እቲ ጥንታዊ መገድታትን እቲ ጽቡቕ ገደናን ኣየናይ ምኻኑ ሕተቱ እሞ ብእኡ ተመላለሱ፡ ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም።" በሎም። *ኤር.6፣16*

❖ እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፦ "ጥበበኛ ብጥበቡ ኣይትሓበን፡ ኃያል ከኣ ብኃይሉ ኣይትሓበን፡ ሃብታም ውን ብሃብቱ ኣይትሓበን። ዚሕበንሲ ኣነ ኣብ ምድሪ ምሕረትን ፍርድን ጽድቅን ዚገብር እግዚኣብሔር ምኻነይ ብምስትውዓሉን ብምፍላጡን ደኣ ይተሓበን። ንኣይ ባህ ዚብለኒ እዚ ኢዩ።" *ኤር.9፣23-24*

❖ ኣነ ኣብ ሓደ ቦታ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ኵሉ ስፍራ ዚርከብ ኣምላኽ ኢየ፡ ኣነ ኽይርእዮ ኣብ ሥውር ስፍራ ኽሕባእ ዚኽእል ሰብ የልቦን። *ኤር.23፣23*

❖ ኣነ ዝሓስበልኩም ዘሎኹ እፈልጦ ኢየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር ሓሳብ ክፉእ የብለይን። ኣነ እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ። ክትጽውዑኒ፡ መጺኹም ድማ ኽትልምኑኒ ኢኹም እሞ ኽሰምዓኩም ኢየ። ክትደልዩኒ ኢኹም፡ እወ፡ ብሙሉእ ልብኹም ስለ እትደልዩኒ ኽኣ ኽትረኽቡኒ ኢኹም። *ኤር.29፡11-13*

❖ ጸውዓኒ እሞ ኽመልሰልካ፡ ዘይትፈልጦ ዓቢይን ሥውርን ነገር ከኣ ኺነግረካ ኢየ። *ኤር.33፣3*

❖ ብልበይ ምሕረት እግዚኣብሔር ኪሓስብ ከሎኹ ተስፋ እገብር። *ሰቈ.3፣21*

❖ እግዚኣብሔር እንተ ዘይኣዘዙ፡ ሓደ ሰብ ነቲ ዝተዛረቦ ኣብ ግብሪ ኼውዕሎ ኣይክእልን ኢዩ። *ሰቈ.3፣37*

❖ መገድና ንተዓዘብን ንመርምርን እሞ ናብ እግዚኣብሔር ንመለስ። *ሰቈ.3፣40*

❖ በታ እግዚኣብሔር ቁጥዓ መዓቱ ዚኽዕወላ መዓልቲ፡ ብሩር ኮነ ወርቂ ኬድሕኖም ኣይክእልን ኢዩ ንጥሜቶም ኣይኬጽግቦምን፡ ንኽብዶም ውን ኣይኪምልኣሎምን ኢዩ፡ ናብ ሓጢኣት ሓንኩሉ ዘውደቐም ብሩርን ወርቅን ኢዩ። *ሕዝ.7፣19*

❖ ....ጻድቕ ሰብ ብመጠን እቲ ዝገበሮ ሠናይ ነገር ዓስቡ ኪቕበል ኢዩ፡ ኃጥእ ሰብ ድማ ከም መጠን ኃጢኣቱ ኪቕጻዕ ኢዩ። ግናኸ ኃጥእ ሰብ፡ ነቲ ዚገብሮ ዚነበረ ኃጢኣት ኵሉ ገዲፉ፡ እንተ ተመልሰ፡ ኵሉ ሕግታተይ ከኣ እንተ ሓለወ፡ ቅንዕናን ጽድቅን ድማ እንተ ገበረ፡ ንሱ ኣይኪመውትን ኢዩ። ብርግጽ ብሕይወት ኪነብር ኢዩ። ኵሉ ኃጢኣቱ ኪሕደገሉ ኢዩ። ጽድቂ ስለ ዝገበረ ኸኣ ብሕይወት ኪነብር ኢዩ። ብሞት ሓጥእ ዚሕገሶ ድዩ መሲልኩም፡ ኣይፋልን! ፍታወይሲ ኃጥእ ካብ ክፉእ መገዱ ክምለስ እሞ፡ ብሕይወት ኪነብር ኢዩ። ኣነ ልዑል እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣለኸ። *ሕዝ.18፣20-23*

❖ ብድሕር'ዚ እቲ ሰብኣይ፡ ናብታ ናብ ምብራቕ ኣቢላ እትርኢ ግዳማዊት ኣፍ ደገ ቤት መቕደስ ዘሎ ቅርዓት ወሰደኒ፡ እታ ኣፍ ደገ ኸኣ ዕጽውቲ ነበረት፡ እግዚኣብሔር ድማ፦ "እዛ ኣፍ ደገ እዚኣ ዕጽውቲ ትኸን፡ ኣይትከፈት፡ ሰብ ውን ብኣኣ ኣይእቶ፡ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ብኣኣ ኣትየ ኢየ እሞ፡ ብዕጽውታ ትንበር። እቲ መስፍን ግና....ኪኣቱን ኪወጽእን ይኽእል ኢዩ፡ በለኒ። *ሕዝ.44፣1-3*

❖ ነፍስ ወከፍኩም ቅኑዕ ሚዛንን መስፈርን መዓቀንን ይሃሉኽም። *ሕዝ.45፣10*

❖ ንስኻ ግና ክሣዕ መወዳእታ እሙን ኩን፡ ክትመውት ኢኻ፡ ግናኸ ዓስብኻ ክትቅበል ኣብ መወዳእታ ዘመን ክትትንሥእ ኢኻ። *ዳን.12፣13*

❖ ሕዝበይ ኣነ ኣምላኽ ምኻነይ ሰኣን ምፍላጦም ይጠፍኡ ኣለዉ። *ሆሴዕ.4፣6*

❖ ንእግዚኣብሔር ንፍለጦ፡ ክንፈልጦ ድማ ንስዓቦ። *ሆሴዕ.6፣3*

❖ ካብ መሥዋዕቲ ከተቕርቡለይ ምሕረት ክትገብሩ እፈቱ፡ ካብ ዚሓርር መሥዋዕቲ ኸተቕርቡለይ ከኣ ኣምላኽ ምኻነይ ክትፈልጡ እፈቱ። *ሆሴዕ.6፣6*

❖ ለባም ዝኾነ ነዚ ኣብዚ መጽሓፍ ተጻሒፉ ዘሎ ይረድኣዮ፡ ኣብ ልቡ ኸኣ ይዕቄሮ፡ መገዲ እግዚኣብሔር ቅኑዕ ኢዩ፡ ጻድቃን ብእኡ ይመላለሱ፡ ኃጥኣን ይዕንቀፉ፡ ስለ ዘይቅበልዎ ኸኣ ይወድቁ። *ሆሴዕ.14፣9*

❖ እግዚኣብሔር "እምበኣርሲ ሕጂ'ውን ብጸምን ብብኽያትን ብቑዝማን፡ ብሙሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ፡ ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደኣ ቅደዱ" ይብል ኣሎ፡ ንሱ ንኹራ ደንጓዩ፡ ብምሕረት ከኣ ምሉእ፡ ካብ ኪቐጽዕ ኪርሕርሕን ኪምሕርን ኢዩ ዚፈቱ'ሞ፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተመለሱ... ኣብ እምባ ጽዮን መለኽት ንፍሑ፡ ጾም ኣውጁ ኣኼባ ጸውዑ። *ኢዩ.2፣12-15*

❖ እግዚኣብሔር ኣምላኽሲ ምሥጢሩ ንባሮቱ ነቢያት ከይገለጸሎም፡ ገለ እኳ ኣይገብርን ኢዩ። *ኣሞጽ.3፣7*

❖ ድለዩኒ እሞ ብሕይወት ክትነብሩ ኢኹም። *ኣሞጽ.5፣4*

❖ ብሕይወት ክትነብሩስ እኸይ ዘይኮነስ ሠናይ ድለዩ። *ኣሞጽ.5፣14*

❖ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር እንታይ ሒዘ ክመጽእ.....ኣይፋልን እግዚኣብሔር ሠናይ ዘበለ ኣፍሊጡና ኣሎ። እወ፡ ቅንዕና ክንገብር፡ ምሕረት ከኣ ክንፈቱ፡ ኣብ ቅድሚኡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ውን ብትሕትና ክንነብር እንተ ዘይኮይኑ፡ ካባና ዝደልዮ ሓንቲ እኳ የልቦን። *ሚክ.6፣6-8*

❖ ንእግዚኣብሔር በዲልናዮ ኢና እሞ፡ ንነድሪ ቕጥዓኡ ክንጽመሞ ይግብኣና ኢዩ። ደሓር ግና ፍትሒ ኬውጽኣልናን ኪከላኸለልናን ኢዩ። *ሚክ.7፣9*

❖ ሃብቲ መጋገዪ ኢዩ፡ ዕቡያት ሰባት ድማ ዕረፍቲ የብሎምን፡ ከም መቓብር ህሩፋት፡ ከም ሞት ከኣ ዘይጸግቡ ኢዮም። *ኣንባ.2፣5*

❖ ኣቱም ዘይትሓፍሩ ሕዝቢ፡ እቲ ምዱብ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ከየርከበኩም፡ ከምቲ ንፋስ ንብቑቡቕ ዚብቀጸ ከይበቁጸኩም፡ እቲ ርሱን ቁጥዓ እግዚኣብሔር ከም ሓዊ ኸይለቑመጸኩም፡ እታ መዓልቲ ቕጥዓ እግዚኣብሔር ከይወረደትኩም፡ ናብ ኣእምሮኹም ተመለሱ። ኣቱም ትእዛዙ እትፍጽሙ ኣብ ምድሪ ዘሎኹም ኩላትኩም ትሑታት፡ ናብ እግዚኣብሔር ተመለሱ፡ ምናልባኸ በታ እግዚኣብሔር ቁጥዓኡ ዚገልጸላ መዓልቲ እንተ መለቑኩምሲ፡ ቅኑዕ ግበሩ፡ ኣብ ቅድሚኡ ገዛእ ርእስኹም ኣዋርዱ። *ሶፎ.2፣1-3*

❖ ኣቱም ሕዝበይ፣ ቤተይ ዓንያ ኸላስ፡ ንስኻትኩም ኣብ ዝተሰለመ ኣባይቲ፡ ኸትነብሩዶ ይግብኣኩም ኢዩ። *ሓጌ.1፣4*

❖ ናባይ ተመለሱ፡ ኣነ ድማ ናባኻትኩም ክምለስ ኢየ። *ዘካ.1፣3*

❖ ሸዑ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር “ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት! ነዘን ሰብዓ ዓመት ዝተቈጣዕካየን ኢየሩሳሌምን ከተማታት ይሁዳን ክሣዕ መኣስ ኢኻ ዘይትምሕረን፧” በሎ። እግዚኣብሔር ድማ ነቲ ምሳይ ዝዛረብ ዝነበረ መልኣኽ ጽቡቕን ዜጸናንዕን ቃላት መለሰሉ። *ዘካ.1፡12-13*

❖ ንእግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ክንሰግድ፡ በረኸቱ ኸኣ ክንቅበል ንኸይድ ኣሎና እሞ ንዑናይ ምሳና። *ዘካ.8፡21*

❖ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቅኑዕ ትምህርቲ ምምሃር ግደ ኻህናት ኢዩ። ንሳቶም ልኡኻት እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ስለ ዝኾኑ፡ ፍቓደይ እንታይ ምኻኑ ምእንቲ ኽፈልጡ፡ ሕዝቢ ናብኣቶም ኪኽዱ ይግባእ። *ሚል.2፡7*

❖ ኮላትና ዶ ሓደ ኣቦ ኣይኮነን ዘሎና፡ ሓደ ኣምላኽዶኽ ኣይኮነን ዝፈጠረና፡ ስለምንታይ ደኣ ንሓድሕድና እናተጠላለምና፡ ነቲ እግዚኣብሔር ምስ ኣቦታትና ዝኣተዎ ኪዳን ነፍርስ፧ *ሚልክ.2፧10*

❖ እምበኣርሲ ገዛእ ርእስኹም ሓልዉ፡ ነታ ሰበይቲ ቓል ኪዳኑ ሓደ እኳ ኣይጥለማ፡ ምፍታሕ እጸልእ ኢየ። እወ፡ ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ ኪዳኑ ከምዚ ዝበለ ዓመጽ ንዜምጽእ ሰብ እጸልኦ ኢየ፡ ስለዚ ንበዓልቲ ቓል ኪዳንኩም ከይትጠልምዋ ገዛእ ርእስኹም ሓልዉ፡ ይብል እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል። *ሚልክ.2፧15-16*

❖ ...ሰብዶ ንኣምላኽ ኪሰርቆ ይኽነሉ ኢዩ፡ ንስኻትኩም ግና ሰረቕኩምኒ፡ ተመሊስኩም ከኣ ብምንታይ ኢና እሞ ዝሰረቕናካ፧ ትብሉ ኣሎኹም፡ ዕሽርን መባእን ብዘይምኽፋልኩም ኢኹም ዝሰረቕኩምኒ። ሕዝቢ ብምሉኣትኩም ስለ ዝሰረቕክሙኒ፡ ኣብ ልዕሌኹም መርገም ወሪዱ ኣሎ፡ ኣብ ቤት መቕደሰይ መግቢ ክኸውንሲ፡ ዕሽር ዘበለ ኹሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእዎ፡ ሽዑ መሳኹኒ ሰማይ

እንተ ዘይከፈተልኩም፡ በረኸት ድማ ብልክዕ እንተ ዘየፍሲሰልኩም፡ በዚ ተዓዘቡኒ። ኣነ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ተዛሪበ ኣሎኹ። *ሚልክ.3፣6-10*

ካብ ካልኣይ ቀኖና ብሉይ ኪዳን፦

❖ ቅኑዕ ኩን፡ እትገብሮ ዘበለ ኩሉ ኽኣ ኪቕንዓካ ኢዩ። *ጦቢት4፣6*

❖ እግዚኣብሔር ገጹ ኽይከልኣካ ንድኻ ገጽ ኣይትኽልኣዮ። *ጦቢት.4፡7*

❖ እቲ ኻልኦት ንዓኻ ኪገብሩኻ ዘይትደልዮ፡ ንስኻ ንኻልኦት ኣይትግበሮ። *ጦቢት.4፣15*

❖ ሽዑ ሩፋኤል ንኽልቲኦም ኣግልል ኣቢሉ ተዛረቦም፡ “ንእግዚኣብሔር ወድስዎ፡ በቲ ዝገበረልኩም ኩሉ ኽኣ ኣመስግንዎ። ንእግዚኣብሔር በቲ ዝገበረልኩም ኩሉ ሠናይ ኣብ ቅድሚ ኽሎም ፍጥረታት እናኣመስገንኩምን ብመዝሙር እናወደስኩምን ሞሳ ምለስሉ። እወ ንምምስጋኑ ኣይትተሃከዩ። ንእግዚኣብሔር በቲ ዝገበረልኩም ኣብ ቅድሚ ኽሉ ሰብ ኣኽብርዎ ተግባራቱ እውን ኣዘንትዉ። ...ጽቡቕ ግበሩ እሞ ክፉእ ዘበለ ኣይክበጽሓኩምን ኢዩ። ብጸም ዝተሠነየ ጸሎትን፡ ብቕንዕና ካብ ዝረኽብካዮ ምምጽዋትን ጽቡቕ ኢዩ።... ጦቢት፡ ንስኻን ሣራን ምስ ጸሊኹም ንጸሎትኩም ናብ ቅድሚ ልዑል እግዚኣብሔር ዘቕረብክዎ ኣነ ኢየ ኔረ። ...ኣነ ካብቶም ጸሎት ቅዱሳን ዜዕርጉን፡ ኣብ ቅድሚ ግርማ እግዚኣብሔር ኬገልግሉ ደው ዚብሉን ሾብዓት ቅዱሳን መላእኽቲ ሓደ ዝኾንኩ፡ ሩፋኤል መልኣኽ ኢየ።” ድማ በሎም። ጦቢትን ጦቢያን ከኣ ብፍርሂ ዚኣክል እናኣንቀጥቀጡ ብግምባሮም ተደፊኦም ኣብ ምድሪ ወደቑ። ሩፋኤል ግና

ኣጆኹም ኣይትፍርሁ ሓንቲ ኣይትኾኑን ኢኹም። ንእግዚኣብሔር ግና ኩሉ ጊዜ ኣመስግንዎ... በሎም። ሽዑ ሩፋኤል ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ጦቢትን ጦቢያን ከኣ ተንሢኦም ደው በሉ። ንዕኡ ግና ኪርእይዎ ኣይከኣሉን ፡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ከም ዝተራእዮም እናተኣመኑ፡ በቲ እግዚኣብሔር ዝገበረሎም ዜደንቕ ግብርታት ንእግዚኣብሔር እናኣመስገኑ መዝሙር ምስጋና ኽዝምሩ ጀመሩ። *ጦቢት.12፡1-22*

❖ ንእግዚኣብሔር ካብቲ ጥዑም ዝመኣዛኡ መሥዋዕትን፡ ካብቲ ስቡሕ ዚሓርር መሥዋዕትን፡ እቲ ንዕኡ ዚፈርህ የሓጕሶ። *ዮዲት.16፣16*

❖ ንቕኑዓት ሰባት ግና ኣምላኽ ኢዩ ዚሕልዎም፡ ስቕይ ዘበለ ኽእኣ ከቶ ኣይትንክፎምን ኢዩ። በረኣእያ ዓያሹስ ቅኑዓት ሰባት ዝሞቱ ይመስሉ ይኾኑ... ግናኸ ንሳቶም ኣብ ሰላም ኢዮም ዘለዉ። ቅኑዓት በተሓሳስባ ወድሰብ እኳ ዝሞቱ እንተ መሰሉ፡ " ኣይትሞቱን ኢኹም " ዚብል ርጉጽ ተስፋ ኣለዎም። *ጥበብ.3፣1-4*

❖ እቲ ገመይታ ኽሉ ንሓደ እኳ ኣይፈርህን ኢዩ፡ ክብሪ ሰብ ርእዩ ድማ ኣየዳሉን ኢዩ፡ ባዕሉ ክቡርን ሕሱርን ስለ ዝገበሮም፡ ንኹሎም ማዕረ ከከም ግብሮም ይፈድዮም። *ጥበብ.6፣7*

❖ ኩሉ ጥበብ ካብ እግዚኣብሔር ኢዩ ዚመጽእ፡ ኩሉ ጥበብ ከኣ ንዘለዓለም ምስኡ ኢዩ ዚነብር። *ሲራክ.1፣1*

❖ መጀመርታ ጥበብ ንእግዚኣብሔር ምፍራህ ኢዩ። *ሲራ.1፣14*

❖ ንእግዚኣብሔር ከተገልግል እንተ ደኣ ኼንካ ገዛእ ርእስኻ ንፈተና ኣዳሉ፣ ቅኑዕን ዘይነቓነቕን ኩን፡ ብግዜ ጸገም ከኣ ኣይትተሃወኽ። *ሲራ.2.1-2.*

❖ ነቦኻ እንተ ኣኽበርካ ኃጢኣትካ ይሥረየልካ፡ ነዴኻ እንተ ኣኽበርካ ኸኣ ብዙሕ ሃብቲ ትድልብ፡ ነቦኻ እንተ ኣኽበርካ ሓደ መዓልቲ ከኣ ደቅኻ ኬሓጕሱኻ ኢዮም፡ እግዚኣብሔር ከኣ ጸሎትካ ኪሰምዕ ኢዩ። ነቦኻ ብምኽባርን ነዴኻ ከም እትሕጐስ ብምግባርን ንእግዚኣብሔር እንተ ተኣዘዝካ ዕድሜኻ ነዊሕ ኪኸውን ኢዩ። ንወለድኻ ከም ባርያኦም ኼንካ ተኣዘዞም፡ ምርቓኡ ናባኻ ምእንቲ ኸዓስል ነቦኻ ብትብሎን ብትገብሮን ኩሉ ኣኽብሮ፡ ምርቓ ወላዲ ኣባይቲ ውሉድ የጽንዕ፡ መርገም ወላዲት ካብ ሱር መሠረቶም ይምንቀሶም። *ሲራ.3፣4-8*

❖ ኣዚኻ እንተ ዓቦኻ፡ ኣዚኻ ኸኣ ትሑት ኩን፡ ሸው ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞገስ ክትረክብ ኢኻ። *ሲራ.3፣18*

❖ ከየሓፈርካ ኃጢኣትካ ተናዘዝ .... ምእንቲ ሓቂ ክሣዕ ሞት እውን እንተ ኾነ ተጋደል፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ባዕሉ ክዋግኣልካ ኢዩ። *ሲራ.4፣26-28*

❖ "ሕድገት ኃጢኣት ክረክብ ኢየ" ኢልካ ብምትእምማን፡ ኣብ ልዕሊ ኃጢኣት፡ ኃጢኣት ኣይትወስኽ፡ "ምሕረት እግዚኣብሔር ዓቢይ ኢዩ። ስለዚ ኃጢኣት እኳ እንተ

ኣብዛሕኩ ኪሓድገለይ ኢዩ፣" ኣይትበል። ከመይ መዓትን ምሕረትን ክልቲኡ ምስኡ ኢዩ። ቀጥዓኡ ድማ ኣብ ርእሲ ሓጥኣን ኢዩ ዚዓርፍ። ናብ እግዚኣብሔር ምምላስ ኣይትደንጉ፡ ሎሚ ጽባሕ እናበልካ እውን ኣይተድሓርሕር፣ ከመይ መዓት እግዚኣብሔር ሃንደበት ኪፍኖ ኢዩ፡ ብመዓልቲ መቕጻዕቲ ድማ ክትድምሰስ ኢኻ። *ሲራ.ክ.5፣5-7*

- ፈታዊ እምበር፡ ጸላኢ ኣይትኽውን። *ሲራ.ክ.6፣1*
- ምስ ብዙሓት ዕርክነት ይሃሉኻ፡ ምኽርኻ ግን ካብ ምስ ሽሕሲ ምስ ሓደ ጥራይ ይኹን። *ሲራ.ክ.6፣6*
- ናብቲ ዓበይቲ ሰባት ዚእከቡሉ ቦታ ኽድ፡ ነቲ ፈላጥ ኣለልዮ፡ ምስኡ ኽኣ ልገብ። *ሲራ.ክ.6፣34*
- ክፉእ ዘበለ ኣይትግበር፡ ክፉእ ከኣ ኣይኪበጽሓካን ኢዩ። ካብ ኃጢኣት ርሓቕ፡ ንሱ ድማ ካባኻ ኪርሕቕ ኢዩ። *ሲራ.ክ.7፣1-2*
- ዘይደክም ጸላዪ ኽን፡ ምጽዋት ኣብ ምሃብ ሽለል ኣይትበል። *ሲራ.ክ.7፣10*
- መወዳእታኡ እንታይ ከም ዝኾነ ኣይትፈልጥን ኢኻ እሞ፡ ክብሪ ረኺቡ ኢልካ ብኃጥእ ሰብ ኣይትቕናእ። *ሲራ.ክ.9፣11.*
- ጽቡቕ ዝመልክዑ ሰብ ርኢኻ ኣይትንኣድ፡ ክፉእ ዝመልክዑ ሰብ ርኢኻ'ውን ኣይትጽላእ። ንህቢ ካብቶም ዚነፍሩ ናኣሽቱ ፍጥረታት ሓንቲ ኢያ፡ እተፍርዮ ግና ካብቲ ጥዑም እንብሎ ነገር እቲ ዝበለጸ ኢዩ። *ሲራ.ክ.11፣2-3.*

❖ ኩሉ ነገር ጽቡቕ ኮነ ሕማቕ፡ ሕይወት ኮነ ሞት፡ ሃብቲ ኾነ ድኽነት፡ ካብ እግዚኣብሔር ኢዩ ዚመጽእ። *ሲራ.11፣14*

❖ ሠናይ ግብሪ ክትገብር ከሎኻ፡ ንመን ከም እትገብሮ ፍለጥ። *ሲራ.12፣1*

❖ ቅጥራን እንተ ሓዝካ፡ መጠግጠግ እናበለ ኩለንትናኻ የርስሓካ፡ ምስ ዕቡይ ሰብ እንተ ተመሓዞኻ፡ ልክዕ ከምኡ ዕቡይ ትኾውን። *ሲራ.13፣1*

❖ ሃብታም ሰብ ይጋገ፡ መሊሱ'ውን ጸርፊ ይውስኽሉ። ድኻ ይብደል፡ መሊሱ ይቕሬታ ኪሓትት ከኣ ይግደድ። *ሲራ.13፣3*

❖ ናይ ሕጉስ ልቢ ምልክቱ ፍሥሕ ገጽ ኢዩ። *ሲራ.13፣26*

❖ ሓደ መዓልቲ ከም እትመውት ዘክር፡ መኣስ ከም እትመውት ግና ኣይትፈልጥን ኢኻ። *ሲራ.14፣12*

❖ ፍጥረት ወድሰብ ከምታ ጨናፍራ እትዝርግሕን፡ ቁጽሊ እተውጽእን ኦም ኢዩ። እቲ ዝኣረገ ቁጽሊ ይረግፍ፡ ኣብ ቦታኡ ድማ ሓድሽ ይጭብጭብ፡ ገለ ኻባና ኪሞቱ ኽለዉ፡ ገለ ድማ ይውለዱ። *ሲራ.14፣18*

❖ ኣብ መጀመርታ ንሰብ ዝፈጠሮ ባዕሉ እግዚኣብሔር ኢዩ፡ ዝደለዮ ኺገብር ከኣ ሓይሊ ናጽነት ሃቦ.... ንሱ ሓውን ማይን ኣብ ቅድሜኻ ኣንቢሩ ኣሎ፡ ኢድካ ስደድ እሞ ኣብቲ ዝደለኻዮ እለኽ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ሕይወትን ሞትን ቀሪበን ኣለዋ፡ እቲ ዝመረጸ ኽኣ ኪወሃቦ ኢዩ። *ሲራ.15፣14-17*

❖ እግዚኣብሔር ክፉእ ንኺኸውን ዝኣዘዞ ሰብ፡ ወይ ኃጢኣት ንኺገብር ዝፈቐደሉ ሰብ፡ ሓደ እኳ የልቦን። *ሲራክ.15፣20*

❖ ከምቲ ምሕረቱ ዓቢይ ዝኾነ፡ ቀጥዓኡ ድማ ብእኡ መጠን ዓቢይ ኢዩ። ንሰብ ድማ ከከም ግብሩ ኢዩ ዚፈርዶ። *ሲራክ.16፣12*

❖ ኃጢኣትካ ንድሕሪት ደርቢኻ ናብ እግዚኣብሔር ተመለስ። *ሲራክ.17፣25*

❖ ሓደ ሰብ ሚእቲ ዓመት እንተ ደኣ ጸኒሑ ብዙሕ ኢዩ፡ እዘን ዓመታት እዚኣን ምስ ዘለዓለማውነት ተመዛዚነን ግና፡ ካብ ባሕሪ ከም ሓንቲ ነጥቢ ማይ፡ ካብ ሑጻ ኾኣ ከም ሓንቲ ጸጸር፡ ውሑዳት ኢየን። *ሲራክ.18፣9-10*

❖ ንእግዚኣብሔር መብጽዓ እንተ ገበርካ፡ ብዝተኻእለካ መጠን ቀልጢፍካ ኽፈሎ፡ "ዒራ ብሞት ክፍታሕ ኢዮ" ኢልካ ክሣዕ እትመውት ኣይትጸበ። *ሲራክ.18፣22*

❖ ክትጸግብ ከሎኻ፡ ጥሜት ከም ዘሎ ሕሰብ። ክትህብትም ከሎኻ ኾኣ ድኽነትን ስእነትን ከም ዘሎ ሕሰብ። *ሲራክ.18፣25*

❖ ሥጋኻ ብዚፈትዎ ነገር ኣይትመልኽ። *ሲራክ.18፣30*

❖ ካብ ተመን ከም እትሃድም፡ ካብ ኃጢኣት ህደም። ከመይ ንኃጢኣት እንተ ደኣ ቀሪብካያ ኽትነኽሰካ ኢያ። *ሲራክ.21፣2*

❖ ብድሕሪ ማዕጸ ኳንካ፡ ተቓጺኻ ዘረባ ምስማዕ፡ ሥራሕ ስድታት ኢዩ። *ሲራክ.21፣24*

❖ ናይ ምምሓል ልምዲ ኣይሃሉኻ፡ ነቲ ቕዱስ ዝኾነ ስም እግዚኣብሔር ከኣ ብሽንቲ ኣይትስመዮ። *ሲራ.23፣9*

❖ ኃጢኣት ዝሓዘለ ዘረባ ኢዮ'ሞ፡ ካብ ኣፍካ ዘይእሩም ዘረባ ኣይውጻእ። *ሲራ.23፣13*

❖ ጥበብ ዘለዎ ሰብ ዓቢይ ኢዩ፡ ነቲ ንእግዚኣብሔር ዚፈርህ ሰብ ዚዓብዮ ግና ሓደ እኳ የልቦን። *ሲራ.25፣10*

❖ ክትመውት ከም ዘሎካ ዘክር እሞ፡ ጽልኢ ካባኻ ኣርሕቕ፡ ሞትን ምብስባስን ከም ዘሎ ዘኪርካ ኽኣ እሙን ኬንካ ትእዛዛቱ ሓሉ። *ሲራ.28፣6*

❖ እቲ ንሓማዩ ሰብ ጽን ዚብል ሰብ ዕረፍቲ የብሉን፡ ብሰላም'ውን ኪነብር ኣይክእልን ኢዩ። *ሲራ.28፣16*

❖ በቲ ዘሎካ ብዙሕ ይኹን ውሑድ ሕጉስ ኩን። *ሲራ.29፣23*

❖ ቅንእን ቁጥዓን ዕድመ የሕጽር። *ሲራ.30፣24*

❖ ጐረቤትካ ከምቲ ናትካ ዝበለ ስምዒት ከም ዘለዎ ይፈለጥካ። *ሲራ.31፣15*

❖ እቲ ብዙሕ ዚገሸ፡ ብዙሕ ፍልጠት ኢዩ ዚቕስም። *ሲራ.34፣10*

❖ መባእ ከይሓዝካ ናብ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ኣይትእቶ። *ሲራ.35፣4*

❖ ብጻይካ ዓርክኻ ዝነበረ ጸላኢኻ ኪኸውን ከሎ፡ ሞት ዜስዕብ ጓሂ ይኾነካ። *ሲራ.37፣2*

❖ ዝኾነ ሰብ ምኽሪ ክህብ ይኽእል ኢዩ፡ ገለ ሰባት ግና ንረብሓኦም ኢሎም ኢዮም ዚመኽሩ። *ሲራ.37፣7*

❖ እግዚኣብሔር ካብ ምድሪ ኣፋውስ ፈጠረ፡ እቲ ፈላጥ ዝኾነ ሰብ ድማ ከይነዓቐ ኣብ ግብሪ የውዕሎ። *ሲራ.38፣4*

❖ መገድታትካ ነቶም ቅዱሳን ቅኑዓት ኢየን፡ ነቶም እኩያት ግና ዕንቅፋት ኢየን። *ሲራ.39፣24*

❖ ንነፍስ ወከፍ ሰብ ዝተዋህበ ከቢድ ዕዮ ኣሎ። ካብታ ዝተወለድናላ ዕለት ጀሚሩ፡ ናብታ ኣደ ኹልና ዝኾነት ምድሪ ክሣዕ እንምለስላ ዕለት፡ ኣብ ርእሲ ኹልና ኾቢድ ዮር ተነቢሩ ኣሎ። *ሲራ.40፣1*

❖ ንፍርዲ ሞት ኣይትፍርሃዮ፡ ነቲ ዝሓለፈ ዕድሜኻን ንናይ ሕይወት መወዳእታን ዘክር፡ እዚ ሥጋ ለበስ ንዝኾነ ኩሉ እግዚኣብሔር ዚሓገገሉ ሕጊ ኢዩ። ነቲ ሠናይ ዝኾነ ፍቓድ ልዑል ኣምላኽ እትቃወም ደኣ ንስኻ መን ኢኻ። *ሲራ.41፣3-4*

❖ ሰላም ንዚብሉኻ ሰላምታ ኣይትኽላእ። *ሲራ.41፣20*

❖ ሕጊ ልዑል ኣምላኽን ኪዳኑን ኣብ ምሕላው ኣይትሕፈር። *ሲራ.42፣2*

❖ .....ንእግዚኣብሔር ከተመስግንዎ ከሎኹም ክሣዕ ዚከኣለኩም ልዕል ኣብልዎ፡ ከመይ ይውሕዶ እምበር ኣይበዝሓን ኢዩ። እወ፡ ብዘሎኩም ሓይሊ ልዕል ኣብልዎ፡ ዚኣክል ከተመስግንዎ ስለ ዘይትኽእሉ ኣይትሰልክዩ፡ ሓደ እኳ ዝረኣዮ የልቦን፡ ሓደ'ውን ኪገልጾ ዚኽእል የልቦን። ከምቲ

ንዕኡ ዝግባእ ገይሩ ኬመስግኖ ዚኽእል'ውን ሓደ'ኳ የልቦን። *ሲራ.43፣27-33*

❖ ይሁዳ ብትንሣኤ ሙታን ይኣምን ስለ ዝነበረ ነዚ ኩቡር ተግባር እዚ ፈጸሞ። ንሱ ምዉታት ከም ዚትንሥኡ እንተ ዘይኣምን ኔሩ፡ ምእንቲ ምዉታት ምጽላይ ከንቱን ዕሽነትን ምኾነ ኔሩ። ይሁዳ ግና ነቶም ብእምነት ዝሞቱ ዜደንቕ ዓስቢ ተነቢርሎም ከም ዘሎ ስለ ዝተገንዘበ፡ ነቲ ቕዱስን መንፈሳውን ተግባር ፈጸሞ። ምእንትዚ እቶም ዝሞቱ ካብ ሓጢኣቶም ሓራ ምእንቲ ክኾኑ ሕድገት ኃጢኣት ዝርከበሉ መሥዋዕቲ ኣዕረገ። *2መቃ12፡44-45*

❖ ኣብ ሓቂ ዓመጽ ዚብልዎ የልቦን። *1ዕዝራ.4፣36*

❖ ብመዓልቲ ፍርዲ ፀሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ኣይኪህልዉን ኢዮም። ... እቲ ኣንጸባራቒ ብርሃን ልዑል ኣምላኽ በይኑ ንነፍስ ወከፍ ከም ዚርኢ ኪገብሮ ኢዩ። *2ዕዝራ.7፣39-42*

❖ ናይዚ ዓለም እዚ ሰባት ብሓሳቦም ስለ ዚምርሑ ይሓጥኡ። *2ዕዝራ.7፣72*

❖ መዓልቲ ፍርዲ ግና መወዳእታ ናይዚ ዓለም እዝን፡ መጀመርታ ናይቲ መጻኢ ዓለምን ኪኸውን ኢዩ። ሽዑ ናይ ኩሉ ብልሽውና መወዳእታ ኪኸውን ኢዩ። ከም ድላይካ ምኻድን፡ እሙን ዘይምኻንን ኪጠፍእ ኢዩ። ጽድቅን ርትዕን ኪነግሣ ኢየን። *2ዕዝራ.7፣113-114*

❖ ኃጢኣት ክንገብር ከሎና ብዛዕባቲ ብድሕሪ ሞት ክንቅበሎ ዘሎና መቐጻዕቲ ምሉእ ሕይወትና ሓሲብና ኣይንፈልጥን። *2ዕዝራ.7፣126*

❖ ንሱ ከየቋረጸ ምሕረት እንተ ዘይገብር፡ ነዚ ዓለም እዚ ወይ ነቶም ኣብኡ ዚነብሩ ሕይወት ኣይምነበሮምን። *2ዕዝራ.7፣137*

❖ እቶም ብትዕቢትን ብጃህራን ዚነብሩ ኣብ ዓለም ዘለዉ ሰባት፡ ኣብ መወዳእታ ብዙሕ ኪሳቐዩ ኢዮም። *2ዕዝራ.8፣50*

❖ ዘይኣምን ዘበለ ኩሉ ብዘይምእማኑ ኪጠፍእ ኢዩ። *2ዕዝራ.15፣4*

❖ ጥሜት፡ ሕማም ተላገብ፡ መከራ፡ ስቓይ፡ ሰባት ንምቐጻዕን ንምእራምን ዝተላእኩ ኢዮም። *2ዕዝራ.16፣19*

❖ ነድሪ ቑጥዓኻ ኃጥኣን ኪጽመምዎ ዘይክእሉ ልዑል ኢዩ፡ ግና እቲ እተተስፍዎ ምሕረትኡን ዓቢይ ኢዩ። .... ንስኻ መሓሪ፡ ካብ ቑጥዓ ዝረሓቕካ በዓል ብዙሕ ርኅራኄ ኢኻ። ብሓጢኣትና ክንሳቐ ከሎና ንመቐጻዕትና ምእንቲ ተሰኪምና ክንክእሎ ተቐልለልና፡ .... ንስሓ ንጻድቃን ኢልካ ኣይሠራዕካዮን፡ እወ ንኣብርሃምን ንይስሓቕን ንያዕቆብን ነቶም ዘይበደሉኻ ኣይሠራዕካዮን፡ እኳ ደኣ ከማይ ንዝኣመሰሉ ኃጥኣን ኢኻ ዝሠራዕካዮ። *ጸሎት ምናሴ.1፣5-8*

❖ <u>ሸውዓተ ሊቃነ መላእክት፦</u>

1. ሚካኤል
2. ገብርኤል
3. ሩፋኤል
4. ኡራኤል
5. ራጉኤል
6. ሳቁኤል፡ *ሄኖክ.6፣2-7*
7. ፋኑኤል፡ *ሄኖክ.10፣14*

❖ አ ጐይታ ንገጽካ ካብ ጸለ*ት ባርያ*ካ አይትሽውለ*።* *ሄኖክ.29፣27*

❖ አቱም ሃብታማት ወይለኽም! አብ ሃብትኽም ስለ ዝተአመንኩም*።* አብ ግዜ ሃብትኽም ከአ ኑቲ ልዑል ስለ ዘይዘከርኩምዎ፡ ካብ ሃብትኽም ክትስጐጉ ኢኽም*።* *ሄኖክ.36፣8*

❖ ሰባት ደአ ባዕላቶም ፈጠርዋ እምበር፡ ሓጢአት አብ ልዕሊ ምድሪ አይተላእከትን*።* *ሄኖክ.37፣17*

❖ አቱም ንዘረባ ጻድቃን ብላሽ እትገብሩ ወይለኽም! .... አቱም ኑቲ ነገራት ሓቅን እቲ ንዘለዓለም ጸኒው ዚነብር ሥርዓትን እትልውጥዎ ወይለኽም! *ሄኖክ.37፣29-33*

ካብ ሓዲስ ኪዳን፦

❖ ንሰብ ጥበብ፡ እቲ ብምብራቕ ዝረኣይዎ ኮኾብ፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሕፃን ዝነበራ ቦታ መጺኡ ክሳብ ዚቕውም መርሐም። ... ናብ ቤት ኣትዮም ኑቲ ሕፃን ምስ ማርያም እኖኡ ረኣይዎ፡ ተደፊኦም ሰገዱሉ፡ ሣጹኖም ከፊቶም ከኣ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገጸ በረኸት ሃብዎ። *ማቴ.2፣6-11*

❖ መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ ኢያ እሞ ተነስሑ። *ማቴ.3፣1*

❖ ኢየሱስ ብዮሓንስ ኪጥመቕ ካብ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ መጸ፡ ... ምስ ተጠምቀ ብኡብኡ ካብ ማይ ወጸ፡ እንሆ ኸኣ ሰማያት ተኸፍተ፡ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ኪዓልብ ረኣየ፡ እንሆ ድማ "ብእኡ ዝተሓጐስኩ ፍትዊ ወደይ እዚ ኢዩ" ዚብል ድምጺ ካብ ሰማይ መጸ። *ማቴ.3፣13-17*

❖ ብድሕሪዚ ኣርባዓ መዓልትን ኣርባዓ ለይትን ጾመ፡ ዲያብሎስ ድማ ብሠለስተ ዓበይቲ ኣርእስተ ኃጣውኣ ፈተኖ። *ማቴ.4፣1-10*

❖ ....ንጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን ኪጸግቡ ኢዮም እሞ ብፁዓን ኢዮም። መሓርቲ ምሕረት ኪረኽቡ ኢዮም እሞ ብፁዓን ኢዮም። ንጹሓት ልቢ ንኣምላኽ ኪርእይዎ ኢዮም እሞ ብፁዓን ኢዮም። ገበርቲ ሰላም ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ ኢዮም እሞ ብፁዓን ኢዮም። ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ መንግሥተ ሰማያት ናታቶም ኢያ እሞ ብፁዓን ኢዮም። ምእንታይ እንተ ጸረፉኹምን እንተ ሰገጉኹምን፡ ኩሉ ክፉእ

ዘበለ ድማ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩምን ብፁዓን ኢኹም። *ማቴ.5፣1-11*

❖ ኑቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፡ ኑቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኼመስግንዎ፡ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ። *ማቴ.5፣16*

❖ ንሕጊ ሙሴ ኾነ ንነቢያት ክፍጽሞም ደኣ እምበር ክሥዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም፡ ሰማይን ምድርን ክሣዕ ዚሓልፍ፡ ኩሉ ሕጊ'ውን ክሣዕ ዚፍጸም፡ ካብ ሕጊ የውጣ ወይ ሓንቲ ሕንጻጽ ከም ዘይትሓልፍ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። *ማቴ.5፣17-18*

❖ ነገርኩምሲ "እወ፡ እወ" ወይ "ኣይኮነን፡ ኣይኮነን" ደኣ ይኹን። *ማቴ.5፣37*

❖ ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ፀሓይ የብርቕ፡ ንጻድቃንን ንኃጥኣንን ድማ ዝናም የዝንም። *ማቴ.5፣54*

❖ ብሰብ ምእንቲ ክትረኣዩ ኢልኩም ጽድቅኹም ከይትገብሩ ተጠንቀቑ፡ እንተ ዘይኮነ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ዓስቢ የብልኩምን። *ማቴ.6፣1*

❖ ንሰብ በደሎም እንተ ሓደግኩምሎም፡ ንኣኻትኩም ድማ ሰማያዊ ኣቦኹም ኪሓድገልኩም ኢዩ። ንሰብ በደሎም እንተ ዘይሓደግኩምሎም ግና፡ ንኣኻትኩም ድማ ኣቦኹም ኣይኪሓድገልኩምን ኢዩ። *ማቴ.6፣14-15*

❖ ብልዕን ምምራትን ኣብ ዜበላሽዎ፡ ሰረቕቲ ኽኡሲቶም ኣብ ዚሰርቅዎ፡ ንኣኻትኩም ኣብ ምድሪ ሃብቲ ኣይትኣክቡ፡ እኳ ደኣ ብልዕን ምምራትን ኣብ ዘየበላሽዎ፡ ሰረቕቲ ኽኡዓቶም ኣብ ዘይሰርቅዎ፡ ኣብ ሰማይ ሃብቲ ኣክቡ፡ ከመይ ሃብትኻ ኣብ ዘለዎ ልብኻ ኣብኡ ኣሎ። *ማቴ.6፣19-21*

❖ ንስኻትኩም ግና ቕድም መንግሥቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ። እዚ ኽሉ ድማ ኪውሰኽልኩም ኢዩ። *ማቴ.6፣33*

❖ ብዝፈረድኩምዎ ፍርዲ ኪፍረደኩም፡ ብዚሰፈርክምዎ መስፈር ኪስፈረኩም ኢዩ'ሞ፡ ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ። ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ሠርወ ዘየስተውዓልካስ ንምንታይ ኣብ ዓይኒ ሓውካ ዘሎ በሰር እትርእ። *ማቴ.7፣1-3*

❖ ለምኑ ኽዉሃበኩም ኢዩ፡ ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ማዕጾ ኳሕኮሑ ኪረሓወልኩሙ ኢዩ። ከመይ ዝለመነ ኽሉ ይቕበል፡ ዝደለየ ይረክብ፡ ማዕጾ ዝኳሕኮሐ ድማ ይረሓወሉ ኢዩ። እንታዋይ ሰብ ኢዩ ካባኻትኩም ወዱ እንጌራ እንተ ለመኖ እምኒ ዚህቦ፧ ወይ ከኣ ዓሣ እንተ ለመኖ ተመን ዚህቦ፧ እምበኣር ንስኻትኩም እኳ ክፉኣት ከለኹም ንደቅኹም ሠናይ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ግዳ ንዝለመንዎ ክንደይ ኣብዚሑ ሠናይ ነገር ዘይህቦም። *ማቴ.7፣7-11*

❖ በታ ጸባብ ኣፍደገ እተዉ፡ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ኣፍደገ ርሕብቲ፡ መገዳ'ውን ገፊሕ ኢዩ፡ እቶም ብኣኣ ዚኣትዉ ድማ ብዙሓት ኢዮም። እታ ናብ ሕይወት እትወስድ ኣፍደገ ግና ጸባብ ኢያ፡ መገዳ'ውን ቀጢን ኢዩ፡ እቶም ዚረኽብዋ ኽኣ ውሑዳት ኢዮም። *ማቴ.7፣13-14*

❖ ብውሽጦም ዚምንጥሉ ተኻሊ ኢዮም እሞ፡ ኣባጊዕ ተመሲሎም ካብ ዚመጹኹም ሓሰውቲ ነቢያት ተጠንቀቑ። *ማቴ.7፣15*

❖ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር፡ ጐይታይ! ጐይታይ! ዚብለኒ ኹሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት ኣይኣቱን ኢዩ። በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት ጐይታይ! ጐይታይ! ብስምካዶ ትንቢት ኣይተዛረብናን፡ ብስምካዶ ኣጋንንቲ ኣየውጻእናን፡ ብስምካስ ብዙሕ ተኣምራትዶ ኣይገበርናን፡ ኪብሉኒ ኢዮም። ሽዑ ኣነ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ ከቶ ኣይፈልጠኩምን ኢየ ኪብሎም ኢየ። *ማቴ.7፣21-23*

❖ ነዘን ቃላተይ ሰሚዑ ዚፍጽመን ኩሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሠርሐ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል። ዝናም ዘነመ፡ ወሓይዝ ወሓዙ፡ ንፋሳት'ውን ነፈሱ፡ ነቲ ቤት ደፍእዎ ኣብ ከውሒ ስለ ዝተሠረተ ድማ ኣይወደቐን። *ማቴ.7፣24-25*

❖ ሰብነትካ ብኻህን ኣመርምር፡ ንኣኣቶም ንምስክር ምእንቲ ኪኾኖም'ውን ኣብ ክንዲ ዝነጻሕካ እቲ ሙሴ ዚኣዘዞ መባእ ኣቕርብ። *ማቴ.8፣4*

❖ <u>ስማት ዓሥርተው ክልተ ሓዋርያት፦</u>

1. ጴጥሮስ ዝተባህለ ስምዖንን
2. እንድርያስ ኃዉን
3. ያዕቆብ ወዲ ዘብዴዎስን
4. ዮሓንስ ኃዉን
5. ፊልጶስ
6. በርተሎሜዎስ
7. ቶማስ
8. ማቴዎስ እቲ ተቐባል ቀረጽን
9. ያዕቆብ ወዲ እልፍዮስ
10. ታዴዎስ ዝተባህለ ልብድዮስ
11. ስምዖን (ናትናኤል) በዓል ቃና
12. እቲ ዘትኃዞ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ (ኣብ ክንዲ ይሁዳ ማትያስ ተተክኡ፡ *ግ.ሓ.1፣26.*) *ማቴ.10፣2-4*

❖ ብልህታት ከም ተመን፡ ገርህታት ከም ርግቢ ኩኑ። *ማቴ.10፣16*

❖ ነቲ ነፍስን ሥጋን ኣብ ገሃነም ኬእቱ ዝከኣሎ ደኣ ፍርህዎ እምበር፡ ነቶም ንሥጋ ዚቕትሉ፡ ንነፍሲ ግና ኪቕትልዋ ዘይከኣሎም ኣይትፍርህዎም። *ማቴ.10፣28*

❖ ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝተኣመነኒ ኩሉ፡ ኣነ ኽኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪእመኖ ኢየ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝኽሓደኒ ግና፡ ኣነ ኽኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪኽሕዶ ኢየ። *ማቴ.10፣32*

❖ ንኣኻትኩም ዚቕበል ንኣይ ይቕበል፡ እቲ ንኣይ ዚቕበል ድማ ነቲ ዚለኣኸኒ ይቕበሎ። ንነቢይ ብስም ነቢይ ዚቕበል ዓስቢ ነቢይ ይረክብ፡ እቲ ንጻድቕ ብስም ጻድቕ ዚቕበል ዓስቢ ጻድቕ ይረክብ። ካብዞም ነኣሽቱ ንሓደ እኳ ብስም ወደ መዝሙር ዝሑል ብርጭቆ ማይ ጥራይ ዜስቲ፡ ዓስቡ ከም ዘይስእን ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። *ማቴ.10፣40-42*

❖ ካብ ኣቦይ ኩሉ ተዋሂቡኒ ኣሎ፡ ብዘይካ ኣቦ ንወልድ ዚፈልጦ ሓደ እኳ የልቦን፡ ነቦ ድማ ብዘይካ ወልድን እቲ ንሱ ኪገልጸሉ ዚፈቱን እንተ ዘይኮይኑ ሓደ እኳ ዚፈልጦ የልቦን። *ማቴ.11፣27*

❖ ኣቱም ኩሉኹም እተጽዕሩን ዖር ዝኸበደኩምን፡ ናባይ ንዑ ኣነ ኽኣ ከዕርፈኩም ኢየ፡ ኣነ ለዋህ ኢየ፡ ልበይ'ውን ትሑት ኢዩ እሞ ኣርዑተይ ፀሩ ካባይ'ውን ተምሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ከመይ ኣርዑተይ ልዙብ ዖረይ ከኣ ፈኵሽ ኢዩ። *ማቴ.11፣28-30*

❖ ኣፍ ካብ ምልኣት ልቢ ይዛረብ፡... ሕያዋይ ሰብ ካብቲ ሠናይ መዝገብ ልቡ፡ ሠናይ ነገር የውጽእ። እቲ ኽፉእ ሰብ ግና ካብቲ ክፉእ መዝገብ ልቡ፡ ክፉእ ነገር የውጽእ። *ማቴ.12፣34-35*

❖ ንሰብከ ኽሉ ዓለም ረቢሑስ ነፍሱ እንተ ኣጥፊኡ እንታይ ይጠቕሞ፧ ሰብከ በጃ ነፍሱ እንታይ ዘይምሃበ፧ *ማቴ.16፣26*

❖ እቲ ዕንቅፋት ብሰሩ ዚመጽእ ሰብ ወይለኡ! *ማቴ.18፣7*

❖ ኃውካ እንተ በደለካ፡ ኬድካ ንስኻን ንሱን ኣብ በይንኹም ኳንኩም ግንሓዮ። እንተ ሰምዓካ ንኃውኻ ረባሕካዮ፡ እንተ ዘይሰምዓካ ግና ኽሉ ነገር ብኣፍ ክልተ ወይ ሠለስተ መሰኻኽር ኢዩ ዚቕውም እሞ፡ ኣብ ካልኣይ ግዜ ሓደ ወይ ክልተ ምሳኻ ውሰድ፡ ንኣኣቶም እንተ ዘይሰምዮም ድማ ንቤተ ክርስቲያን ንገራ። ንቤተ ክርስቲያን እንተ ዘይሰምዓ ግና ከም ኣረሚንን ዘይንሳሕን ኃጢኣተኛ ቑጸሮ። *ማቴ.18፣15-17*

❖ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፡ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርኩምዎ ዘበለ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን ኢዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩምዎ ዘበለ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን ኢዩ። *ማቴ.18፣18*

❖ ክልተ ወይ ሠለስተ ኾይኖም ብስመይ ኣብ ዝተኣከቡሉ፡ ኣነ ኽኣ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም ኣለኹ። *ማቴ.18፣19*

❖ ጴጥሮስ ቅርብ ኢሉ "ጐይታይ ኃወይ እንተ በደለንስ ክንደይ ሚዕ ይቕረ ክብለሉ፧ ክሚዕ ሾብዓተዶ፧" በሎ። ኢየሱስ ድማ "ሾብዓተ ሚዕ ሰብዓ ደኣ እምበር ክሚዕ ሾብዓተ ኣይብለካን" በሎ። *ማቴ.18፣21*

❖ ፈሪሳውያን ድማ “ሰብኣይሲ ነታ ሰበይቱ ብዝኾነ ምኽንያት ክፈትሓ ዶ ይኽእል ኢዩ፧” እናበሉ ኪፍትንዎ ናብኡ መጹ። ኢየሱስ ድማ “እቲ ካብ መጀመርታ ዝፈጠረ ‘ሰብኣይን ሰበይትን ጌሩ ፈጠሮም፡ ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ይወሃድ፡ ክልቲኣም ድማ ሓደ ኣካል ይኾኑ’ ዚብልዶ ኣየንበብኩምን ኢኾም፧ ደጊም ሓደ ኣካል ኢዮም እምበር ክልተ ኣይኮኑን። እምበኣር ነቲ ኣምላኽ ሓደ ዝገበሮ ሰብ ኣይፍለዮ።” በሎም። *ማቴ.19፡3-6*

❖ መንግሥተ ሰማያት ንኽምዚኣቶም ዝበሉ ኢያ እሞ ጎደግዎም ሕፃናት ናባይ ምምጻእ ኣይትኽልእዎም። *ማቴ.19፣14*

❖ እቲ ካባኻትኩም ኪዓቢ ዚደሊ፡ ኣገልጋሊኹም ይኹን። *ማቴ.20፣26*

❖ ንሱ ኣምላኽ ሕያዋን እምበር ኣምላኽ ምውታት ኣይኮነን። *ማቴ.22፣32*

❖ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፡ ብምሉእ ነፍስኻን፡ ብኹሉ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ። እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እዚኣ ኢያ። እታ እትመስላ ኻልኣይታ ድማ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅሮ እትብል ኢያ። *ማቴ.22፣37-39*

❖ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ኣብ መንበር ሙሴ ተቐሚጦም ኣለዉ፡ ስለዚ ንሳቶም ዚብሉኹም ኩሉ ግበሩን ሓልዉን፡ ግናኸ ይብሉኹም ደኣ እምበር ኣይገብሩን ኢዮም እሞ፡ ከምቲ ዚገብርዎ ኣይትግበሩ። *ማቴ23፣3*

❖ ሓደ እኳ ከየስሕተኩም ተጠንቀቑ፡ "ኣነ ክርስቶስ ኢየ" እናበሉ ብዙሓት ብስመይ ኪመጹ ኢዮም፡ ንብዙሓት ውን ኬስሕቱ ኢዮም፡ ውግእን ወረ ውግእን ክትሰምዑ ኢኹም፡ ኣስተውዕሉ! ኣይትሰምብዱ፡ እዚ ኹሉ ብግድን ኪኸውን ኢዩ፡ እንተ ኾነ መወዳእታ ሸዑ ኣይኮነን። ሕዝቢ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ፡ መንግሥቲ'ውን ኣብ ልዕሊ መንግሥቲ ኽለዓል ኢዩ። ኣብ ኩሉ ቦታ ከኣ ረሃብን ምንቅጥቃጥ ምድርን ኪኸውን ኢዩ።... ስለ ስመይ ከኣ ብኹሎም ኣሕዛብ ጽሉኣት ክትኮኑ ኢኹም። ...ብሰንኪ ብዝጎ ኽፍኣት ከኣ ፍቕሪ ብዙኃት ክትዝሕትል ኢያ። እቲ ክሣዕ መወዳእታ ዚዕገሥ ግና ንሱ ኽድሕን ኢዩ። ንኹሎም ኣሕዛብ ምስክርነት ምእንቲ ኪኸውን እዚ ወንጌል መንግሥቲዚ ኣብ ምሉእ ዓለም ኪስበኽ ኢዩ። ሸዑ መወዳእታ ኪኸውን ኢዩ። *ማቴ.24፣4-14*

❖ እምበኣርከስ ገይታኹም በየነይቲ መዓልቲ ከም ዚመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ ንቐሑ! *ማቴ.24፣42*

ሽዱሽተ ቃላት ወንጌል፦

❖ ወድሰብ ምስ ኩሎም መላእኽቱ ብኽብሩ ኣብ ዚመጸሉ ግዜ...ነባጊዕ ብየማኑ ነጣል ድማ ብጸጋሙ ኬቐውም ኢዩ። ብየማኑ ንዘለዉ "ኣቱም ናይ ኣቦይ ቡሩኻት እቲ ዓለም ኪፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኩም መንግሥቲ ክትወርሱ ንዑ። ምኽንያቱ፦

1. ጠምየ ኣብላዕኩምኒ።
2. ጸሚአ ኣስቲኹምኒ።
3. ጋሻ ኾይነ መጺአ ተቐበልኩምኒ።
4. ዓሪቐ ከደንኩምኒ።
5. ሓሚመ በጻሕኩምኒ።
6. ተኣሲረ ኣጸናናዕኩምኒ።" ኪብሎም ኢዩ።

ሽዑ እቶም ጻድቃን እዚ ኹሉስ መኣስ ገበርናልካ ኪብልዎ ኢዮም። እቲ ንጉሥ ከኣ እቲ ንሓደ ካብዞም ዝነኣሱ ኣሕዋተይ ዝገበርኩምዎ፡ ንኣይ ከም ዝገበርኩምዎ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፡ ኢሉ ኪምልሰሎም ኢዩ። ብድሕርዚ ኣብ ጸጋሙ ንዘለዉ "ኣቱም ርጉማት ካባይ ርሒቐኩም ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን ዝተዳለወ ናይ ዘለዓለም ሓዊ ኪዱ፡ ምኽንያቱ ጠምየ ኣየብላዕኩምንን፡ ጸሚአ ኣየስቲኹምንን....." ኪብሎም ኢዩ። ሽዑ ንሳቶም ኣ ጐይታ! መኣስ ጠሚኻ ርኢናካስ ወይ ጸሚእካ ወይ ጋሻ ኾንካ ወይ ዓሪቐካ ወይ ሓሚምካ ወይ ተኣሲርካ ዘየገልገልናካ፡ ኢሎም ኪምልሱ ኢዮም። ሽዑ ንሱ "እቲ ንሓደ ኻብዞም ዝነኣሱ ዘይገበርኩምዎ፡ ንኣይ ከም

ዘይገበርኩምዎ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ" ኢሉ ኪምልሰሎም ኢዩ። ሽዑ እዚኣቶም ናብ ናይ ዘለዓለም ቅጽዓት፡ ጻድቃን ግና ናብ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኪኸዱ ኢዮም። *ማቴ.25፣31-46*

❖ ...እቶም ውተሃደራት ጲላጦስ ንኢየሱስ ኣብ ቤት መንግሥቲ ወሲዶም፡ ብዘሎ ኑቲ ሠራዊት ኣብኡ ኣኪብዎ። ክዳኑ ገፊፎም ከኣ ቐይሕ ባርኖስ ከደንዎ። ካብ እሾኽ ኣኽሊል ተቲያም ውን ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ፡ ኣብ የማናይ ኢዱ ዘንጊ ኣትሒዞም ከኣ ኣብ ቅድሚኡ እናተምበርከኹ "ሰላም ኦ ንጉሥ ኣይሁድ!" እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ። ጡፍ ድማ በሉሉ፡ ኑቲ ዘንጊ ኣሕዲጎም ከኣ ርእሱ ወቐዕዎ። ምስ ኣላገጹሉ ድማ ኑቲ ቐይሕ ባርኖስ ቀንጢጦም ክዳውንቱ ከደንዎ፡ ኪሰቐልዎ ውን ወሰድዎ። ኪወፁ ኸለዉ ድማ ስምዖን ዝስሙ ሓደ ቀሬናዊ ሰብኣይ ረኸቡ እሞ ንመስቀል ኢየሱስ ክፀውር ኣገደድዎ። ጎልጎታ፡ ትርጉሙ ሓምሓም ርእሲ ተባሂሉ ናብ ዝጽዋዕ ሥፍራ ምስ በጽሑ፡ ሓሞት ዝተሓወሶ መጪጽ ክሰቲ ሃብዎ፡ ንሱ ኸኣ ጥዒሙ ምስታይ ኣበየ። ምስ ሰቐልዎ ኸኣ ኑቲ ኽዳውንቱ ዕጫ ኣውዲቆም ተማቐልዎ። ኣብኡ ተቐሚጦም ከኣ ይሕልውዎ ነበሩ። ኣብ ልዕሊ ርእሱ ድማ "እዚ ኢየሱስ ንጉሥ ኣይሁድ ኢዩ" ዝብል ናይ ክሱ ጽሑፍ ኣንበሩሉ። ሽዑ ምስኡ ክልተ ገሓሉት ሓደ ብየማኑ ሓደ ድማ ብጸጋሙ ተሰቐሉ። ...እነሆ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ክሳብ ታስዓይቲ ሰዓት ብዘሎ ምድሪ ጸልመተ። ብታስዓይቲ ሰዓት ኣቢሉ ኢየሱስ "ኤሎሄ! ኤሎሄ! ላማ ሰበቕታኒ፧" እናበለ ብዓቢይ

ድምጺ ጨርሐ። እዚ ኽእ "ኣምላኽይ! ኣምላኽይ! ንምንታይ ሓደግካኒ፧" ማለት ኢዩ።... ...ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ብዓቢይ ድምጺ ጨርሐ፡ ነፍሱ ድማ ወጸት። እነሆ ኽእ መጋረጃ ቤት መቕደስ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ኣብ ክልተ ተተርተረ። ምድሪ ኣንቀጥቀጠት፡ ኣኻውሕ ድማ ተጨዱ፡ መቓብራት ውን ተኸፍቱ፡ ሞይቶም ዝነበሩ ናይ ብዙሓት ቅዱሳን ሬሳታት ድማ ካብ ሞት ተንሥኡ፡ ድሕሪ ትንሣኤኡ ድማ ካብ መቓብራት ወጺኦም ናብታ ቕድስቲ ኸተማ ኣተዉ። ንብዙሓት ውን ተራእይዎም።... ዮሴፍ ድማ ነቲ ሥጋ ወሲዱ ብጽሩይ በፍታ ገነዞ። ኣብቲ ኣብ ከውሒ ዘውቀሮ፡ ናይ ባዕሉ ሓድሽ መቓብር ውን ኣንበሮ። ሓደ ዓቢይ እምኒ ኣንከራርዩ ድማ ነቲ ኣፍ መቓብር ዓጽይዎ ኸደ።... *ማቴ.27፡1-66*

❖ ድሕሪ ሰንበት ለይቲ፡ ናብታ ቕዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን ዜውግሕ፡ ማርያም መግደላዊትን ማርያም እታ ኻልኣይትን መቓብሩ ኽርእያ መጻ። እንሆ መልኣኽ እግዚኣብሔር ካብ ሰማይ ወረደ እሞ ዓቢይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ። ቅርብ ኢሉ ኽእ ነቲ እምኒ ኣንከራርዩ ኣብ ልዕሊኡ ተቐመጠ። ትርኢቱ ኸም መብረቕ ዜንጸባርቕ ክዳኑ ድማ ከም በረድ ፃዕዳ ነበረ። እቶም ሓለውቲ መቓብር ድማ ፈሪሆም ኣንቀጥቀጡ ከም ዝሞቱ ውን ኮኑ። እቲ መልኣኽ ድማ መሊሱ ነተን ኣንስቲ "ንስኻትክን ነቲ ዝተሰቕለ ኢየሱስ ትደልያኡ ኸም ዘሎኽን እፈልጥ ኢየ እሞ ኣይትፍርሃ። ኣብዚ የለን ከምቲ ዝበሎ ተንሢኡ ኢዩ። ንዕነ ነታ ጐይታ ተነቢሩላ

ዝነበረ ስፍራ ርኣያ፡ ቀልጢፍክን ኬድክን ካብ ምዉታት ከም ዝተንሥአ ንደቀ መዛሙርቱ ንገራኦም። 'እነሆ ንሱ ኣብ ገሊላ ክቕድመኩም ኢዩ ኣብኡ ድማ ክትርእይዎ ኢኹም።' እንሆ ነጊረክን ኣሎኹ።" በለን። ንሳተን ከኣ ካብቲ መቓብር ብፍርሃትን ብዓቢይ ታሕጓስን ቀልጢፈን ወፃ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ኬበሥራኦም ውን ገዪየ።... *ማቴ.28፡1-15*

❖ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ "ሥልጣን ሰማይን ምድርን ኵሉ ተዋሂቡኒ ኣሎ፡ እምበኣር ኪዱ እሞ ንኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቐኩም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም፡ ከምኡ ውን ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኪሕልዉ ምሃርዎም። እንሆ ኣነ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም፡ ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም ኢየ።" እናበለ ተዛረቦም። *ማቴ.28፣ 18-20*

❖ ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር ጥዑያት ኣይደልይዎን ኢዮም። ኣነ ኸኣ ንኃጥኣን እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን። *ማር.2፣17*

❖ ዘይገሃድ ሕቡእ የልቦን፡ ዘይግለጽ ሥዉር ድማ የልቦን። *ማር.4፣22*

❖ ንዚኣምን ኩሉ ይከኣል ኢዩ። *ማር.9፣23*

❖ እቲ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ከም ሕፃን ኮይኑ ዘይተቐበላ፡ ኩፉ ከም ዘይኣትዋ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። *ማር.10፣15*

❖ እትልምንዎን እትጽልይዎን ዘበለ ከም ዝተቐበልኩምዎ እመኑ እሞ ኪኾነልኩም ኢዩ። *ማር.11፣24*

❖ ሓሰውቲ መሲሓትን ሓሰውቲ ነቢያትን ኪትንሥኡ ኢዮም እሞ እንተ ተኻእሎምሲ ነቶም ጎሩያት'ውን ኬስሕቱ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ ኢዮም። ንስኻትኩም ግና ተጠንቀቑ፡ እንሆ ኣቐዲመ ኩሉ ነጊረኩም ኣለኹ። *ማር.13፣22-23*

❖ ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ ኢዩ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን ኢዩ። *ማር.13.31*

❖ እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድሕን ኢዩ፡ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኾነን ኢዩ። *ማር.16፣16*

❖ ማሕጸ ድሮ ኣብ ሱር ኦም ተነቢሩ ኢዩ፡ ስለዚ ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኦም ኩሉ ኪቕረጽ ኢዩ፡ ናብ ሓዊ ኽኣ ኪድርበ ኢዩ። *ሉቃ.3፣9*

❖ ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ርኅሩኅ ዝኾነ ንስኻትኩም ከኣ ርኅሩኻት ኩኑ። *ሉቃ.6፣36*

❖ ብኣይን ብቓለይን ዚሓፍር ዘበለ፡ ወድ ሰብ ብግርማኡን ብግርማ ኣቡኡን ብግርማ ቅዱሳን መላእኽቱን ኪመጽእ ከሎ ብእኡ ኪሓፍር ኢዩ። *ሉቃ.9፣26*

❖ ዕርፊ ብኢዱ ሒዙ ንድሕሪት ዚርኢ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ኣይበቅዕን ኢዩ። *ሉቃ.9፣62*

❖ ...ንስኻትኩም እኳ ኽፉኣት ከሎኹም ንደቅኹም ሠናይ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦ

ግዳ ንዚልምንዎ ክንደይ ኣብዚሑ መንፈስ ቅዱስ ዘይህቦም፤ *ሉቃ.11፡13*

❖ ሕይወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኮነትን እሞ ተጠንቀቑ፡ ካብ ኩሉ ስስዐ ድማ ተሓለዉ። *ሉቃ.12፣15*

❖ እቲ ፍቓድ ጐይታኡ ፈሊጡ ዘይተዳለወ፡ ከምታ ፍቓዱ ውን ዘይገበረ ኣገልጋሊ፡ ብዙሕ መግረፍቲ ኺግረፍ ኢዩ። *ሉቃ.12፣47*

❖ ምሳሕ እንተ ገበርካስ ድኻታትን ቁራያትን ሓንካሳትን ዕዉራትን ደኣ ጸውዕ፡ ዚፈድዩኻ የብሎምን እሞ ብፁዕ ክትከውን፡ ብትንሣኤ ጻድቃን'ውን ክትፍደዮ ኢኻ። *ሉቃ.14፣ 13-14*

❖ ንስኻትኩም ዝተኣዘዝኩምዎ ኹሉ ምስ ገበርኩም "ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ኢና፡ እቲ ክንገብሮ ዚግብኣና ኢና ዝገበርና" በሉ። *ሉቃ.17፣10*

❖ እታ መዓልቲ እቲኣ ብሃንደበት ከይትመጸኩምሲ፡ ብስስዐን ብስኽራንን ብሓልዮት ናብራን ልብኹም ከይከብድ፡ ንነፍስኹም ተጠንቀቑ።.... እምበኣር ካብቲ ኩሉ ኪኸውን ዘለዎ ነገራት ምእንቲ ክትመልቁን፡ ኣብ ቅድሚ ወድሰብ ደው ንምባል ምእንቲ ክትክእሉን፡ ኩሉ ግዕ ነቒሕኩም ጸልዩ። *ሉቃ.21፣34-38*

❖ ስለምንታይ እትድቅሱ ናብ ፈተና ከይትኣትዉስ ተንሥኡ፡ ጸልዩ። *ሉቃ.22፣46*

❖ ቃል ብቐድሙ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቓል ውን ኣምላኽ ነበረ፡ ንሱ ብቐድሙ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ ብእኡ ኹሉ ተፈጥረ፡ ካብቲ ዝተፈጥረ ዘበለ ድማ ብዘይካ ብእኡ ሓንቲ እኳ ዝተፈጥረ የልቦን።..... እቲ ንኹሉ ሰብ ዜብርህ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም መጸ፡ ኣብ ዓለም ውን ነበረ፡ ዓለም ከኣ ብእኡ ተፈጥረት፡ ዓለም ግና ኣይፈለጠቶን። ናብቶም ናቱ መጸ፡ እቶም ናቱ ኽኣ ኣይተቐበልዎን። ነቶም ዝተቐበልዎ ዘበሉ ብስሙ ንዚኣምኑ ኽሎም ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ ሥልጣን ሃቦም።.... እቲ ቓል ሰብ ኮነ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኽኣ ኣባና ኃደረ። *ዮሓ.1፣1-14*

❖ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተ ዘይተወልደ፡ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል የልቦን። *ዮሓ.3፣5*

❖ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኹሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኪረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ኣምላኽ ንወዱ በኇ ክሣዕ ዚህብ፡ ክሣዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። *ዮሓ.3፣16*

❖ ኣቦ ንወዱ የፍቅሮ ኢዩ፡ ኩሉ ነገር ከኣ ኣብ ኢዱ ሃቦ፡ እቲ ብወልድ ዚኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣለዎ። *ዮሓ.3፣35-36*

❖ ነቲ ኣቦ ዚገብሮ ዘበለ ኹሉ ወልድ'ውን ይገብሮ።.... ኣቦ ንሓደ እኳ ኣይፈርድን ኢዩ፡ እንተ ኾነ ኩሉ ፍርዲ ንወልድ ሃቦ፡ እዚ ኽኣ ከምቲ ነቦ ዜኽብሮ ገይሩ ኩሉ ሰብ ንወልድ

ምእንቲ ኬኽብሮ ኢዩ፡ እቲ ንወልድ ዘየኽብሮ ነቲ ዝለኣኾ ኣቦ ውን ኣየኽብሮን ኢዩ። *ዮሓ.5፣19-23*

❖ ሥጋ ወድ ሰብ እንተ ዘይበላዕኩም፡ ደሙ'ውን እንተ ዘይሰቴኹም፡ ሕይወት ከም ዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ሥጋይ ዚበልዕ ደመይ'ውን ዚሰቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ፡ ኣነ ውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንሥኦ ኢየ። ሥጋይ ብልዒ ሓቂ ኢዩ'ሞ ደመይ ከኣ መስተ ሓቂ ኢዩ። እቲ ሥጋይ ዚበልዕ ደመይ ውን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር፡ ኣነ ውን ኣብኡ እነብር። *ዮሓ.6፣53-56*

❖ ዝጸምአ እንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ። *ዮሓ.7፣37*

❖ ንሓቂ ኽትፈልጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ኽተውጽኣኩም ኢያ። *ዮሓ.8፡32.*

❖ ኃጢኣት ዚገብር ዘበለ፡ ንሱ ባርያ ኃጢኣት ኢዩ። *ዮሓ.8፣34*

❖ ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና። *ዮሓ.10፣30*

❖ ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ ኢየ፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን እንተ ሞተ እኳ ብሕይወት ኪነብር ኢዩ። *ዮሓ.11፣25*

❖ ጸልማት ከየርከበኩም ብብርሃን ተመላለሱ። *ዮሓ.12፣35*

❖ ኢየሱስ ቅድሚ በዓል ፋሲካ .... ካብ ድራር ተንሢኡ ክዳውንቱ ኣንበረ፡ ዓለባ ኣልዒሉ ውን ተዓጥቀ፡ ሽዑ ማይ ኣብ ሒላብ ኣዕሪቑ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ኪሓጽብን፡ በቲ ዝተዓጥቆ ዓለባ ጌሩ ኪደርዝን ጀመረ። .... ኣእጋሮም ምስ ሓጸቦም ከምዚ በሎም..... ኣነ ገይታን መምህርን ከሎኹ

ኣእጋርኩም ካብ ሓጸብኩ፡ ንስኻትኩም ውን ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሓጽቡ ይግብኣኩም ኢዩ። ከምቲ ኣነ ንኣኻትኩም ዝገበርክዎ ንስኻትኩም ውን ከምኡ ክትገብሩ ኣርኣያ ሂበኩም ኣለኹ። *ዮሓ.13፣1-15*

❖ ንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተ ኣላትኩም፡ በዚ ደቀ መዛሙርተይ ምኻንኩም ኩሉ ኽፈልጥ ኢዩ። *ዮሓ.13፡35*

❖ ልብኹም ኣይሸበር፡ ብኣምላኽ እመኑ፡ ብኣይ ውን እመኑ፡ ...ኢየሱስ ከኣ ኸምዚ በሎ "መገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ ኢየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን። ንኣይ ፈሊጥኩምኒ እንተ ትኾኑስ ነቦይ ውን ምፈለጥኩምዎ ኔርኩም፡ ካብ ሕጂ ግና ፈሊጥኩምዎን ርኢኹምዎን ኣሎኹም። ፊልጶስ ከኣ "ጐይታይ! ነቦ ደኣ ኣርእየና እምበር ይኣኽለና" በሎ። ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎ "ፊልጶስ እዚ ክንድዚ ዝኣክል ግዜ ምሳኻትኩም ክነብር ከሎኹ ኣይፈለጥካንን ዲኻ፧ እቲ ንዓይ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ። ከመይ ኢልካ ደኣ ነቦ ኣርእየና ትብል ኣሎኻ፧ ኣነ ኣብ ኣቦ ኸም ዘሎኹ ኣቦ'ውን ኣባይ ከም ዘሎዶ ኣይትኣምንን ኢኻ፧..." በሎ። *ዮሓ.14፣1-14*

❖ ብኣይ ዚኣምን ንሱ ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዚገብር፡ ካብኡ ዚዓቢ'ውን ከም ዚገብር ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። *ዮሓ.14፣12*

❖ እተፍቅሩኒ እንተ ኾንኩምሲ ትእዛዛተይ ሓልዉ። *ዮሓ.14፣15*

❖ ኣባይ ንበሩ፡ ኣነ ውን ኣባኻትኩም ክነብር ኢየ። *ዮሓ.15፣4*

❖ ኣባይ እንተ ነበርኩም፡ ቃለይ ውን ኣባኻትኩም እንተ ሓደረ፡ እትደልይዎ ዘበለ ትልምኑ እሞ ይኾነልኩም። *ዮሓ.15፣7*

❖ ሰብ ካብቲ ኣብ ክንዲ ኣዕሩኹ ንሕይወቱ በጃ ኣጎሊፉ ዚህቦ ዚዓቢ ፍቕሪ የብሉን። *ዮሓ.15፣13*

❖ ኣነ መጺአ እንተ ዘይነግሮም ኃጢኣት ኣይምኾኖምን ኔሩ። ሕጂ ግና ንኃጢኣቶም ምኽንያት የብሎምን።... እቲ ኣነ ካብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ፡ ካብ ኣቦ ዚወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና ንሱ ክምስክረለይ ኢዩ። *ዮሓ.15፣22-26*

❖ ኣብ ጥቓ መስቀል ኢየሱስ ከኣ ኣዲኡን፡ ኃብቲ እኖኡን፡ ማርያም ሰበይቲ ቀለዮጳን፡ ማርያም መግደላዊትን ደው ኢለን ነበራ። ኢየሱስ ነዲኡ፡ ነቲ ዜፍቅሮ ወደ መዝሙር'ውን (ዮሓንስ) ኣብ ጥቓኣ ደው ኢሉ ምስ ረኣየ፡ ነዲኡ "ኣቲ ሰበይቲ! እንሆ ወድኺ" በላ። ነቲ ወደ መዝሙር ከኣ "እናሃ ኣዴኻ" በሎ። እቲ ወደ መዝሙር'ውን ካብ ሽዑ ጀሚሩ ናብ ቤቱ ወሰዳ። *ዮሓ.19፣25-27*

❖ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ "መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ፡ ኃጢኣቶም ንዝኃደግኩምሎም ኪኾደገሎም፡ ንዘይኃደግኩምሎም ግና ኣይኪኾደገሎምን ኢዩ" በሎም። *ዮሓ.20፣23*

❖ ኢየሱስ ከኣ ንቶማስ...ኣማኒ እምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን፡ ስለ ዝረኣኻኒ ኢኻ ዝኣመንካ። እቶም ከይረኣዩ

ዚኣምኑ ብፁዓን ኢዮም በሎ። ኢየሱስ ድማ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ዘይተጻሕፈ ካልእ ብዙኅ ተኣምራት ኣብ ቅድሚ ደቀ መዛሙርቱ ገበረ። *ዮሓ.20፣27-30*

❖ ኢየሱስ ዝገበሮ ግብሪ ድማ ብዙኅ ካልእ ኣሎ፡ ኩሉ በብሓደ ተጻሒፉ እንተ ዝኸውንሲ ነቲ ዝተጸሕፈ መጻሕፍቲ፡ ኸሉ እዚ ዓለም እኳ ኣይምኣኸሎን፡ ይመስለኒ። *ዮሓ.21፣25*

❖ ንሱ ኺዓርግ ከሎ፡ ንሳቶም ከኣ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪሮም ኪጥምቱ ኸለዉ፡ እነሆ ፃዕዳ ኸዳውንቲ ዝተኸድኑ ክልተ ሰብኣይ ኣብ ጥቓኦም ደው ኢሎም “ኣቱም ሰብ ገሊላ! ስለምንታይ ኢኹም ናብ ሰማይ ኣማዕዲኹም እናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘሎኹም፧ እዚ ካባኻትኩም ናብ ሰማይ ዝዓረገ ኢየሱስ፡ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዓርግ ከሎ ዝረኣኹምዎ፡ ከምኡ ገይሩ ኸኣ ክመጽእ ኢዩ” በልዎም። *ግ.ሓ.1፡10-11*

❖ ኣብ መበል ኃምሳ መዓልቲ ድጎሪ ፋሲካ ዚውዕል በዓል፡ ኮላቶም ኃቢሮም ብሓንሳእ ነበሩ፡ ብሃንደበት ከኣ ከም ሓደ ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ድምፂ መጸ፡ ነታ ተቐሚጠሙላ ዝነበሩ ቤትውን መልኣ። ልሳናት ሓዊ ዚመስል ድማ ተራእዮም፡ ተመቓቒሉ ድማ ኣብ ልዕሊ ነፍስ ወከፎም ዓለበ። ንኹሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ኸም ዝሃቦም’ውን ብካልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ። *ግ.ሓ.2፣1-4*

❖ ጴጥሮስ ኪሓልፍ ከሎ ንገሊኣቶም ምእንቲ ኬንጸላልወሎም ኢሎም፡ ነቶም ሕሙማት ፀይሮም የምጽእዎም እሞ፡ ኣብቲ ኣደባባይ ኣብ ዓራትን ቃሬዛን የደቅስዎም ነበሩ፡ ኩሎም ከኣ ይሓውዩ ነበሩ። *ግ.ሓ.5፣15-16*

❖ ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ ኢዩ ዚግባእ። *ግ.ሓ.5፣29*

መጸዋዕታ ጳውሎስ፡-

❖ ሳውል ንደቀ መዛሙርቲ ጐይታ ኪጋፍዕ ንደማስቆ ክኸይድ ከሎ፡ ብሃንደበት ካብ ሰማይ ብርሃን ኣብ ዙርያኡ ኣንጸባረቐ፡ ናብ ምድሪ ውን ወደቐ። "ሳውል! ሳውል! ስለምንታይ ተሳድደኒ፧" ዚብል ድምጺ ሰምዐ። ንሱ ድማ "ጐይታይ! መን ኢኻ" በሎ። ጐይታ ኸኣ "ኣነ እቲ ንስኻ እተሳድዶ ዘሎኻ ኢየሱስ ኢየ፡ በሊሕ ነገር እንተ ረገጽካ ንርእስኻ ኣዶ ዚገደካ።" በሎ። ንሱ ኸኣ ፈሪሁ ኣንቀጥቀጠ። "ጐይታይ! እንታይ ክገብር ትደሊ ኣሎኻ፧" በሎ። ጐይታ ድማ ተንሥእ እሞ ናብ ኩተማ እቶ። እንታይ ክትገብር ከም ዚግብኣካ'ውን ኣብኡ ኪነግሩኻ ኢዮም።....በሎ።" ኣብ ደማስቆ ኸኣ ሓደ ሃናንያ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ፡ ንዕኡ ኸኣ ጐይታ ብራእይ፡ ተንሥእ እሞ ሳውል ዝበሃል ሰብኣይ በዓል ጠርሴስ ኢድካ ብምንባር ከም ዚርኢ ክትገብሮ ምኻንካ ብራእይ ገሊጸሉ ኣሎኸ" በሎ። ሃናንያ ኸኣ "ጐይታይ! ብዛዕባ እዚ ሰብኣይ'ዚ ኣብ ኢየሩሳሌም ንቕዱሳንካ ክንደይ ክፋእ ከም ዝገበሮም ካብ ብዙሓት ሰሚዐ ኣሎኸ። ኣብዚ ድማ ነቶም ስምካ ዚጽውዑ ኩሎም ኪኣስር ካብ ሊቃነ ካህናት ሥልጣን ጎዙ መጺኡ ኣሎ" ኢሉ መለሰ። ጐይታ ግና "ኪድ ድኣ እዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣሕዛብን ነገሥታትን ደቂ እስራኤልን ስመይ ኪጸውር ዘለዎ ናተይ ጎሩይ ኣቕሓ ኢዩ። ምእንቲ ስመይ'ውን ክንደይ ብዙኅ ሓሳረ መከራ ኪቕበል ከም ዚግብኣ ኬርእዮ ኢየ።" በሎ። *ግሓ.9፣1-19*

❖ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክንኣቱ ዚግብኣና ብብዙሕ ጸበባ ኢዩ። *ግ.ሓ.14፣22*

❖ ንሱ ካብ ሓደ ሰብ ኩሉ ዓሌት ሰብ ፈጠረ፡ ኣብ ርእሲ ኽሳ ምድሪ ከም ዚነብሩ ድማ ገበረ፡ ዚነብሩሉ ውሱን ዘመናትን፡ ድዒብ ደረታትን ሓገገሎም። *ግ.ሓ.17፣26*

❖ ኣምላኽ ነቲ ዘመን ድንቁርና ሸለል ብምባል ኣጎሊፍዎ ኢዩ፡ ሕጂ ግና ኣብ ኩሉ ዓለም ንብዘሎ ሰብ ኪንስሑ ኣዚዙ ኣሎ። *ግ.ሓ.17፣30*

❖ ኣምላኽ ድማ ብኢድ ጳውሎስ ብዙኅ ዕፁብ ተኣምራት ገበረ፡ እንሆ ድማ መኣረምያኡ ወይ ክዳኑ፡ ካብ ዝባኑ ወሲዶም ኣብቶም ሕሙማት የንብሩ እሞ፡ ሕማሞም ይኃድጎም፡ ርኽሳት መናፍስቲ'ውን ካብኣቶም ይወፁ ነበሩ። *ግ.ሓ.19፣11-12*

❖ ካብ ዚቐበልሲ እቲ ዚህብ ኣዝዩ ይባረኽ። *ግ.ሓ.20፣35*

ካብ መልእኽታት ጳውሎስ፦

❖ ሕያውነት ኣምላኽ ናብ ንስሓ ኪመርሓካ ከም ዚኽእልዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ፧ *ሮሜ.2፣4*

❖ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ገበርቲ ሕጊ ደኣ ኢዮም ዚጸድቁ እምበር፡ ሰማዕቲ ሕጊ ኣይኮኑን ዚጸድቁ። *ሮሜ.2፣13*

❖ እምበኣር ንፍትወት ሥጋ ምእንቲ ኽይትግዝኡ፡ ኣብዚ መዋቲ ሥጋኹም ኃጢኣት ኣይንገሥ። ሞይቶም ከም ዝተንሥኡ ገዛእ ርእስኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር፡ ኣካላትኩም መሣርሒ ኽፍኣት ኪኸውን ንኃጢኣት

ኣይትሃብዎ። ኣካላትኩምሲ መሣርሒ ጽድቂ ኪኸውን ንኣምላኽ ደኣ ወፍይዎ። *ሮማ.6፣12-13*

❖ ዓስቢ ኃጢኣት ሞት ኢዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኢዩ። *ሮማ.6፡23*

❖ ናይ ሥጋ ነገር ጥራይ ምሕሳብ ሞት የምጽእ፡ ናይ መንፈስ ነገር ምሕሳብ ግና ሕይወትን ሰላምን የምጽእ። ምኽንያቱ እቲ ሓሳብ ሥጋ ምስ ኣምላኽ ጸልኢ ብምኻኑ ኑቲ ሕጊ ኣምላኽ ኣይግዝኦን፡ ኪግዝኦ ውን ኣይክእልን ኢዩ። *ሮማ.8፣6-7*

❖ እምበኣርከስ ኣጎዋተይ፡ ከም ፍቓድ ሥጋ ክንነብር ኑቲ ሥጋስ ሰብ ዕዳኡ ኣይኮንናን። ከም ፍቓድ ሥጋ እንተ ነበርኩም ክትሞቱ ኢኹም። ኑቲ ተግባራት ሥጋ ብመንፈስ እንተ ቐተልኩምዎ ግና ብሕይወት ክትነብሩ ኢኹም። *ሮማ.8፣12-13*

❖ ስቓይ እዚ ዘመን እዚ ኑቲ ኣባና ኺግለጽ ዚመጽእ ዘሎ ኽብሪ ከም ዘይመዓራረዮ እኣምን ኢየ። *ሮማ.818*

❖ ኑቲ ዚርኢ ተስፋ ምግባር ተስፋ ኣይኮነን። *ሮማ.8፡24*

❖ እቲ ዜጽድቖም ኣምላኽ ካብ ኮነ ኑቶም ጎሩያት ኣምላኽ ዚኸሶም መን ኢዩ፧ *ሮማ.8፣33*

❖ ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ዚፈልየና መን ኢዩ፧.... መከራዶ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ፡ ጥሜትዶ፡ ዕርቃንዶ፡ ድንገትዶ ወይስ ሞት..... ከቶ ኽፈልየና ዚኽእል ከም ዘየልቦ ኣረጋጊጸ ኣለኹ። *ሮሜ.8፣35-39*

❖ ኣታ ሰብ ንኣምላኽ እትማገዶ መን ኢኻ፧ ግቡርዶ ንገባሪኡ "ንምንታይ ከምዚ ገርካ ሠራሕካኒ" ይብሎ ኢዩ፧ *ሮሜ.9፣20*

❖ ኣእጋር እቶም ሠናይ ዜና ዜበሥሩ ክንደይ ጽቡቕ ኢዩ! *ሮሜ.10፣15*

❖ እምነት ካብ ምስማዕ ኢያ፡ እቲ ዚስማዕ ውን ቃል ክርስቶስ ኢዩ። *ሮሜ.10፣17*

❖ እምበኣርሲ ናይ ኣምላኽ ለውሃትን ጭከናን ኣስተውዕል። ኣምላኽ ነቶም ዝወደቑ ጨካን፡ ንዓኻ ግና ኣብ ለውሃቱ ጸኒዕካ እንተ ነበርካ፡ ለዋህ ኢዩ። *ሮሜ.11፣22*

❖ እቲ ሠናይን ባህ ዜብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምኻኑ ምእንቲ መርሚርኩም ክትፈልጡ፡ ኣእምሮኹም ብምሕዳስ ተለወጡ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። *ሮሜ.12፣2*

❖ ...ኣገልገልቲ እንተ ኾንና ኣብ ኣገልግሎትና ንትጋህ። መምህራን እንተ ኾንና ኣብ ምምህርና ንጽናዕ። መዓድቲ እንተ ኾንና ኣብ ምምዓድና ንጽናዕ። ወሃብቲ እንተ ኾንና ብልግሲ ንሃብ። መራሕቲ እንተ ኾንና ብትግሃት ንምራሕ። ክንርኅርኅ ከሎና ኽኣ ብሓጐስ ንራኅርኅ። *ሮሜ.12፣4-8*

ፍቕሪ፦

❖ ፍቕሪ ብዘይ ግብዝና ትኹን፡ ንኽፍኣት ፈንፍንም፡ ንሠናይ ከኣ ኃዝም። ኣብ ንሓድሕድኩም ምዉቕ ፍቕሪ ኣኀዋት ይሃሉኹም። ንሓድሕድኩም ክትከባበሩ ድማ ተቕዳደሙ። ኣብ ኣገልግሎትኩም ኣይትተሃከዩ። ብመንፈስ ዝተቓጸልኩም ኩኑ፡ ንእግዚኣብሔር ኣገልግሉ፡ ብተስፋ ተሓጐሱ፡ ብጸበባ ኽኣ ተዓገሡ። ከየቋረጽኩም ጸሎት ኣዘውትሩ። ብዜድልዮም ንኣመንቲ ኣማቕሉ፡ ተቕበልቲ ጋሻ ኩኑ። ንዚሰጕኹም መርቑ፡ መርቑ እምበር ኣይትርገሙ። ምስቶም ዚሕጐሱ ተሓጐሱ፡ ምስቶም ዚበኽዩ ብኽዩ። ንሓድሕድኩም ተሰማሚዕኩም ንበሩ። ምስቶም ትሑት ናብራ ዘለዎም ሕዉሳት ኩኑ እምበር ኣይትተዓበዩ፡ ፈላጣት ኢና ኢልኩም ኣይትመክሑ። ነቲ ኣብ ቅድሚ ኽሉ ሰብ ቅኑዕ ዝኾነ ደኣ ሕሰቡ እምበር ንሓደ እኳ ኽፉእ ኣብ ክንዲ ኽፉእ ኣይትፍደይዎ። ብወገንኩም ምስ ኩሉ ሰብ ብሰላም ክትነብሩ ዚከኣለኩም ግበሩ። ፍቕራተይ! ምፍዳይ ሕነ ናተይ ኢዩ፡ ኣነ ኽፈድዮ ኢየ ይብል እግዚኣብሔር ዚብል ጽሕፍ ኣሎ እሞ፡ ቁጥዓ ኣምላኽ ባዕሉ ኽፈድዮ ጎደጉሉ እምበር ባዕላትኩም ሕነ ኣይትፍደዩ፡ ግና ጸላኢኻ እንተ ጠመየ ኣብልዓዮ፡ እንተ ጸምአ'ውን ኣስትዮ። እዚ ብምግባርካ ከም ብጉሁር ሓዊ ከተንድዶ ኢኻ። ነቲ እኩይ ደኣ ብሠናይ ጌርካ ሰዓሮ እምበር በቲ እኩይ ኣይትሰዓር። *ሮማ.12፣9-21*

❖ ንበዓል ሥልጣንዶ ከይትፈርሆ ትደሊ ኢኻ፡ ሠናይ ግበር፡ ንሱ'ውን ኪንእደካ ኢዩ። *ሮማ.13፣3*

❖ መቐጻዕቲ ፈሪህኩም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሕሊናኹም ስለ ዚወቐሰኩም'ውን ክትግዝኡ ይግብኣኩም ኢዩ። *ሮማ.13፣5*

❖ እምበኣርከስ ግብሪ ንዚግብኡ ግብሪ፡ ቀረጽ ንዚግብኡ ቐረጽ፡ ፍርሃት ንዚግብኡ ፍርሃት፡ ክብሪ ንዚግብኡ ኽብሪ፡ ንኹሉ እቲ ዘዚግብኡ ሃብዎ። *ሮማ.13፣7*

❖ ግብሪ ጸልማት ካባና ደርቢና፡ ኣፅዋር ብርሃን ንልበስ፡ ብጓይላን ስኽራንን፡ ብምንዝርናን ዕብዳንን፡ ብባእስን ቅንኣትን ዘይኮነስ፡ ከም ብመዓልቲ ብቕድስና ንንበር። ንጐይታ ኢየሱስ ደኣ ልበስዎ እምበር፡ ንዊንታ ሥጋኹም ከተርውዩ ኢልኩም ኣይትሕሰቡ። *ሮማ.13፣12-14*

❖ ኣብ እምነት ዘይተመሥረተ ኹሉ ኃጢኣት ኢዩ። *ሮማ.14፣23*

❖ በቲ ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዚርከብ ትዕግሥትን ምጽንናዕን ተስፋ ምእንቲ ክንረክብ፡ እቲ ቐደም ዝተጻሕፈ ዘበለ ኹሉ ንትምህርትና ኢዩ ዝተጻሕፈ። *ሮማ.15፣4*

❖ ኣጎዋተይ! ካብቶም ኣንጻር እቲ ዝተመሃርክምዎ ፍልልይ ዜምጽኡን ዕንቅፋት ዚኾኑኹምን ክትጥንቀቑ አማጎጽነኩም ኣሎኹ። ካብኣቶም ርሓቑ፡ እዞም ሰባት እዚኣም ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘይኮነስ ንኽብዶም ኢዮም ዚግዝኡ፡ ብጥዑም ዘረባን ብምጥባርን ከኣ ንገርሂ ሰባት ዜስሕቱ ኢዮም። *ሮማ.16፣17-18*

❖ ቃል መስቀል ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት ኢዩ፡ ንዓና ነቶም እንድጎን ግና ኃይሊ ኣምላኽ ኢዩ። *1ቆሮ.1፣18*

❖ ዓይኒ ዘይረኣየቶ፡ እዝኒ ዘይሰምዓቶ፡ ልቢ ሰብ ዘይሓለፎ፡ ኣምላኽ ነቶም ዜፍቅርዎ ኣዳልዩሎም ኣሎ። *1ቆሮ.2፣9*

❖ ኣጎዋተየ በቲ ሓደ ክትምክሑ፡ ነቲ ሓደ ክትንዕቁ ኣይግባእን ኢዩ። *1ቆሮ.4፣6*

❖ ኵሉ ተፈቒዱለይ ኢዩ፡ ግናኸ ኩሉ ኣይጠቅምን ኢዩ። ኩሉ ተፈቒዱለይ ኢዩ፡ ኣነ ግና ናይ ሓደ ነገር እኳ ግዙእ ኪኸውን ኣይደልን ኢየ።.... ሰብነት ንጐይታ፡ ጐይታ'ውን ንሰብነት ኢዩ እምበር ሰብነትሲ ንምንዝርና ኣይኮነን፡.... እቲ ሰብነትኩም ኣካል ክርስቶስ ምኻኑዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እሞኸ ደኣ ንኣካል ክርስቶስ ወሲደ ኣካል ኣመንዝራ ኽገብሮዶ ይግባእ ኢዩ፧ ያእ ኣይፋለይን። "እቶም ክልተ ሓደ ኣካል ኪኾኑ ኢዮም" ከም ዚብል፡ ምስ ኣመንዝራ ዝዘመወ ምስኣ ሓደ ኣካል ከም ዚኸውንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እቲ ምስ ጐይታ ሓደ ዚኸውን ግና ምስኡ ሓደ መንፈስ ኢዩ። ካብ ምንዝርና ህደሙ፡ ሰብ ዚገብሮ ኃጢኣት ኩሉ ካብ ሰብነቱ ወጻኢ ኢዩ ዚገብሮ፡ ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ ሰብነቱ ኢዩ ዚኃጥእ። *1ቆሮ.6፣12-18*

❖ ሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ኣይትፈታሕ፡ እንተ ተፈትሐት ከኣ በኪ ትንበር ወይ ምስ ሰብኣያ ትተዓረቕ። ሰብኣይ ውን ሰበይቱ ኣይፍታሕ። *1ቆሮ.7፣10-11*

❖ ግና'ኸ እቲ ሓርነትኩምሲ ነቶም ድኹማት መዓንቀፊ ከይኾኖም ተጠንቀቑ። *1ቆሮ.8፣9*

❖ ከምቲ ገሊኣቶም ዝመንዘሩ እሞ ብሓንቲ መዓልቲ ዕሥራን ሠለስተን ሽሕ ዝሞቱ ኣይንመንዝር።..... እዚ ኽሉ መለበሚ ኪኸውን ኢዩ ዚበጽሖም፡ ንዓና እቲ መወዳእታ ዘመናት ንዘርከበና'ውን ንተግሣጽ ኪኾነና ኢዩ ዝተጻሕፈ። ስለዚ እቲ ደው ኢሉ ዘሎ ዚመስሎ ከይወድ'ቕ ይጠንቀ'ቕ። ሰብ ክፆሮ ዘይክእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን፡..... ምፅዋሩ ምእንቲ ኽትክእሉ ግና ምስቲ ፈተና'ኹም መዋፅኢ ገይሩልኩም ኣሎ። *1ቆሮ.10፣8-13*

❖ ከምቲ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘሎ'ኹ፡ ንስ'ኻትኩም ንዓይ ምሰሉ። *1ቆሮ.11፣1*

❖ ሰበይቲ ዘይትጉልበብ እንተ ኾይና ግና ጸጉራ ትቑረጽ፡ እምበኣርሲ ንሰበይቲ ምቑራጽ ወይ ምልጻይ ጸጉራ ዜነውራ ኻብ ኮነ ትጉልበብ፡... እስከ ባዕላትኩም ፍረድዎ፡ ሰበይቲ ርእሳ ኽይተጉልበበት ናብ ኣምላ'ኽ ክትጽሊዶ ይግባእ ኢዩ፧ ወይስ ሰብኣይ ጸጉሩ እንተ ኣንውሐ፡ ሓሳሩ ምዃኑስ እቲ ባህርይ ባዕሉዶ ኣይምህረኩምን ኢዩ፧ ሰበይቲ ጸጉራ እንተ ኣንውሐት ግና ኣብ ክንዲ፡ መጉልበቢ ጸጉሪ ተዋሂቡዋ ኢዩ እሞ ንዓኣ ኽብረታ ኢዩ። ገለ ሰብ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ ኪተሃላለ'ኽ ዚደሊ እንተሎ ንሕናን እተን ናይ ኣምላ'ኽ ኣብያተ ክርስቲያንን ካብዚ ዝተፈልየ ልማድ የብልናን። *1ቆሮ.11፡6-16*

❖ ከይተገብኡ እንጌራ ጐይታ ዚበልዕ ወይስ ጽዋዕ ጐይታ ዚሰቲ፡ ኣብ ናይ ጐይታ ሥጋን ደምን ኢዩ ዚዕግብ። እምበኣር ሰብ ካብዚ እንጌራ እዚ ቅድሚ ምብልዑን፡ ካብዚ ጽዋዕ እዚ ቅድሚ ምስታዩን ርእሱ ይመርምር። ከመይ ሥጋ ጐይታ ምኻኑ ፈልዩ ኽይፈለጠ ዚበልዕን ዚሰትን ኣብ ገዛእ ርእሱ ፍርዲ ኢዩ ዜምጽእ። *1ቆሮ.11፣27-29*

❖ ኣጎዋተየ፡ ንመኣዲ ጐይታ ክትእከቡ ከሎኹም ንሓድሕድኩም ደኣ ተጸባበዩ። *1ቆሮ.11፣33*

❖ እምበኣርከ በብዓይነቱ ውህበት ኣሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ግና ሓደ ንሱ ኢዩ። በብዓይነቱ ኣገልግሎት ኣሎ፡ ጐይታ ግና ሓደ ንሱ ኢዩ። በብዓይነቱ ዝኾነ ተግባራት ኣሎ፡ እቲ ኣብ ኩላቶም ኩሉ ዚገብር ኣምላኽ ግና ሓደ ንሱ ኢዩ። *1ቆሮ.12፡4-6*

❖ ሓደ ኣካል እንተ ተሳቐየ ኩሉ እቲ ኣካላት ምስኡ ይሳቐ፡ ሓደ ኣካል እንተ ኸበረ ኸኣ ኩሉ እቲ ኣካላት ምስኡ ይሕጐስ። *1ቆሮ.12፣26.*

❖ ....ፍቕሪ ዓቃል ኢያ፡ ፍቕሪ ለዋህ ኢያ፡ ፍቕሪ ኣይትቕንእን ኢያ፡ ፍቕሪ ኣይትጀሃርን ኢያ ኣይትዕበን ኢያ፡ ፍቕሪ ስዲ ኣይኮነትን፡ ንዓይ ይጥዓመኒ ብዚብል ኣይትምራሕን ኢያ፡ ፍቕሪ ኣይትቑጣዕን ኣይትቕየምን ኢያ፡ ብሓቂ ትሕጐስ እምበር ብዓመጽ ባህ ኣይብላን፡ ፍቕሪ ንኹሉ ትፀውር ንኹሉ ትኣምን፡ ብኹሉ ድማ ተስፋ ትገብር፡ ንኹሉ ትዕገሥ፡.....ሕጂ ኽኣ እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፡ እዚኣተን ሠለስቲአን ኣለዋ፡ ካብዚኣተን እትዓቢ ግና ፍቕሪ ኢያ። *1ቆሮ.13፣1-13*

❖ ኣጎዋተየ፡ በተሓሳስባኹም ከም ቆልዑ ኣይትኹኑ፡ ብኽፍኣት ደኣ ሕፃናት ኩኑ እምበር በተሓሳስባኹምሲ ብሱላት ኩኑ። *1ቆሮ.14፣20*

❖ ኣምላኽ ናይ ሰላም እምበር፡ ናይ ዝርግርግ ኣምላኽ ኣይኮነን። *1ቆሮ.14፣33*

❖ ኣንስቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኪዛረባ ፍቓድ የብለንን እሞ ስቕ ይበላ፡ ግናኽ ከምቲ ሕጊ ሙሴ ዚብሎ ይተኣዘዛ። *1ቆሮ.14፣34*

❖ ኹሉ ብሥርዓትን ብኣገባብን ይኹን። *1ቆሮ.14፣40*

❖ ከምቲ ኽኦላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፡ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ሕያዋን ኪኾኑ ኢዮም። *1ቆሮ.15፡22*

❖ ኣይትታለሉ፡ ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ የበላሽዎ ኢዩ። *1ቆሮ.15፣33*

❖ ገለ ሰብ ግና "ምዉታት ከመይ ኢሎም ኢዮም ዚትንሥኡ፧ ከመይ ዝበለ ሰብነትከ ኢዩ ኪህልዎም፧" ዚብል ይህሉ ይኸውን፡ ኣታ ዓሻ እቲ ንስኻ እትዘርኦ ከይሞተ ሕይወት ኣይረክብን ኢዩ፡ እቲ እትዘርኦ ድማ ናይ ስርናይ ወይስ ናይ ካልእ ዓይነት ፍረ ጥራይ ኢዩ እምበር ነቲ ተኽሊ ኣይኮንካን እትዘርኦ፡ ኣምላኽ ግና ከም ዝደለዮ ጌሩ ኢዩ ሰብነት ዚህቦ፡ ንነፍስ ወከፍ ዘርኢ ውን ሰሰብነቱ ይህቦ። ሥጋ ሰብ በይኑ፡ ሥጋ እንስሳ በይኑ፡ ሥጋ ኣዕዋፍ በይኑ፡ ሥጋ ዓሣ ውን በይኑ ደኣ ኢዩ እምበር፡ ኩሉ ሥጋስ ሓደ ዓይነት ሥጋ ኣይኮነን.... ትንሣኤ ሙታን ውን ከምኡ ኢዩ፡ ብዚብስብስ ይዝራእ ብዘይብስብስ ከኣ ይትንሥእ።... ከምቲ ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበስና ከምኡ ድማ ምስሊ እቲ ሰማያዊ ኽንለብስ ኢና... ስለዚ ፍቕራት ኣሕዋተይ ጻዕርኹም ብገሾይታ ኽንቱ ከም ዘይኮነ ፈሊጥኩም፡ ጽኑዓት፡ ዘይትነቓነቕ፡ ብዕዮ ገሾይታ ኽሉ ጊዜ ምሉኣት ኩኑ። *1ቆሮ.15፣35-58*

❖ ንገሾይታ ዘየፍቅሮ እንተሎ ንሱ ውጉዝ ይኹን፡ ማራና ታ። *1ቆሮ.16፣22*

❖ ዝኾነ ነገር ንምግባር ብቕዓት ዝሃበና ኣምላኽ ኢዩ እምበር ካብ ገዛእ ርእስና ዘምጻእናዮ ብቕዓት የብልናን። *2ቆሮ.3፣5*

❖ እቲ እንሰብኮ ወንጌል ሥዉር እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ኣብቶም ዚጠፍኡ ጥራይ ኢዩ ዝተሠወረ። እቲ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ዝኾነ ሰይጣን፡ ብርሃን ወንጌል ምእንቲ ኽይርእዩ፡

ንልቢ እቶም ዘይኣምኑ ደፈኖ። እዚ ብርሃን እዚ ኽኣ ኽብሪ ናይቲ ኣርኣያ ኣምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ ኢዩ። *2ቆሮ.4፣3-4*

❖ እቲ ዚርአ ጎላፋይ ኢዩ፡ እቲ ዘይርአ ግና ዘለዓለማዊ ኢዩ፡ ንሕና ኽኣ ኣብቲ ዚርአ ዘይኮነስ ኣብቲ ዘይርአ ኢና እንጥምት ዘሎና። *2ቆሮ.4፣16-18*

❖ እዛ ኽም ድንኳን ጊዝያዊት ዝኾነት ምድራዊት ቤትና፡ ማለት ሰብነትና፡ እንተ ፈረሰት እኳ፡ ካብ ኣምላኽ ሓንቲ ብኢድ ሰብ ዘይተገብረት ህንጻ፡ ናይ ዘለዓለም ቤት ኣብ ሰማያት ከም ዘላትና ንፈልጥ ኢና። *2ቆሮ.5፣1*

❖ ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይኮንናን እንነብር ዘሎና። *2ቆሮ.5፣7*

❖ ነፍስ ወከፍና ነቲ ብሥጋዊ ሕይወቱ ኽሎ ዝገበሮ፡ ሠናይ ኮነ ወይ እኪይ ምእንቲ ኪቕበል፡ ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ <u>ብግዲ</u> ኽንቀርብ ኢና። *2ቆሮ.5፡10*

❖ ሽሕ እኳ ንክርስቶስ ብሥጋዊ ኣረኣእያ ፈሊጥናዮ እንተ ነበርና፡ ሕጂ ኽምኡ ጌርና ኣይንፈልጦን ኢና። *2ቆሮ.5፣16*

❖ እንሆ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ ኢያ። *2ቆሮ.6፡2*

❖ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ምጉሃይ ናብ ድኅነት ዜብጽሕ ንስሓ የስዕብ፡ ኣየጣዕስን ከኣ ኢዩ፡ ጓሂ ዓለም ግና ሞት የስዕብ። *2ቆሮ.7፣10*

❖ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ ሰብ ውን ሠናይ ንምግባር ኢዩ ዕላማና። *2ቆሮ.8፡21*

❖ ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ ኢዩ ዝፈቱ እሞ፡ ነፍስ ወከፍ ብጓሂ ወይስ ብግዲ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሃብ። *2ቆሮ.9፡7*

❖ ስለቲ ኽንገር ዘይከኣል ውህበቱ ድማ ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ። *2ቆሮ.9፣15*

❖ ...ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል ኢዩ እሞ እዚ ኣየገርምን ኢዩ፡ ስለዚ ኽኣ እቶም ኣገልገልቲ ሰይጣን ንርእሶም ኣገልገልቲ ጽድቂ እንተ ኣምሰሉ ዜገርም ነገር ኣይኮነን፡ መወዳእታኦም ድማ ከም ግብሮም ኪኸውን ኢዩ። *2ቆሮ.11፣13-15*

❖ እምበኣርከስ ምስ ዝደክም ሽዑ ኢየ ዝብርትዕ እሞ ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድኻም፡ ብጸርፌ፡ ብጎሳር፡ ብስደት፡ ብጸበባ፡ እሕገሶስ ኣለኽ። *2ቆሮ.12፣10*

❖ ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ፍቕሪ ኣምላኽን፡ ጎብረት መንፈስ ቅዱስን፡ ምስ ኩላትኩም ይኹን። *2ቆሮ.13፣13*

❖ ክሳብ ክንድዚዶ ድንዙዛት ኢኹም፡ ብመንፈስ ጀሚርኩምሲ ሕጂ ብሥጋ ክትፍጽሙዶ ትደልዩ ኣሎኹም። *ገላ.3፣3*

❖ ...ናይ ክርስቶስ ካብ ኮንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም። ከምቲ ተስፋ ውን ወረስቲ ኢኹም። *ገላ.3፡27-29*

❖ ግዚኡ ምስ በጽሐ፡ ኣምላኽ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ሕጊ ዝነበሩ ምእንቲ ኼድሕን፡ ንሕና ውን ናይ ውልድነት

ሥልጣን ምእንቲ ክንረክብ፡ ነቲ ኻብ ሰበይቲ ዝተወልደ፡ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ውን ዝሓደረ ወዱ ለኣኸ።... *ገላ.4፡4-7*

❖ ኣቱም ደቀይ! ክርስቶስ ኣባኻትኩም ክሣዕ ዚሠኣል ከም ብሓድሽ ከም ብሕማም ሕርሲ እጽዕረልኩም ኣለኹ። *ገላ.4፣19, 3፡1*

❖ ትምኒት ሥጋ ምስ መንፈስ መጻርርቲ ኢዩ።.... ግብሪ ሥጋ ግሁድ ኢዩ፡ ንሱ ኽኣ፦ ምንዝርና፡ ርኽሰት፡ ዝርጋን፡ ኣምልኾ ጣዖት፡ ጥንቈላ፡ ጽልኢ፡ ባእሲ፡ ቅንኢ፡ ቍጥዓ፡ ገዛእ ርእስኻ ምፍታው፡ ምፍልላይ፡ መናፍቕነት፡ ቅንኣት፡ ስኽራን፡ ጓይላ፡ ኽምዚ ዝኣመሰለ ካልእ ውን ኢዩ።..... ፍረ መንፈስ ቅዱስ ግና፦ ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ሰላም፡ ትዕግሥቲ፡ ልግሲ፡ ሕያውነት፡ እሙን ምኻን፡ ለውሃት፡ ርእስኻ ምግታእ ኢዩ።.... ንሓድሕድና ብምትሕርራቕን ብምቅንናእንሲ ውዳሴ ኽንቱ ኣይንድለ። *ገላ.5፣16-26*

❖ ፆር ሓድሕድ ፁሩ። *ገላ.6፣2*

❖ ሰብ ነቲ ዚዘርኦ ኢዩ ዚዓጽድ፡ እቲ ንሥግኡ ኬሓጕስ ኢሉ ዚዘርእ፡ ካብ ሥጋኡ ሞት ኪዓጽድ ኢዩ። እቲ ንመንፈስ ኬሓጕስ ኢሉ ዚዘርእ ከኣ ካብ መንፈስ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኪዓጽድ ኢዩ። ሠናይ ንምግባር ኣይንሰልኪ፡ ከመይ ተስፋ እንተ ዘይቈሪጽና እዋኑ ምስ በጽሐ ኽንዓጽድ ኢና። *ገላ.6፣8-9*

❖ ኣነ ግና ቡቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ መስቀል እንተ ዘይኮይኑ ኣይምካሕን ኢየ። ከመይ በዚ

መስቀል እዚ ዓለም ኣብ ቅድመይ ምውቲ ኢያ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ዓለም ምዉት ኢየ። *ገላ.6፣14*

❖ እምበኣር ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሠረት ነቢያትን ሓዋርያትን ዝተነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ-ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን። *ኤፌ.2፡19-20*

❖ ከምቲ ንሓንቲ ተስፋ ዝተጸዋዕኩም፡ ሓደ ሰብነት ሓደ መንፈስ ኣሎ። ሓደ ጐይታ፡ ሓንቲ እምነት፡ ሓንቲ ጥምቀት ኣሎ። ከምኡ ውን እቲ ልዕሊ ኹሉን ብኹሉን ኣብ ኩሉን ዝኾነ ሓደ ኣምላኽን ኣቦ ኹሉን ኣሎ። *ኤፌ.4፣4-6*

❖ ክትቕጥዑ ከለኹም ኣብ ኃጢኣት ከይትበጽሑ ተጠንቀቑ፡ ኣብ ቍጥዓኹም ፀሓይ ኣይትዕረብኩም፡ ንዲያብሎስ ከኣ መገዲ ኣይትሃብዎ።..... እቲ ንሰማዕቱ ንበረኸት ዚኸውን፡ ከከም ዜድልዮም ከኣ ኪሓንጽ ዚኽእል፡ ሠናይ ዘረባ ደኣ ተዛረቡ እምበር ዘይጠቅም ዘረባስ ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ። *ኤፌ.4፣26-30*

❖ ንኣምላኽ ምስጋና እንተ ዘይኮይኑ፡ ዜሕንኽ ወይ ዜነውር ዘረባ ወይ ብዕሉግ ዋዛ ኣባኻትኩም ኪስማዕ ኣይግባእን ኢዩ። *ኤፌ.5፣4*

❖ ኣታ ደቂስካ ዘሎኻ ተበራበር፡ ካብ ምዉታት ውን ተንሥእ፡ ክርስቶስ ከኣ ኬብርሃልካ ኢዩ። *ኤፌ.5፣14*

❖ እምበኣር ተጠንቀቑ፡ እቲ ቕንያቱ ኽፉእ ኢዩ'ሞ፡ ነቲ ዝተዋህበኩም ጊዜ ብሙሉኡ ኣብ ረብሓ እናኣውዓልኩም፡ ከም ዓያሹ ዘይኮነስ ከም ለባማት ንበሩ። *ኤፌ.5፣15-16*

❖ ኣትን ኣንስቲ፡ ከምቲ ንጐይታ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዛኣም።... ከምኡ ኸኣ ኣቱም ሰብኡት ነተን ኣንስትኹም ከም ገዛእ ሰብነትኩም ጌርኩም ኣፍቅርወን። እቲ ንሰበይቱ ዜፍቅር ንገዛእ ርእሱ ኢዩ ዜፍቅር ...ስለዚ ነፍስ ወከፍኩም ንሰበይቱ ከም ነፍሱ ገይሩ የፍቅራ። ሰበይቲ ውን ንሰብኣያ ተኽብሮ። *ኤፌ.5፡21-33*

❖ ንፍሕሶ ሰይጣን ተቓዊምኩም ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ኣፅዋር ኣምላኽ ብሙሉኡ ልበሱ፡ ከመይ ቅልስና ምስ ሕልቅነትን ሥልጣናትን፡ ምስቶም ንዘመን ጸልማት ዜመጎድሩ ገዛእቲ ዓለምን፡ ምስቶም ክፉኣት መናፍስትን ኣብ ሰማያት ዘለዉ ኢዩ እምበር ምስ ሰብ ኣይኮነን። *ኤፌ.6፣11-20*

❖ ሓንቲ ነገር እኳ "ንዓይ ይጥዓመኒ" ብምባል ወይ ንውዳሴ ኽንቱ ኢልኩም ኣይትግበሩ፡ እኳ ደኣ ትሕትና ብምልባስ እቶም ካልኦት ካባኻትኩም ከም ዚበልጹ ጌርኩም ገምቱ። ነፍስ ወከፍ ናይ ካልኦት ረብሓ ኸኣ እምበር ናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ ጥራይ ኣይርእ። እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣባኻትኩም ይሃሉ። ንሱ ብባህርዩ ኣምላኽ እኳ እንተ ኾነ፡ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ማዕርነት "ኣይገድፍን" ኢሉ ኣይተኽራኽረን። እንተኾነ ሰብ ብምኻን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ፡ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ። ንርእሱ ትሕት

ብምባል ክሳብ ሞት አረ እኳ ደኣ ክሳብ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ። *ፊልጵ.2፣3-8*

❖ ብዙሓት ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኮይኖም ይነብሩ ኣለዉ፡ መወዳእትኦም ጥፍኣት ኢዩ። ፊልጵ.3፣18-19

❖ ብገሮታ ኽሉ ሣዕ ተሓገሱ፡... ድሌትኩም ዘበለስ ብጸለሞትን ልማኖን ምስ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፡ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ። *ፊልጵ.4፣4-6*

❖ ኑቲ ኻባይ ዝተመሃርኩምዎን፡ ዝተቐበልኩምዎን፡ ዝሰማዕኩምዎን፡ ኣባይውን ዝረኣኽምዎን ነገር ኩሉ ግበርዎ። ኣምላኽ ሰላም ከኣ ምሳኻትኩም ኪኸውን ኢዩ። *ፊልጵ.4፣9*

❖ ብዘሎ መዝገብ ጥበብን ፍልጠትን ኣብ ክርስቶስ ኢዩ ተሠዊሩ ዘሎ። *ቈላ.2፣3*

❖ ኣእምሮኽም ናብቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዘይኮነስ፡ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ የቐልብ። *ቈላ.3፣2*

❖ ኣትን ኣንስቲ ከምቲ ንገሮታ ኢየሱስ ዚግባእ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዛኦም። ኣቱም ሰብኡት ነንስትኹም ኣፍቅርወን፡ ከምኡውን ኣይትጨክኑለን። ኣቱም ውሉድ ንገሮታ ባህ ዜብሎ ንሱ ኢዩ እሞ ንወለድኹም ብኹሉ ተኣዘዝዎም። ኣቱም ኣቦታት ሕሊናኦም ከይዓርቦም ነቶም ውሉድኩም ኣይተኹሮይዎም። ኣቱም ገላዉ ነቶም ብሥጋ ገሮይቶትኩም ዝኾኑ ንገጽ ርኢ ንሰብ ባህ ከም እተብሉ ጌርኩም ዘይኮነስ፡ ብቕኑዕ ልቢ ንእግዚኣብሔር እናፈራህኩም ብኹሉ ተኣዘዝዎም። *ቈላ.3፣18-22*

❖ ጸሎት ኣዘውትሩ፡ ኣብ ጸሎትኩም ከኣ ንቐሓትን ኣመስገንትን ኩኑ። *ቈላ.4፣2*

❖ ኣምላኽ ብርኽሰት ዘይኮነ፡ ብቕድስና ክንነብር ኢዩ ጸዊዑና። *1ተሰ.4፣7*

❖ ገይታ ባዕሉ ብብርቱዕ ቃል ትእዛዝን፡ ብድምጺ ሊቀ መላእኽትን፡ ብመለኽት ኣምላኽን፡ ካብ ሰማይ ኪወርድ ኢዩ። እቶም ብክርስቶስ ኣሚኖም ዝሞቱ ኽኣ ቕድም ኪትንሥኡ ኢዮም። ብድኅርዚ ንሕና እዞም ብሕይወት እንጸንሕ ንገይታ ኣብ ኣየር ክንቅበሎ፡ ምስኣቶም ኃቢርና ብደመና ክንለዓል ኢና። ንሓዋሩ ድማ ምስ ገይታ ክንነብር ኢና፡ ደጊም በዘን ቃላት እዚኣተን ንሓድሕድኩም ተጸናንዑ። *1ተሰ.4፣16-18*

❖ ኣቱም ኣጎዋትና፡ ነቶም ሃካያት ክትገንሕዎም፡ ነቶም ሕሊናኦም ዝዓረቦም ከተተባብዕዎም፡ ነቶም ድኽማት ክትድግፍዎም፡ ምስ ኩሎም ከኣ ዕጉሣት ክትኮኑ ንምዕደኩም ኣሎና። *1ተሰ.5፣14*

❖ ንኹሉ መርምርዎ፡ ነቲ ሠናይ ኃዝዎ። ካብ ክፉእ ዘበለ ኩሉ ርሓቑ። *1ተሰ.5፣21-22*

❖ ኣቱም ኣሕዋትና ጸኒዕኩም ቁሙ። ነቲ ብቓል ኮነ ብመልእኽትና ዝመሃርናኩም ከኣ ሓዝዎ። *2ተሰ.2፡15*

❖ እምበኣር ቅድሚ ኹሉ ምህለላ፡ ጸሎት፡ ምምላድ፡ ምስጋና ምእንቲ ኹሉ ሰብ ኪግበር እምዕድ ኣሎኹ። *1ጢሞ.2፣1*

❖ ኩሎም ሰብኡት ካብ ባእስን ክትዕን ርሒቖም፡ ኣብ ኩሉ ስፍራ ቕዱሳን ኣእዳዎም ኣልዒሎም ኪጽልዩ እደሊ ኣሎኹ። ከምኡ ውን ኣንስቲ፡ ርእሰን ብምቕናን ወይ ብወርቂ ወይ ብዕንቁ ወይ ብኽቡር ዝዋግኡ ኽዳውንቲ ምግያጽ ዘይኮነ፡ ግቡእን ትሕትና ዜርእን ክዳን ይከደና። ከምቲ ኑተን መንፈሳውያን ኣንስቲ ዝግባእ ብሥናይ ግብሪ ኪስለማ እደሊ ኣሎኹ። *1ጢሞ.2፡8-15,*

❖ ዲያቆናትውን ከምኡ ጎፋራት፡ ዘይሕስዉ፡ መስተ ዘየብዝኑ፡ ህርፋን ገንዘብ ዘይብሎም ኑቲ ምሥጢር እምነት ኣብ ንጹሕ ሕሊና ኽሕዙ ዚኽእሉ ይኹኑ። *1ጢሞ.3፣8-9*

❖ በቲ ዳሕራይ ዘመናት ግና ገሊኦም እምነቶም ክሒዶም ንመናፍስቲ ስሕተትን ንትምህርቲ ኣጋንንትን ከም ዚስዕቡ፡ መንፈስ ቅዱስ ብግሁድ ይብል ኣሎ። *1ጢሞ.4፡1*

❖ ኑቲ ብቓል ትንቢትን ብምንባር ኢድ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያንን ዝተዋህበካ ጸጋ ሸለል ኣይትበሎ። *1ጢሞ.4፣14*

❖ ይኣኽለኒ ምባል ዝሰፈኖ ሃይማኖት ዓቢይ ረብሓ ኢዩ። ከመይ ናብ ዓለም ዘምጻእናዮ ሓንቲ እኳ የብልናን፡ ከምኡውን ካብ ዓለም ክንወስዶ እንኽእል ሓንቲ እኳ የብልናን፡ ቀለብን ክዳንን እንተ ረኸብና ይኣኽለና ኢዩ።.... ፍቕሪ ገንዘብ ሥር ኩሉ ኽፍኣት ኢዩ። *1ጢሞ.6፣6-10*

❖ ነቶም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለዉ ሃብታማት ከይዕበዩ፡ በቲ ኽንሕገሶ ኢሉ ኾሉ ብልግሲ ዚህበና ኣምላኽ እምበር በዚ ሓላፊ ሃብቲ ኽይእመኑ ኣዝዞም። *1ጢሞ.6፡17*

❖ ካብ ክፉእ ትምኒት ጕብዝና ህደም፡ ምስቶም ብንጹሕ ልቢ ንእግዚኣብሔር ዚጽውዕዎ ኽኣ ኣስኣሰር ጽድቅን እምነትን ፍቕርን ሰላምን ስዓብ። *2ጢሞ.2፣22*

❖ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ፍጹም፡ ንሥናይ ግብሪ ዘበለ ኣጸቢቑ ዝተዳለወ ምእንቲ ኪኸውን፡ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ ቅዱስ መጽሓፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሣጽ፡ ንምእራም፡ ቅኑዕ ናብራ ንምምሃር ይጠቅም ኢዩ። *2ጢሞ.3፣16-17*

❖ ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ዘይኮነስ፡ ብምሕረቱ ማለት በቲ ኻልኣይ ልደት ዚህብ ምሕጻብን፡ ብመንፈስ ቅዱስ ብምሕዳስን ኣድኃነና። *ቲቶ.3፣5*

❖ ኵላቶም መላእኽቲ ነቶም ኪድኅኑ ዘለዎም ኪሕግዙ ዚለኣኹ፡ ኣብ ኣገልግሎት እግዚኣብሔር ዘለዉ መናፍስቲ ኢዮም። *ዕብ.1፣14*

❖ ነታ መጀመርታ እምንቶና ክሣዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሓዝናያ፡ መማቕልቲ ክርስቶስ ንኽውን። *ዕብ.3፣14*

❖ ቃል ኣምላኽ ሕያውን ዚዓይን ኢዩ፡ ነፍስን መንፈስን፡ መገጣጠምን ኣንጕዕን ክሳብ ዚፈላለ ዚቕርጽ፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ ኢዩ። ምሕላንን ሓሳብ ልብን ከኣ ፈልዩ ዚፈልጥ ኢዩ። ኵሉ ነገር ቅሉዕ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ኽኣ ስጡሕ

ኢዩ እምበር ካብ ኣምላኽ ዚሕባእ ፍጡር የልቦን። ንእኡ ኽኣ ኢና ጸብጻብ እንህቦ። *ዕብ.4.12-13*

❖ እምበኣር ምሕረት ምእንቲ ኽንቅበል፡ ብግዜ ጸበባውን ንረድኤትና ዚኽውን ጸጋ ኽንረክብ፡ ብትብዓት ናብቲ ጸጋ እንረኽበሉ ዝፋን ኣምላኽ ንቕረብ። *ዕብ.4፣16*

❖ እግዚኣብሔር ኮቲ ምእንቲ ፍቕሩ ኢልኩም፡ ነዮም ቅዱሳን ዘገልገልኩምዎምን እተገልግልዎም ዘሎኹምን ዚርስዕ ገፋዒ ኣምላኽ ኣይኮነን። *ዕብ.6፣10*

❖ ንሱ ገዛእ ርእሱ መሥዋዕቲ ጌሩ ምስ ኣቕረበ፡ ሓንሳእን ንሓዋሩን ገበሮ። *ዕብ.7፣27*

❖ እምነት ኮቲ ብተስፋ እንጽበዮ ነገር ከም እንረኽቦ ዜረጋግጽ፡ ኮቲ ዘይርኢ ነገር ከኣ ከም ዘሎ ዜረድኣ ኢዩ። *ዕብ.11፣1*

❖ ሙሴ ምስ ዓበየ ወዲ ጓል ፈርዖን ከይብሃል ብእምነት ኣበየ፡ ንግዚኡ ብኃጢኣት ባህ ካብ ዚብሎስ ምስ ሕዝቢ ኣምላኽ መከራ ኽጸግብ ሓረየ። ናብቲ ዓስቢ ኣማዕድዩ ስለ ዝጠመተ፡ ካብ ሃብቲ ግብፅስ ምእንቲ መሲሕ ውርደት ምቕባል ብዙኅ ሃብቲ ገይሩ ቑጸሮ፡ ኮቲ ዘይረኢ ስለ ዝረኣየ ጸንዐ። *ዕብ.11፣24-27*

❖ ... ገሊኣቶም ድማ ብላግጽን ብመግረፍትን ኣብ ልዕሊ እዚውን ብመቕሑን ብማእሰርትን ተሳቐዩ። ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ፡ ብመጋዝ ተቈርጹ፡ ተሰይፎም ሞቱ፡ ኣገማ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተኸዲኖም ዞሩ፡ ሰኣኑ፡ ጸበቦም፡ ሓሳረ መከራ ጸገቡ፡ ዓለም ንኣኣቶም ዘይትበቕዕ ስለ ዝኾነት፡ ኣብ ምድረ በዳን፡ ኣብ እምባታትን፡ ኣብ በዓትታትን፡ ኣብ ጕዳጕድ ምድርን ኰለል በሉ። *ዕብ.11፣32-38*

❖ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ብትዕግሥቲ ንጉየ። *ዕብ.12፣1*

❖ እግዚኣብሔር ነቲ ዜፍቅሮ ዘበለ ይቐጽዮ። *ዕብ.12፣6*

❖ ነቶም ቃል ኣምላኽ ዚሰብኩልኩም መራሕቲ ዘክርዎም። ከመይ ኢሎም ከም ዝነበሩን ከም ዝሞቱን ኣስተውዒልኩም ኣሰር ኣሰር እምነቶም ሰዓቡ። ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለዓለም ንሱ ኢዩ። በብዓይነቱ ብዝኾነ ጋሻ ትምህርቲ ኣይትስሓቱ። *ዕብ.13፣7-9*

❖ ሓደ ካባኻትኩም ጥበብ ዝጐደሎ እንተሎ ነቲ "ንስኻ ከምዚ እንዲኻ" ኸይበለ ንኹሉ ብልግሲ ዚህብ ኣምላኽ ይለምኖ፡ ንሱ'ውን ኪህቦ ኢዩ። እቲ ዚልምን ግና ከይተጠራጠረ ብእምነት ደኣ ይለምን፡ ከመይ እቲ ዚጠራጠር ከምቲ ንፋስ ንየው ነጀው ዚደፍኦ ማዕበል ባሕሪ ኢዩ ዚመስል፡ እዚ ኸምዚ ዝበለ ሰብ ካብ ጐይታ ገለ ዚቕበል ኣይምሰሎ፡ ንሱ ኣብ ኩሉ ዕዮኡ ጽንዓት ዘይብሉ፡ ክልተ ዝልቡ ሰብኣይ ኢዩ። *ያዕ.1፣5-8*

❖ ነፍሰ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተሳሒቡን ተሓቢሉን ኢዩ ዚፍተን። ሽዑ ትምኒት ምስ ጠነሰት ንኃጢኣት ትወልዳ፡ ኃጢኣት ምስ ተፈጸመት ድማ ንሞት ትወልዳ። *ያዕ.1፣14-15*

❖ ነፍስ ወከፍ ሰብ ንምስማዕ ቅልጡፍ፡ ንምዝራብ ደንጓዩ፡ ከምኡ ውን ንኽራ ደንጓዩ ይኹን። *ያዕ.1፣19*

❖ ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ። *ያዕ.1፣22*

❖ ሓደ ሰብ ንእግዚኣብሔር ኣምልኽ ኢየ እንተ በለ፡ ንልሣኑ ግና ገቲኡ ዘይክእል እንተ ኾነ፡ ንገዛእ ርእሱ ደኣ ይጥብር ኣሎ እምበር ኣምልኾኡ ከንቱ ኢዩ። እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣቦ ንጹሕን ርኽሰት ዘይብሉን ኣምልኾ፡ ገዛእ ርእስኻ ካብ ርኽሰት ዓለም እናሓለኻ፡ ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ ግዜ ጸበባኦም ምርዳእ ኢዩ። *ያዕ.1፣26-27*

❖ ኣቱም ኣኀዋተይ! በቲ ኽቡር ጐይታ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እትኣምኑ ስለ ዝኾንኩም ኣድልዎ ኣይትግበሩ። .... *ያዕ.2፣1-3*

❖ ንብዘሎ እቲ ሕጊ ሓልዩ ኣብ ሓንቲ ዚብድል፡ ብኹሉ ኢዩ በደለኛ ዚኸውን። *ያዕ.2፣10*

❖ ኣጎዋተይ! ሓደ ሰብ እምነት ኣላትኒ እንተ በለ ምግባር ግና ካብ ዘይትህልዎ እንታይ ትጠቕሞ፧ እዛ እምነት እዚኣዶ ከተድኅኖ ትኽእል ኢያ፧ ኃው ወይ ኃብቲ እንተ ዓረቕ፡ ናይ ዕለት ምግቢ ውን እንተ ሰኣኑ፡ እሞ ሓደ ካባኻትኩም ንሥጋኦም ዜድሊ ከይሃበ "ብሰላም ኪዱ፡ ሙቑ፡ ጽገቡ" እንተ በሎም እንታይ ይጠቅም። ከምኡ ኽኣ እምነት ምግባር እንተ ዘይብላስ ንርእሳ ምውትቲ ኢያ። ....ንስኻ ኣምላኽ ሓደ በይኑ ከም ዝኾነ ትኣምን ኣሎኻ፡ ጽቡቕ! ኣጋንንቲ'ውን ይኣምኑን ይርዕዱን ኢዮም። ግናኸ ኣታ ዓሻ ሰብ እምነት ብዘይ ግብሪ ፍረ ዘይብላ ምኻና ኽትፈልጥዶ ትደሊ ኢኻ፧ ኣብርሃም ኣቦና ንይስሓቕ ወዱ ኣብ መሠውዒ ምስ ኣቕረቦ ብግብሩዶ ኣይጸደቐን፧ እምነት ምስ ግብሪ ኾይና ከም ዝዓየየት፡ ከምኡ ውን ብግብሪ ገይራ ምልኣት ከም ዝረኸበት ትርኢ ኣሎኻ።.... እምበኣርከስ ሥጋ ብዘይ መንፈስ ምውትቲ ከም ዝኾነት እምነት'ውን ብዘይ ግብሪ ምውትቲ ኢያ። *ያዕ.2፣14-26*

❖ ...ልዛን ውን ሓዊ ኢያ፡ ናይ ክፍኣት ዓለም ኢያ፡ እታ ንምሉእ ሰብነት እትምርዝ ክፍሊ ኣካላት፡ ንምሉእ ጉዕዞ ናይ ሕይወት'ውን እተቃጽል ኢያ።... ንልዛን ግን ካብ ደቂ ሰብ ኪገዝኣ ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን።... ብኣኣ ጌርና ንገሥይታናን ነቦናን ነመስግን፡ ብኣኣ ጌርና'ውን ነቶም ብአምሳል ኣምላኽ ዝተፈጥሩ ሰባት ንረግም። ካብ ሓደ ኣፍሲ ምስጋናን መርገምን ይወጽእ። ኣጎዋተየ! እዚ ኽምዚ ኪኸውን ኣይግባእን ኢዩ።

ዔላዶ ካብ ሓንቲ ዓይኒ፡ ጥዑም ማይን፡ መሪር ማይን ትፍልፍል ኢያ፤ *ያዕ.3፣5-12*

❖ እቲ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ ውግእን ባእስን ካበይ ድዩ ዚመጽእ ዘሎ፤ ካብቲ ኣብ ውሽጥኹም ኮይኑ ዚዋጋእ ዘሎ ፍትወት ሥጋኹምዶ ኣይኮነን፤ ሃረር ትብሉ ስለ ዘይረኽብኩም ከኣ ትቐትሉ። ክፉእ ትምነዩ ሓንቲ እኳ ክትረኽቡ ስለ ዘይከኣልኩም ትበኣሱን ትዋግኡን፡ ንኣምላኽ ስለ ዘይለመንኩም ድማ የብልኩምን። ንፍትወት ሥጋኹም ከተርውዩ ኢልኩም ብኽፉእ ሓሳባት ስለ እትልምኑ ኣይትቐበሉን። ኣቱም ከሓድቲ! ንዓለም ምፍቃር ንኣምላኽ ምጽላእ ከም ዝኾነዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፤ እቲ ዓርኪ ዓለም ኪኸውን ዚደሊ ሰብ፡ ጸላእ ኣምላኽ ይኸውን። *ያዕ.4፣1-4*

❖ እምበኣርሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ፡ ንዲያብሎስ ግና ተጻረርዎ፡ ንሱ ኸኣ ካባኻትኩም ኪሃድም ኢዩ፡ ንኣምላኽ ቅረብዎ ንሱ'ውን ኪቐርበኩም ኢዩ። *ያዕ.4፣7-8*

❖ እቲ ኼድሕንን ኬጥፍእን ዚኽእል፡ ሓጋግ ሕግን ፈራድን ሓደ ንሱ ኢዩ። ንስኻ ደኣ ኣብ ብጻይካ እትፈርድ እንታዋይ ኢኻ፤ *ያዕ.4፣12*

❖ "ጐይታ እንተ ፈቒድዎ ብሕይወት ክነብር ኢና። ከምዚ ወይ ከምቲ ኽንገብር ኢና" ኢዩ ኽትብሉ ዚግብኣኩም ኔሩ፡ ሕጂ ግና ትጀሃሩን ትምክሑን ኣሎኹም፡ ከምዚ ዝበለ ትምክሕቲ ኹሉ ከኣ ክፉእ ኢዩ፡ እምበኣርከስ እቲ ኺገብሮ ዚግብኣ ሠናይ ነገር ዚፈልጥ ግና ዘይገብሮ፡ ንሱ ኃጢኣተኛ ኢዩ። *ያዕ.4፣15-17*

❖ ኣይትምሓሉ፡ ብምድሪ ኾነ ብሰማይ ወይ ብኻልእ ነገር ኣይትምሓሉ፡ ኣብ ትሕቲ ፍርዲ እግዚኣብሔር ከይትወድቁ ድማ እቲ እወኹም እወ፡ እቲ ኣይኮነን ዝበልኩምዎ ኾኣ ኣይኮነን ይኹን። *ያዕ.5፡12*

❖ ኣብ ማእከልኩም ዝጸበቦ እንተሎ ይጸሊ፡ ሕጉስ እንተሎ ይዘምር። ኣብ ማእከልኩም ዝሓመመ እንተሎ ንመራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ይጸውዕ፡ ንሳቶም ከኣ ብስም ጐይታ ብዘይቲ እናቕብኡ ይጸልይሉ። እታ ብእምነት ዝተገብረት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተሕውዮ ኢያ። ጐይታ ውን ኬተንሥኦ ኢዩ። ኃጢኣት ገይሩ እንተ ኾይኑውን ኪኅደገሉ ኢዩ። *ያዕ.5፣13-15*

❖ ጸሎት ጻድቕ ብግብራ ብዙሕ ተስልጥ ኢያ። ኤልያስ ከማና ሰብ ኢዩ ዝነበረ፡ ዝናም ከይዘንም ጸሎት ገበረ፡ ሠለስተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሃን ከኣ ኣብ ምድሪ ዝናም ኣይዘነመን። ከም ብሓድሽ ድማ ጸለየ፡ ሰማይ ከኣ ዝናም ሃበ፡ ምድሪውን ፍሪኣ ሃበት። *ያዕ.5፣16-18*

❖ እቲ ንስኻትኩም ኣብ ጸሎት "ኣቦ" ኢልኩም እትጽውዕዎ፡ ንነፍስ ወከፍ ከከም ግብሩ ብዘይ ኣድልዎ ስለ ዚፈርድ፡ ኣብዚ ዘመን ግሽንትኩም ብፍርሃት ንበሩ። ከመይ... ብኽቡር ደም ክርስቶስ ኢኹም ዝደሓንኩም እምበር ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይ ብወርቂ ኽም ዘይኮነ ትፈልጡ ኢኹም። *1ጴጥ.1፣17-19*

❖ ንኣምላኽ ፍርህዎ፡ ንንጉሥ ኣኽብርዎ። *1ጴጥ.2፣17*

❖ በደል እናገበርኩም መውቃዕቲ እንተ ተዓገሥኩም እንታይ ሓበን ኣለዎ፧ ሠናይ እናገበርኩም መከራ እንተ ተዓገሥኩም ግና እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል ኢዩ። ንስኻትኩም ውን ነዚ ኢኹም ዝተጸዋዕኩም። ክርስቶስ ድማ ኣሰር ኣሰሩ ምእንቲ ክትስዕቡ ኢሉ ምእንታኻትኩም መከራ ተቐበለ፡ ኣርኣያ'ውን ኃደገልኩም። *1ጴጥ.2፣20-21*

❖ እቲ ሕይወት ዚፈቱ፡ ጽቡቕት መዓልታት ከኣ ኽረኢ ዚደሊ፡ ልሳኑ ኻብ ክፉእ ከናፍሩ'ውን ተንኪል ከይዛረባ ይኽልክል። ካብ እከይ ይርሓቕ፡ ሠናይ ከኣ ይግበር፡ ንሰላም ይድለያን ይስዓብን። *1ጴጥ.3፣10-11*

❖ ኣዕይንቲ እግዚኣብሔር ናብ ጻድቃን ኢየን ዚርእያ፡ ኣእዛኑ'ውን ናብ ጸሎቶም ኢየን። *1ጴጥ.3፣12*

❖ ንዚሓተኩም ዘበለ ምላሽ ምሃብ ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ኽሉ ሣዕ ድልዋት ኩኑ። *1ጴጥ.3፣15*

❖ ክርስቶስ ሓንሳእ ንሓዋሩ ምእንቲ ኃጢኣት ሞተ፡ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኬቕርበና ጻድቕ ከሎ ምእንቲ እቶም ኃጥኣን ሞተ፡ ብሥጋ ሞተ ብመንፈስ ግና ሕያው ኮነ፡ በዚ መንፈስ እዚ ውን ከይዱ ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝነበሩ ነፍሳት፡ ድኅነት ሰበኽሎም።.... ንሱ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣምላኽ ኣሎ፡ መላእኽትን ሥልጣናትን ኃይልታትን ይግዝእዎ ኣለዉ። *1ጴጥ.3፣18-22*

❖ ደጊም እቲ ብዕብዳን፡ ብፍትወት ሥጋ፡ ብስኽራን፡ በጓይላ፡ ዓቕን ብዘይብሉ መስተ፡ ብዜጸይፍ ኣምልኾ ጣዖት ክትነብሩ ከሎኹም ከምቲ ኣሕዛብ ዚደልይዎ እናገበርኩም ዘሕለፍክምዎ ዘመን ይኣክል። *1ጴጥ.4፣3*

❖ ፍቕሪ ብዙሕ ኃጢኣት ትኸድን ኢያ እሞ፡ ቕድሚ ኹሉ ንሓድሕድኩም ብምሉእ ልቢ ተፋቕሩ። ብዘይ ምዕዝምዛም ተቐበልቲ ጋሻ ኹኑ። *1ጴጥ.4፣8-9*

❖ ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተ ተጸረፍኩም፡ እቲ ኽቡር መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ስለ ዝሓድር ተሓጐሱ። *1ጴጥ.4፡14*

❖ ኑቲ ኣምላኽ ዝሃበኩም መጓሰ ጓስይዎ። እንተኾነ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ብፍታው እምበር ብግዲ ኣይኹን፡ ብጽቡቕ ድላይ እምበር ንኽንቱ ረብሓ ኣይኹን። ኑቲ መጓሰ ኣርኣያ ደኣ ኹንዎ እምበር፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝተዋህቡኹም ጐይቶት ኣይትኹኑ። እቲ ሓለቓ ጓሶት ምስ ተገልጸ ድማ ዘይጽምሉ ኣኽሊል ክብሪ ኽትቅበሉ ኢኹም። *1ጴጥ.5፡2-4*

❖ ኣቱም መንእሰይ ነቶም ዚዓብዩኹም ተገዝእዎም። ኣምላኽ ንዕቡያት ይመዓቶም ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም። *1ጴጥ.5፣5*

❖ ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጠ ደልዩ ከም ዚጓዝም ኣንበሳ ይዘውር ኣሎ እሞ ተጠንቀቑ፡ ንቐሑ። *1ጴጥ.5፣8*

❖ ቅድሚ ኹሉ ነቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዘሎ ትንቢት፡ ሓደ ብናይ ገዛእ ርእሱ ኣትሓሳስባ ኪትርጉሞ ኸም ዘይክእል ፍለጡ። ከመይ ትንቢት፡ ቅዱሳን ሰባት ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ ዝተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ መጺኡ ኣይፈልጥን ኢዩ። *2ጴጥ.1፣20-21*

❖ ኣብ እግዚኣብሔር ሓንቲ መዓልቲ ከም ሽሕ ዓመት፡ ሽሕ ዓመት'ውን ከም ሓንቲ መዓልቲ ምኻኑ።እዛ ሓንቲ ነገር እዚኣ ኣይትረስዑ፣ *2ጴጥ.3፣8*

❖ ጐይታስ ኩላቶም ናብ ንስሓ ኪበጽሑ እምበር፡ ሓደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገሥ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዚድንኑ ዚመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጉዮን ኢዩ። *2ጴጥ.3፣9*

❖ መዓልቲ ጐይታ ግና ኸም ሰራቒ ኮይና ኽትመጽእ ኢያ፡ ሽዑ ሰማያት ጥዋዕዋዕ እናበለ ኺኃልፍ ኢዩ፡ ፍጥረት ሰማይ ብሓዊ ነዲዱ ኪመክኽ ኢዩ፡ ምድርን ኩሉ ኣብኣ ዘሎ ነገርን ኪነድድ ኢዩ። እዚ ኹሉ ከምዚ ኢሉ ዚጠፍእ ካብ ኮነ፡ እንታይ ዝዓይነቶም ሰባት ኢኹም ክትኮኑ ዚግብኣኩም፧ ነታ

ኣምላኽ ዝመጸላ መዓልቲ እናተጸቤኹምን እናኣቀላጠፍኩምን ብቕዱስ ሕይወትን ብፍርሃት እግዚኣብሔርን ክትነብሩ ኢዩ ዚግብኣኩም።... ንሕና ግና ከምቲ ተስፋኡ ጽድቂ ዚነብረሉ ሓድሽ ሰማይን፡ ሓድሽ ምድርን ንጽበ ኣሎና። *2ጴጥ.3፣10-13*

❖ ...ኣብኡ ንምርዳኡ ዜሸግር ኃያሎ ነገር ኣሎ፡ እቶም ደናቕርን ዘይጽኑዓትን ከኣ ከምቲ ነቲ ቕዱሳት መጻሕፍቲ ዚጠዋውይዎ፡ ንጥፍኣት ገዛእ ርእሶም ይጠዋውይዎ ኣለዉ። *2ጴጥ.3፣16*

❖ እግዚኣብሔር ብርሃን ኢዩ፡ ኣብኡ ኽኣ ጸልማት ዚብልዎ ኩቶ የልቦን። “ምስኡ ሕብረት ኣለና” እናበልና ኣብ ጸልማት እንተ ነበርና ንሕሰ። ሓቂውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና። ...ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ውን ካብ ኩሉ ኃጢኣትና የንጽሓና ኢዩ። ኃጢኣት የብልናን እንተ በልና፡ ንገዛእ ርእስና ንጥብር ኣሎና፡ እታ ሓቂ’ውን ኣባና የላን። ኃጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ኣምላኽ እሙንን ጻድቕን ስለ ዝኾነ፡ ንኃጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፡ ካብ ኩሉ በደልና’ውን ኬንጽሓና ኢዩ። *1ዮሐ.1፣5-9*

❖ እቲ "ኣብ ኣምላኽ እነብር ኣሎኹ" ዚብል፡ ከምቲ ኢየሱስ ዝነበሮ ኽነብር ይግብኣ። *1ዮሐ.2፣6*

❖ ንዓለምን ነቲ ኣብኡ ዘሎን ኣይትፍተውዎ፡... ዓለምን እቲ ኹሉ ፍትወታን ኃላፋይ ኢዩ። እቲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና ንዘለዓለም ይነብር። *1ዮሐ.2፣15-17*

❖ ኣቱም ደቀየ! ብግብርን ብሓቅን እምበር፡ ብቓልን ብልሳንን ኣይንፋቐር። 1ዮሓ.3፣18

❖ ኣቱም ደቀየ! ብዙሓት ሓሰውቲ ነቢያት ናብ ዓለም ተዋፊሮም ኣለዉ እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ካብ ኣምላኽ እንተ ኾይኖም መርምሩ እምበር፡ ንመንፈስ ዘበለ ኹሉ ኣይትእመንዎ። *1ዮሓ.4፣1*

❖ ነቲ ዝረኣዮ ኃዉ ዘየፍቀሮስ፡ ነቲ ዘይረኣዮ ኣምላኽ ኬፍቅሮ ኣይከኣሎን ኢዩ እሞ፡ ንኃዉ እናጸልኦስ "ንኣምላኽ አፍቅሮ ኢየ" ዚብል እንተሎ ንሱ ሓሳዊ ኢዩ። እቲ ኻብኡ ዝተቐበልናዮ ትእዛዝ "እቲ ንኣምላኽ ዜፍቅሮ ንኃዉ ድማ የፍቅሮ" ዚብል ኢዩ። *1ዮሓ.4፣20-21*

❖ ንኣምላኽ ምፍቃር ማለት ትእዛዛቱ ምሕላው ማለት ኢዩ፡ ትእዛዛቱ ኸኣ ከቢድ ኣይኮነን። *1ዮሓ.5፣3*

❖ እቲ ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ዚነብር ሰብ፡ ሕይወት ኣላቶ። እቲ ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ዘይነብር ሰብ፡ ሕይወት የብሉን። *1ዮሓ.5፡12*

❖ እቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ኸም ዚሰምዓና ስለ እንፈልጥ ድማ እቲ ኻብኡ ዝለመንናዮ ድሮ ከም ዝረኸብናዮ ንፈልጥ ኢና። *1ዮሓ.5፡15*

❖ ፍቕሪ ማለት ትእዛዛት ኣምላኽ እናፈጸምካ ምንባር ማለት ኢዩ፡ ከምቲ ካብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዎ፡ እቲ ትእዛዝ "ብፍቕሪ ንበሩ" ዚብል ኢዩ። *2ዮሓ.1፣6*

❖ ኣታ ፍቁረይ! ነቲ ሠናይ ደኣ እምበር ነቲ እኩይሲ ኣይትስዓቦ፡ እቲ ሠናይ ዚገብር ካብ ኣምላኽ ኢዩ። *3ዮሓ.1፣11*

❖ ግናኸ ሚካኤል ሊቀ መላእኽቲ'ውን ብዛዕባ ሬሳ ሙሴ ኪከራኸር ከሎ፡ "እግዚኣብሔር ይግናሕካ" ደኣ በሎ እምበር ብጸርፊ ኪኸውንኖ ኣይደፈረን። *ይሁዳ.1፣9*

❖ ንስኻትኩም ግና ኣቱም ፍቁራተይ፡ ነቲ እቶም ሓዋርያት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቐዲሞም ዝተዛረብዎ ዘክሩ። *ይሁዳ.1፣17*

❖ እቲ ነዚ መጽሓፍ ትንቢትዚ ዜንብብ ብፁዕ ኢዩ፡ እቶም ዝሰምዕዎን ነቲ ኣብኡ ተጻሒፉ ዘሎ ዚሕልውዎን እውን ብፁዓን ኢዮም። *ራእይ.1፣3*

❖ እንሆ ብደመና ይመጽእ ኣሎ፡ ኵሎም ሰብ እቶም ዝወግእዎ'ውን ከይተረፈ ኪርእይዎ ኢዮም። ብዘለዉ ዓሌታት ምድሪ ድማ ብእኡ ኪበኽዩ ኢዮም። እወ፡ ኣሜን። *ራእይ.1፣7*

❖ እቲ ዘሎን፡ ዝነበረን፡ ዚመጽእን፡ ኩሉ ዚኽእል እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ "ኣልፋን ኦሜጋን ኣነ ኢየ" ይብል ኣሎ። *ራእይ.1፣8*

❖ ክሣዕ ሞት እሙን ኩን፡ ኣነ ድማ ኣኽሊል ሕይወት ኪህበካ ኢየ። *ራእይ.2፣10*

❖ ደጊም እንታይ ከም ዝተመሃርካን ከም ዝሰማዕካን ዘክር፡ ሓልዎ፡ ተነሳሕ'ውን። እንተ ዘይነቓሕካ ግና ከም ሰራቒ ክመጸካ ኢየ፡ በየነይቲ ሰዓት ከም ዝመጸካ ውን ኣይትፈልጥን ኢኻ። *ራእይ.3፣3*

❖ ኣነ ነቶም ዘፍቅሮም ዘበሉ እገንሖምን እቀጽየምን ኢየ። ደጊም ንቓሕ እሞ ተነሳሕ። *ራእይ.3፣19*

❖ እንሆ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፊተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኣብ መኣዲ ክቕመጥ ኢየ፡ ንሱ'ውን ምሳይ ኪቕመጥ ኢዩ። *ራእይ.3፣20*

❖ ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን፡ ኣብ ነፍስ ወከፍ መኣዝኡ፡ ብቕድሚኦምን ብድሕሪኦምን ኣዕይንቲ ዝመልኦም ኣርባዕተ እንስሳ ኣለዉ። እቲ ቐዳማይ እንስሳ ኣንበሳ ይመስል። እቲ ካልኣይ እንስሳ ብዕራይ ይመስል። እቲ ሳልሳይ እንስሳ ኸኣ ገጽ ሰብ ዝመስል ገጽ ኣለዎ። እቲ ራብዓይ እንስሳ ድማ ዚነፍር ንስሪ ይመስል። እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ድማ ነፍስ ወከፎም ሸሸዱሸተ ኽንፊ ኣለዎም። ብዙርያኦምን ብውሽጦምን ከኣ ኣዕይንቲ ዝመልኦም ኢዮም፡ ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ድማ "ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ ኩሉ ዚኽእል እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝነበረን ዘሎን ዝመጽእን" ይብሉ ነበሩ። *ራእይ.4፡6-10*

❖ በተን መዓልታት እቲኣን ሰባት ንሞት ኪደልይዋ እሞ ከኦ ኣይኪረኽብዋን ኢዮም። ሙማትውን ኪምነዩ ኢዮም፡ ሞት ግና ኻብኣቶም ኪሃድም ኢዩ። *ራእይ.9፣6*

❖ እታ ኣብ ሰማይ ዘላ መቕደስ ኣምላኽ ከኣ ተኸፍተት፡ ኣብታ መቕደስ ኣምላኽ ውን ታቦት ኪዳኑ ተራእየ። *ራእይ.11፡19*

❖ እታ ሰበይቲ ድማ ሽሕን ክልተ ሚእትን ስሳን መዓልቲ ኪከናኸንዋ፡ ናብቲ ኣምላኽ ዘዳለወላ ቦታ ናብ ምድረ በዳ ሃደመት። ኣብ ሰማይ ከኣ ውግእ ኾነ፡ ሚካኤልን መላእኽቱን ከኣ፡ ነቲ ገበል ተዋግእዎ፡ እቲ ገበልን መላእኽቱን ድማ ተዋግእዎም፡ እንተኾነ እቲ ገበልን መላእኽቱን ተሳዕሩ፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዝነበረ ቦታኦም ኣጥፍኡ። እቲ ንብዘላ ዓለም ዘስሓታ ዓቢይ ገበል ተደርበየ፡ ንሱ እቲ ዲያብሎስ ወይ ሰይጣን ዚብሃል ናይ ጥንቲ ተመን ኢዩ። ናብ ምድሪ ተደርበየ፡ መላእኽቱ'ውን ምስኡ ተደርበዩ። *ራእይ.12፣6-9*

❖ ብድጎሪ እዚ ዓቢይ ፃዕዳ ዝፋንን፡ ነቲ ኣብኡ ዝተቐመጠን ረኣኹ። ምድርን ሰማይን ካብ ገጹ ሃደሙ፡ ኣሠር ዘይብሎምውን ጠፍኡ፡ ምውታት ድማ ዓበይትን ናኣሽቱን ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ደው ኢሎም ረኣኹ። መጻሕፍቲ'ውን ተገንጸሉ፡ መጽሓፍ ሕይወት ዝ'ኾነ ካልእ መጽሓፍ'ውን ተገንጸለ፡ እቶም ምውታት ድማ ከምቲ ኣብቲ መጽሓፍ ተጽሒፉ ዝጸንሐ፡ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ባሕሪ ድማ ነቶም ኣብኣ ዘለዉ ምውታት ሃበት። ሞትን ሲኦልን'ውን ኣብኣቶም ዘለዉ ምውታት ሃቡ። ነፍስ ወከፎም ድማ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ሞትን ሲኦልን ውን ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበዩ። ቀላይ ሓዊ ማለት ካልኣይ ሞት ኢዩ፡ ስሙ ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ተጻሒፉ ዘይተረኽበ ዘበለ ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበየ። *ራእይ.20፣11-15*

❖ ኢየሱስ ከኣ “እንሆ ቐልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ፡ ንነፍስ ወከፍ ከከም ግብሩ ኽፈድዮ ዓስቢ ምሳይ ኣሎ። ኣልፋን ኦሜጋን፡ ቀዳማይን ዳሕራይን፡ መጀመርታን መወዳእታን፡ ኣነ ኢየ።” በለ። *ራእይ.22፡12-13*

❖ ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ምስ ኩላቶም ቅዱሳን ይኹን፡ ኣሜን! *ራእይ.22፣21*

ሸውዓተ ኣጽዋማት፦

1. **ጸመ ነቢያት፦** ካብ 15 ሕዳር ክሳብ ድሮ ልደት።

2. **ጸመ ነነዌ፦** ሠለስተ መዓልቲ (ቅድሚ ጸመ ኣርባዓ ክልተ ሰሙን)።

3. **ጸመ ገሃድ፦** ድሮ ልደትን ጥምቀትን።

4. **ጸመ ኣርብዓ፦** ሓምሳን ሓሙሽተን መዓልቲ።

5. **ጸመ ዓርበ ሮቡዕ፦** ብዘይካ ዘበነ ትንሣኤ 50 መዓልቲ፡ ኩሉ ግዜ ዚጽወም።

6. **ጸመ ሓዋርያት፦** ካብ ጽባሕ በዓለ መንፈስ ቅዱስ ክሳብ 4 ሓምለ።

7. **ጸመ ፍልሰታ፦** ካብ 1 ነሓሰ ክሳብ 15 ነሓሰ።

***ኣስተውዕል ልደትን ጥምቀትን ኣብ ረቡዕን ዓርብን እንተ ወዓለ ይብላዕ ኢዩ።**

ሓሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢር፦

1. **ምሥጢረ ሥላሴ**

2. **ምሥጢረ ሥጋዌ**

3. **ምሥጢረ ቀዱባን**

4. **ምሥጢረ ጥምቀት**

5. **ምሥጢረ ትንሣኤ ሙታን**

ሸውዓተ ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን፦

1. **ጥምቀት**

2. **ሜሮን**

3. **ቁርባን**

4. **ንስሓ**

5. **ተኽሊል**

6. **ክህነት**

7. **ቀንዲል**

ትሽዓተ ዓበይቲ በዓላተ ወልድ፡-

1. **ትስብእት፡ 29 መጋቢት፡ ጐይታ ዝተፀንሰሉ።** *ሉቃ.1፡26-39*

2. **ልደት፡ 29 ታሕሣስ፡ ጐይታ ዝተወልደሉ።** *ሉቃ.2፡1-13*

3. **ጥምቀት፡ 11 ጥሪ፡ ጐይታ ዝተጠምቀሉ።** *ማቴ.3፡13-17*

4. **ደብረ ታቦር፡ 13 ነሓሰ፡ ጐይታ መለኮቱ ዘርኣየሉ።** *ማቴ.17፡1-9*

5. **ሆሣዕና፡ ጐይታ ንግሥናቱ ዘርኣየሉ።** *ማቴ.21፡1-12*

6. **ዓርቢ ስቅለት፡ ጐይታ ዝተሰቐለሉ።** *ማቴ.27፡32-57*

7. **ትንሣኤ፡ ጐይታ ዝተንሥኣሉ።** *ማቴ.28፡1-9*

8. **ዕርገት፡ ካብ ትንሣኤ 40 መዓልቲ (ሓሙስ) ፡ ጐይታ ንሰማይ ዝዓረገሉ።** *ሉቃ.24፡50-53*

9. **በዓለ መንፈስ ቅዱስ፡ ካብ ትንሣኤ 50መዓልቲ፡ መንፈስ ቅዱስ ንሓዋርያት ዝወረደሉ።** *ግሓ.2፡1-5*

ትሸዓተ ናኣሽቱ በዓላተ ወልድ፡-

1. **ስብከት፡** ካብ 7-13 ታሕሣስ ዘሎ ሰንበት

2. **ብርሃን፡** ቀጺሉ ዘሎ ሰንበት

3. **ኖላዊ፡** ቀጺሉ ዘሎ ሰንበት

4. **ጌና፡** 28 ታሕሣስ

5. **ግዝረት፡** 6 ጥሪ

6. **በዓለ ስምዖን፡** 8 የካቲት

7. **ደብረ ዘይት፡** ፍርቂ ጾመ ኣርብዓ ዘሎ ሰንበት

8. **ቃና ዘገሊላ፡** 12 ጥሪ

9. **መስቀል፡** 10 መጋቢት (17 መስከረም)

ኣብ ጸመ ኣርባዓ ዘለዋ ሰናብቲ፦

1. ዘወረደ። ድሮ ጸም ዘላ ሰንበት። *ዮሓ.3፡10-25*

2. ቅድስቲ። *ማቴ.6፡16-25*

3. ምኽራብ። *ዮሓ.2፡12-ፍጻሜ*

4. መፃጉዕ። *ዮሓ.5፡1-25*

5. ደብረ ዘይት። *ማቴ.24፡1-36*

6. ገብር ኄር። *ማቴ.25፡14-31*

7. ኒቆዲሞስ። *ዮሓ.3፡1-12*

8. ሆሣዕና። *ማቴ.21፡1-18, ማር.11፡1-13, ሉቃ.19፡28-ፍጻሜ, ዮሓ.12፡12-20*

9. ትንሣኤ (ፋሲካ) ። *ማቴ.28፡1-ፍጻሜ, ማር.16፡1-ፍጻሜ, ሉቃ.24፡1-13, ዮሓ.20፡1-19*

ሥርዓት ጸሎት 7 ጊዜያት

ሓደ ክርስቲያን ኣብ መዓልቲ ሸውዓተ ጊዜ ክጽሊ ይግብኦ። ዝርዝሩ ድማ፡-

1ይ ሰዓት 7፡00 ቅ.ቀ. (ኽትትንሥእ ከለኻ)

2ይ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ.

3ይ ሰዓት 12፡00 ድ.ቀ. (ፍርቂ መዓልቲ)

4ይ ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ.

5ይ ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ.

6ይ ሰዓት 9፡00 ድ.ቀ. (እዋን ድቃስ)

7ይ ሰዓት 12፡00 ቅ.ቀ. (ፍርቂ ለይቲ)

እዚ ድማ ኩሉ ምሥጢር ዘለዎን፡ ነናቱ መዘከርታ ዝሓዘ ኢዩ።

1. ነግህ ፡- 7፡00 ቅ.ቀ. ካብ ጸልማት ለይቲ ኣውጺእካ ናብ ብርሃን መዓልቲ ዘብጻሕካና ምስጋና ንዓኻ ይኹን፡ ዝብል ከኽዉን ከሎ፡ ኣቦ ኹሉ ፍጥረት ኣዳም ዝተፈጥረሉ ሰዓት፡

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣይሁድ ተታሒዙ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ዝቐመሉ ሰዓት ኢዩ።

2. ሰለስት ፦ 9፡00 ቅ.ቀ. ኣደ ኩሉ ፍጥረት ሔዋን ካብ ጎድኒ ኣዳም ዝተፈጥረትሉ፡ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ብቓል መልኣኽ ዝተበሠረትሉ፡ ንሓዋርያት ኣብ ጽርሓ ጽዮን መንፈስ ቅዱስ ዝወረደሎም ብናይ ኩሉ ዓለም ቋንቋታት ዝተዛረቡሉ ሰዓት ኢዩ።

3. ሰድስቱ (ቀትር) ፦ 12፡00 ድ.ቀ. (ፍርቂ መዓልቲ) ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንድሕነት ዓለም ዝተሰቐለሉ፡ ፀሓይ ዝጸልመተሉ፡ ወርሒ ደም ዝኸነሉ ሰዓት ኢዩ።

4. ተስዓቱ ፦ 3፡00 ድ.ቀ. መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድስት ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ዝፈለየሉ፡ ሥጋኡ ኣብ መስቀል ከሎ ብኣካለ ነፍሲ ነቶም ኣብ ሲኦል ዝነበሩ ነፍሳት ድሕነት ዝኣውጀሉ ሰዓት ኢዩ።

5. ሠርክ ፦ 5፡00 ድ.ቀ. ጐይታ ዝተቐብረሉ፡ ናይ ምጽኣትን መወዳእታ ዓለምን ምሳሌ ብምኻኑ ቅዱሳን ምእመናን ናይ ሠናይ ግብሪ ዓስቦም ዝቐበሉሉ ሰዓት ኢዩ።

6. ንዋም ፦ 9፡00 ድ.ቀ. ናይ መዓልቲ ተግባርና ኣፈጻምካ ናብ ዕረፍቲ ንዋም ዘብጻሕካና ምስጋና ይኹንካ ምባል ኢዩ።

7. መንፈቀ ሌሊት ፡- 12፡00 ቅ.ቀ. (ፍርቂ ለይቲ) መርዓዊ ክርስቶስ ዝመጸሉ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሙታን ዝተንሥኣሉ ሰዓት ስለ ዝኾነ ኢዩ።

እምበኣር ነዚ ዝተጠቕሰ እናዘከርካ በብሰዓቱ 12 ኣቡነ ዘበሰማያት ክድገም ተኣዚዙ ኣሎ። በብሰዓቱ ከተብጽሖ ዘይትኽእል እንተኾንካ ኣብ ግዜ ምድቃስካን ምትንሣእካን፡ መግቢ ቅድሚ ምብላዕካን ድሕሪ ምብላዕካን፡ ሥራሕ ወይ ትምህርቲ ኣብ እትወፍረሉ ጊዜ ጸሎት ከተብጽሕ ናይ ቤተ ክርስቲያንና ትእዛዝ ኢዩ። "ስብዓ ለዕለትየ እሴብሓከ..." "ስለ ጽድቂ ፍርድኻ ኣብ መዓልቲ ሸውዓተ ጊዜ ኣመስግነካ ኣለኹ።" ይብል መዝ.119፡164.

ፊደላት ግዕዝ (ትግርኛ)፡-

ሀ	ሁ	ሂ	ሃ	ሄ	ህ	ሆ
he	hu	hi	ha	hie	h	ho
ለ	ሉ	ሊ	ላ	ሌ	ል	ሎ
le	lu	li	la	lie	l	lo
ሐ	ሑ	ሒ	ሓ	ሔ	ሕ	ሖ
He	Hu	Hi	Ha	Hie	H	Ho
መ	ሙ	ሚ	ማ	ሜ	ም	ሞ
me	mu	mi	ma	mie	m	mo
ሠ	ሡ	ሢ	ሣ	ሤ	ሥ	ሦ
se	su	si	sa	sie	s	so
ረ	ሩ	ሪ	ራ	ሬ	ር	ሮ
re	ru	ri	ra	rie	r	ro
ሰ	ሱ	ሲ	ሳ	ሴ	ስ	ሶ
se	su	si	sa	sie	s	so
ሸ	ሹ	ሺ	ሻ	ሼ	ሽ	ሾ
she	shu	shi	sha	shie	sh	sho
ቀ	ቁ	ቂ	ቃ	ቄ	ቅ	ቆ
qe	qu	qi	qa	qie	q	qo
ቐ	ቑ	ቒ	ቓ	ቔ	ቕ	ቖ
Qe	Qu	Qi	Qa	Qie	Q	Qo

በ	ቡ	ቢ	ባ	ቤ	ብ	ቦ
be	bu	bi	ba	bie	b	bo
ተ	ቱ	ቲ	ታ	ቴ	ት	ቶ
te	tu	ti	ta	tie	t	to
ቸ	ቹ	ቺ	ቻ	ቼ	ች	ቾ
che	chu	chi	cha	chie	ch	cho
ኀ	ኁ	ኂ	ኃ	ኄ	ኅ	ኆ
he	hu	hi	ha	hie	h	ho
ነ	ኑ	ኒ	ና	ኔ	ን	ኖ
ne	nu	ni	na	nie	n	no
ኘ	ኙ	ኚ	ኛ	ኜ	ኝ	ኞ
gne	gnu	gni	gna	gnie	gn	gno
አ	ኡ	ኢ	ኣ	ኤ	እ	ኦ
ae	au	ai	aa	aie	e	o
ከ	ኩ	ኪ	ካ	ኬ	ክ	ኮ
ke	ku	ki	ka	kie	k	ko
ኸ	ኹ	ኺ	ኻ	ኼ	ኽ	ኾ
khe	khu	khi	kha	khie	kh	kho
ወ	ዉ	ዊ	ዋ	ዌ	ው	ዎ
we	wu	wi	wa	wie	w	wo
ዐ	ዑ	ዒ	ዓ	ዔ	ዕ	ዖ
Ae	Au	Ai	Aa	Aie	E	O

ዘ	ዙ	ዚ	ዛ	ዜ	ዝ	ዞ
ze	zu	zi	za	zie	z	zo
ዠ	ዡ	ዢ	ዣ	ዤ	ዥ	ዦ
zje	zju	zji	zja	zjie	zj	zjo
የ	ዩ	ዪ	ያ	ዬ	ይ	ዮ
ye	yu	yi	ya	yie	y	yo
ደ	ዱ	ዲ	ዳ	ዴ	ድ	ዶ
de	du	di	da	die	d	do
ጀ	ጁ	ጂ	ጃ	ጄ	ጅ	ጆ
je	ju	ji	ja	jie	j	jo
ገ	ጉ	ጊ	ጋ	ጌ	ግ	ጎ
ge	gu	gi	ga	gie	g	go
ጠ	ጡ	ጢ	ጣ	ጤ	ጥ	ጦ
Te	Tu	Ti	Ta	Tie	T	To
ጨ	ጩ	ጪ	ጫ	ጬ	ጭ	ጮ
Che	Chu	Chi	Cha	Chie	Ch	Cho
ጰ	ጱ	ጲ	ጳ	ጴ	ጵ	ጶ
Pe	Pu	Pi	Pa	Pie	P	Po
ጸ	ጹ	ጺ	ጻ	ጼ	ጽ	ጾ
tse	tsu	tsi	tsa	tsie	ts	tso

ፀ	ፁ	ፂ	ፃ	ፄ	ፅ	ፆ
tse	tsu	tsi	tsa	tsie	ts	tso
ፈ	ፉ	ፊ	ፋ	ፌ	ፍ	ፎ
fe	fu	fi	fa	fie	f	fo
ፐ	ፑ	ፒ	ፓ	ፔ	ፕ	ፖ
pe	pu	pi	pa	pie	p	po
ቨ	ቩ	ቪ	ቫ	ቬ	ቭ	ቮ
ve	vu	vi	va	vie	v	vo

ኰ	ኩ	ኳ	ኴ	ኵ
kwe	kwi	kwa	kwie	kw
ኸ	ኹ	ኻ	ኼ	ኽ
khwe	khwi	khwa	khwie	khw
ጐ	ጉ	ጓ	ጔ	ጕ
gwe	gwi	gwa	gwie	gw
ቈ	ቁ	ቋ	ቌ	ቍ
qwe	qwi	qwa	qwie	qw
ቘ	ቑ	ቓ	ቔ	ቕ
qhwe	qhwi	qhwa	qhwie	qhw
ኈ	ኍ	ኋ	ኌ	ኍ
hwe	hwi	hwa	hwie	hw

አ ቡ ጊ ዳ...

አ	ቡ	ጊ	ዳ	ሄ	ው	ዞ
በ	ጉ	ዲ	ሃ	ዌ	ዝ	ዦ
ገ	ዱ	ሂ	ዋ	ዜ	ዧ	ሐ
ደ	ሁ	ዊ	ዛ	ገሯ	ሕ	ጠ
ሀ	ዉ	ዚ	ዣ	ሐ	ጥ	ጮ
ወ	ዙ	ገሪ	ሓ	ጤ	ጭ	የ
ዘ	ገሩ	ሒ	ጣ	ጩ	ይ	ኮ
ገሯ	ሑ	ጢ	ጫ	ዬ	ክ	ኸ
ሐ	ጡ	ጪ	ያ	ኬ	ኽ	ለ
ጠ	ጩ	ዪ	ካ	ኼ	ል	ሞ
ጨ	ዩ	ኪ	ኻ	ሌ	ም	ኖ
የ	ኩ	ኺ	ላ	ሜ	ን	ኞ
ከ	ኹ	ሊ	ማ	ኔ	ኝ	ሶ
ኸ	ሉ	ሚ	ና	ኜ	ስ	ሾ
ለ	ሙ	ኒ	ኛ	ሴ	ሽ	ያ
መ	ኑ	ኚ	ሳ	ሼ	ዕ	ፎ
ነ	ኙ	ሲ	ሻ	ዔ	ፍ	ጸ

ኘ ሱ ሿ ዓ ፌ ጽ ቆ

ሰ ሹ ዒ ሩ ጼ ቅ ሮ

ሸ ዑ ፊ ጻ ቈ ር ሦ

ዐ ፉ ጺ ቃ ሬ ሥ ቶ

ፈ ጹ ቂ ራ ሜ ት ቾ

ጸ ቁ ሪ ማ ቴ ች ኖ

ቀ ሩ ሚ ታ ቼ ጎ ጾ

ረ ሡ ቲ ቻ ጔ ጽ ፆ

ሠ ቱ ቺ ኃ ጬ ፅ ፖ

ተ ቹ ጊ ጳ ፄ ፕ ጆ

ቸ ጉ ጲ ፃ ፔ ጅ ኦ

ጎ ጹ ፂ ፓ ጇ እ ቦ

ጾ ፁ ፒ ፘ ኤ ብ ኅ

ፀ ፑ ፚ ኣ ቤ ግ ዶ

ፐ ፘ ኢ ባ ጌ ድ ሆ

ፚ ኡ ቢ ጋ ዴ ህ ዎ

ቁጽርታት ግዕዝ ምስ ንባቡ

፩	1	ኣሓዱ
፪	2	ክልኤቱ
፫	3	ሠለስቱ
፬	4	ኣርባዕቱ
፭	5	ሓምስቱ
፮	6	ስድስቱ
፯	7	ሰብዓቱ
፰	8	ሰመንቱ
፱	9	ተስዓቱ
፲	10	ዓሠርቱ
፲፩	11	ዓሠርቱ ወኣሓዱ
፲፪	12	ዓሠርቱ ወክልኤቱ
፳	20	ዕሥራ
፳፩	21	ዕሥራ ወኣሓዱ

፴	30	ሠላሳ
፵	40	ኣርባዓ
፶	50	ሓምሳ
፷	60	ስሳ
፸	70	ሰብዓ
፹	80	ሰማንያ
፺	90	ተስዓ
፻	100	ምእት
፻፩	101	ምእት ወኣሓዱ
፻፲	110	ምእት ወዓሠርቱ
፻፲፪	112	ምእት ዓሠርቱ ወክልኤቱ
፻፳	120	ምእት ወዕሥራ
፪፻	200	ክልኤቱ ምእት
፪፻፩	201	ክልኤቱ ምእት ወኣሓዱ
፪፻፲	210	ክልኤቱ ምእት ወዓሠርቱ
፪፻፲፫	213	ክልኤቱ ምእት ዓሠርቱ ወሠለስቱ

፪፻፶	250	ክልኤቱ ምእት ወሓምሳ
፪፻፺፱	299	ክልኤቱ ምእት ተስዓ ወተስዓቱ
፫፻	300	ሠለስቱ ምእት
፫፻፲፰	318	ሠለስቱ ምእት ዓሠርቱ ወሰመንቱ
፭፻	500	ሓምስቱ ምእት
፱፻፺፱	999	ተስዓቱ ምእት ተስዓ ወተስዓቱ
፲፻	1000	ዓሠርቱ ምእት
፲፻፬	1004	ዓሠርቱ ምእት ወኣርባዕቱ
፲፻፴፭	1035	ዓሠርቱ ምእት ሠላሳ ወሓምስቱ
፲፩፻	1100	ዓሠርቱ ወኣሓዱ ምእት
፲፩፻፳	1120	ዓሠርቱ ወኣሓዱ ምእት ወዕሥራ
፲፩፻፷፮	1166	ዓሠርቱ ወኣሓዱ ምእት ሰሳ ወሰድስቱ
፲፭፻	1500	ዓሠርቱ ወሓምስቱ ምእት
፲፱፻፺፰	1998	ዓሠርቱ ወተስዓቱ ምእት ተስዓ ወሰመንቱ
፳፻	2000	ዕሥራ ምእት
፳፫፻	2300	ዕሥራ ወሠለስቱ ምእት

፶፭፻ 5500 ሓምሳ ወሓምስቱ ምእት

፯፬፻፸፰ 7498 ሰብዓ ወኣርባዕቱ ምእት ተስዓ ወሰመንቱ

፼.....10,000.....እልፍ

፼፻፲፪....12,000..... እልፍ ወዕሥራ ምእት

፴፰፻፱፻፷፭....38,965.....ሠለስቱ እልፍ ሰማንያ ወተስዓቱ ምእት ስሳ ወሓምስቱ

፻፼.....100,000.....ዓሠርቱ እልፍ

፻፼፴፻፸፪....103,042.....ዓሠርቱ እልፍ ሠላሳ ምእት ኣርብዓ ወክልኤቱ

፻፬፼.....140,000.....ዓሠርቱ ወኣርባዕቱ እልፍ

፻፬፼፸፻...144,000..... ዓሠርቱ ወኣርባዕቱ እልፍ ወኣርባዓ ምእት

፴፫፼፴፫፻፴፫...333,333... ሠላሳ ወሠለስቱ እልፍ ሠላሳ ወሠለስቱ ምእት ሠላሳ ወሠለስቱ

፻፼....1,000,000.....ምእት እልፍ

፲፻፼...10,000,000.....ዓሠርቱ ምእት እልፍ


.....እልፍ.....ኣእላፍ.....ትእልፊት.....ከምኡ እናበለ ይቐጽል።

ኣነቓቒሑ ንዘጀመረኒ፡

ኣጀሚሩ ንዘፈጸመኒ፡

ልዑል እግዚኣብሔር፡ ክብርን ምስጋናን ይኹኖ።

ኣሜን።



E-mail: keshiyohannes@gmail.com